ISTITUTO ORIENTALE DI NAPOLI

ISTITUTO UNIVERSITARIO ORIENTALE
- NAPOLI -
SEMINARIO DI STUDI ASIATICI
Ufficio Pubblicazioni e Redazione
degli "ANNALI"

YAQOB BEYENE

UN OPUSCOLO CATTOLICO DI POLEMICA TEOLOGICA IN TIGRINO DEL XIX SECOLO

Supplemento n. 6 agli ANNALI - *vol. 36 (1976), fasc. 1*

NAPOLI 1976

Tipografia Don Bosco - Via Prenestina 468 - Tel. 25.82.640 - 00171 Roma

INTRODUZIONE

Come è noto, le prime dispute teologiche fra cattolici e clero ortodosso d'Etiopia risalgono al periodo in cui l'Etiopia, uscita da lunghi anni di isolamento, ebbe i suoi primi contatti con l'Occidente cristiano. I primi missionari che riuscirono ad entrare in Etiopia, verso la metà del XIII secolo, furono i Francescani. Ciò si deduce da una lettera di Alessandro IV del 1258 indirizzata ai Frati Minori « nelle terre dei Saraceni, ... Etiopi » [1]. Ai missionari francesi seguirono poi i domenicani inviati in quella terra da Giovanni XXII nel 1316 [2]. Mancano tuttavia notizie sicure circa le dispute teologiche che si sarebbero svolte al tempo dei missionari sia francescani sia domenicani.

Le prime discussioni teologiche in Etiopia risalgono al secolo XV e precisamente al tempo di Zar'a Ya'qob (1434–1478). Durante il suo regno, infatti, si ebbe la prima disputa intorno alla fede, in seguito alla quale un etiopico di nome Giyorgis di Saglā scrisse il *Maṣhafa Meṣtir* « Libro dei misteri » [3]. Più tardi, nei secoli XVI e XVII, le discussioni teologiche vennero intensificate. Con l'arrivo dei missionari, che riuscirono anche a far abbracciare il cattolicesimo al re Susenyos (1606–1632), la polemica religiosa divenne più violenta. Gli ortodossi scrissero un libello, il *Mazgaba Haymānot* « Il tesoro della fede » [4], che venne poi confutato dal padre A. Fernandez con il titolo *Maqsafta Ḥasatāt*, « La sferza delle menzogne » [5].

---

[1] Cfr. Mauro Da Leonessa, *Santo Stefano Maggiore degli Abissini*, Vaticano 1929, p. 124.

[2] Cfr. Mauro Da Leonessa, *op. cit.*, p. 130.

[3] Cfr. F. Beguinot, *La Cronaca Abbreviata d'Abissia*, Roma 1901, p. 12. Per ulteriori particolari della disputa cfr. I. Perruchon, *Les Chroniques de Zar'a Ya'qub et de Ba'eda Māryām rois d'Ethiopie de 1434 à 1478*, Paris 1893.

[4] Il *Mazgaba Haymānot* è tradotto in italiano e pubblicato in edizione critica da E. Cerulli, cfr. *Scritti Teologici Etiopici dei secoli XVI–XVII*, Città del Vaticano 1960, vol. II.

[5] Cfr. I. Guidi, *Storia della letteratura etiopica*, Roma 1932, p. 74; G. Fumagalli, *Bibliografia etiopica*, Milano 1893, p. 235, n. 2290.

Il segretario del re, Takla Sellāsē, nel 1624 compilò, per ordine del sovrano, un editto al popolo nel quale era difesa la dottrina cattolica in genere, ed in particolare le due nature in Cristo. Il clero ortodosso replicò con il libello *I Parenti di Pilato*, appellativo con il quale si designavano i Gesuiti.

Salito sul trono Fasiladas (1632) in seguito ad una feroce guerra civile provocata da queste discussioni, i Gesuiti furono espulsi dall'Etiopia, le loro opere polemiche distrutte e la fede alessandrina riconosciuta come la sola permessa in Etiopia. Le discussioni vennero riprese di nuovo nel secolo XIX con l'arrivo dei missionari lazzaristi in Etiopia e nel 1891 J. B. Coulbeaux pubblicò a Karan, in Eritrea, un opuscolo polemico in amarico col titolo *Sela Haymānot Kerker* « Disputa sulla fede » del quale abbiamo anche la traduzione tigrina col titolo *Ṣawatā Bezā'bā Haymānto* « Dialogo sulla fede » [6]. Allora il clero etiopico diede la sua risposta esplicita con un opuscolo, in amarico, intitolato *Meṣṭira Sellāsē* « Il mistero della Trinità » stampato in Addis Abeba nel 1910–11 a cura del metropolita d'Etiopia [7].

Anche l'opuscolo oggetto del nostro studio rientra in questa categoria. Esso è stato reperito da me nel seminario di 'Addigrāt ('Agāma) quando nel periodo agosto–novembre del 1972 mi recai in Etiopia con lo scopo, fra l'altro, di svolgere attività di ricerca nel settore relativo alla lingua tigrina. Il manoscritto si presenta con un formato di cm. 21 × 12, di 88 pagine aventi 23, 24 righe; la carta è di qualità ordinaria ed i caratteri, scritti a penna con inchiostro nero, sono abbastanza chiari.

L'autore del manoscritto, secondo le informazioni da me raccolte, è abba Takla Haymānot, discepolo prediletto del beato Giustino De Jacobis. Egli nacque nel 1825 a Mansāḥ ('Adwā), si recò in tenera età in 'Adwā per studiare e per prestare servizio nella chiesa di Madḥanē–'Alam « Salvatore del mondo ». Quando Giustino De Jacobis arrivò nella suddetta città egli aveva quindici anni ed entrato a far parte della piccola comunità del missionario, abbracciò la religione cattolica. Nel 1847 ricevette l'ordinazione sacerdotale dalle mani di Guglielmo Massaia a Gwal'a ('Addigrāt); nel 1854 si recò nel Bēgamedr e in seguito ad una violenta persecuzione scatenata contro i cattolici, venne arrestato a Gondar insieme ai suoi compagni e sottoposto alle torture di flagellazione. Liberato dall'imperatore

---

[6] Questo opuscolo tradotto in italiano da L. Ricci è pubblicato in *AION*, N.S. XIV, 1964 (Scritti in onore di Laura Veccia Vaglieri), pp. 475–510. La versione tigrina pubblicata a puntate nei fascicoli del mensile dei cappuccini di Asmara, 1917–1918, è opera di abba Takla-Māryām kāhsāy, nativo di 'Agāma, traduzione eseguita da lui durante il suo soggiorno a Gerusalemme.

[7] *Il Mistero della Trinità, che è un manuale di teologia della Chiesa ortodossa d'Etiopia*, è tradotto in italiano da E. Cerulli e pubblicato in *Orientalia Christiana Analecta*, XII, Roma 1946.

Teodoro dopo cieci anni di prigionia, ritornò nel Tegrāy e non si separò mai dal missionario cattolico Giustino De Jacobis fino alla morte di quest'ultimo. 'Abbā Takla Haymānot morì in Ḥalāy (Eritrea) il 4 gennaio 1902 e col consenso unanime del clero e del popolo venne sepolto dentro la chiesa del suddetto villaggio [8].

Non si sa con precisione in che epoca l'autore abbia scritto questo opuscolo: potrebbe averlo scritto subito dopo il suo ritorno da Gondar. In quel periodo infatti tutto l'Agāma era passato al cattolicesimo, compresi alcuni monaci del monastero di Gundagunda [9]. In casi simili le discussioni teologiche tra preti cattolici ed ortodossi non solo sono inevitabili ma anche interminabili in quanto questi ultimi, non vedendo di buon occhio la conversione di fedeli al cattolicesimo, adoperano tutti i mezzi possibili per impedire che ciò avvenga e per mettere in cattiva luce il cattolicesimo stesso. Quindi 'Abba Takla Haymānot che era, dal punto di vista religioso, un fanatico che non apprezzava tutto ciò che appartiene alla cultura e tradizione della Chiesa ortodossa d'Etiopia, fatta eccezione, forse, per il rito etiopico, potrebbe averlo scritto in quel periodo non solo per rispondere alle argomentazioni dei suoi avversari, ma anche per mettere a disposizione di quei cattolici poco istruiti un'arma di difesa. Un altro elemento indicativo che rafforza questa ipotesi è che il nostro opuscolo è conosciuto soltanto nella regione di 'Agāma. Se l'abba Takla Haymānot l'avesse scritto più tardi suppongo che anche il clero eritreo ne avrebbe avuto notizia.

La prima pagina reca in alto il titolo *'Ab le'li 'umataynā haymānot lezikkarāḳar ziḳon mellāš* cioè « Risposta da dare a chi discute sulla retta fede ». L'autore parla dell'esistenza di due nature in Cristo, della processione dello Spirito Santo dal Padre e dal Figlio, della spiritualità di Dio, della creazione dell'anima *ex nihilo*, dell'impossibilità di dire: la Divinità nacque e la divinità morì, dell'Incarnazione del Verbo, del peccato originale, del primato di San Pietro e dei suoi successori, delle leggi mosaiche ancora osservate in Etiopia, della comunione sotto le due specie, della indissolubilità del matrimonio, dell'unzione di Cristo e dell'uso del tabacco, in chiara opposizione con le credenze della Chiesa etiopica, e ciò facendo colloca l'opuscolo in esame nel quadro di quella mai spenta polemica tra cattolici e clero ortodosso d'Etiopia [10]. L'opuscolo è diviso in quattordici

---

[8] Cfr. Mauro Da Leonessa, *Lettere di Abba Tecle Haymanot di Adua*, Roma 1939, pp. 5–6.

[9] Cfr. P. Gimalac C.M., *Le vicariat d'Abyssinie (1839–2931)*, in *Revue d'Histoire des Missions*, 1939, pp. 4-5; S. Pane, C.M., *Vita Del Beato Giustino De Jacobis*, Napoli 1949, p. 496.

[10] Cronologicamente l'ultima polemica avvenne nel 1959, quando fu pubblicata in Asmara, con un contributo dell'ex-imperatore Hayla Sellāsē I, l'opera cattolica di abba

brevissimi capitoli, gli argomenti trattati sono ordinati secondo la loro importanza e la forma letteraria seguita dall'autore è quella a domande, formulata nella forma di obiezione secondo la consuetudine delle scuole esegetiche etiopiche, e risposta non polemica.

Ho ritenuto utile pubblicare questo testo per due ragioni: la prima di ordine linguistico: dato che la lingua tigrina, mancando di una tradizione scritta, si presenta sotto forma di vari dialetti, vicini tra loro, credo che questo testo fornirà un po' del materiale da utilizzare per lo studio delle differenze dialettali delle varie parlate e porterà pur sempre alcuni ulteriori elementi alla conoscenza della lingua tigrina. L'opuscolo infatti è scritto nel dialetto tigrino delle province di 'Adwā e 'Agāma, fatta eccezione per il pronome relativo *ze* « che », che l'autore preferisce usare evitando accuratamente il corrispondente *le* che è un elemento caratterizzante di tutti i dialetti della regione del Tegrāy [11]. L'altra ragione è di ordine storico: si tratta di un contributo alla conoscenza della polemica cattolico–ortodossa quando quasi niente della produzione in lingua locale (tigrina in particolare) di parte cattolica ci è conservato o quanto meno è da noi conosciuto, mentre abbiamo alcune delle repliche, dirette o indirette, di parte ortodossa. Ritenendola superflua, mi sono astenuto da qualsiasi nota esplicativa né mi sono curato di verificare l'esattezza delle citazioni testamentarie che, da un sommario controllo, nonostante l'indicazione del capitolo e versetto, non paiono sempre esatte. Alcune di esse sono riportate prima in ge'ez e poi in tigrino: queste sono state tradotte rispettivamente in latino e in italiano.

È da notare che le argomentazioni dell'autore, che era un buon cattolico ma non un teologo [12], vanno a volte al di là della stessa dottrina cat-

---

'Ayyala Takla–Haymānot da 'Abiyyi 'Addi, col titolo: *Ya'ityopya Bēta Krestyān sela Krestos Bāhreyāt Akkālāwi Tawāhdo yammetāmnaw tembert*, che è la traduzione in lingua amarica della corrispondente italiana *La Dottrina della Chiesa Etiopica dissidente sulla unione ipostatica*, in *Orientalia Christiana Analecta*, Roma 1956, n. 147. In quell'anno difatti si manifestò una ondata di reazione da parte della Chiesa etiopica; vennero così pubblicate delle risposte polemiche, in lingua amarica, in cui venivano riesaminate le questioni cristologiche. Le suddette opinioni, espresse dai moderni teologi etiopici, tutti appartenenti alle scuole teologiche del nord Etiopia, sono state studiate da Tesfazghi Uqbit (abba), nella sua opera *Current Christological Positions of Ethiopian Orthodox Theologians*, in *Orientalia Christiana Analecta*, Roma 1973, n. 196.

[11] Il motivo di questa scelta linguistica è a mio parere evidente: l'autore, che persegue un ideale di purismo linguistico, preferisce usare *ze* perché esso, corrispondendo a quello del ge'ez, consente di evitare una forma sentita come troppo popolare, fatto riscontrabile anche oggi: nella regione del Tegrāy mentre le persone non istruite usano esclusivamente *le* quelle istruite usano sia *le* sia *ze*. Cfr. Y. Beyene, *Un manoscritto cattolico tigrino del XIX secolo*, in *AION*, 35, 1975, pp. 3, 18.

[12] Difatti egli era in continua polemica con il teologo dabtarā Kefla–Giyorgis Abbā Takla, il quale riusciva sempre a dimostrare che le tesi sostenute da abba Takla–

tolica come quando si afferma, nel capitolo IX, che non solo Pietro ma anche i papi sono fondamento della Chiesa; o quando è discussa la indissolubilità del matrimonio in un primo momento si sostiene la tesi della chiesa ortodossa d'Etiopia: « il matrimonio è indissolubile salvo che per ragioni di adulterio ». (cfr. p. 70), più avanti invece è detto: « ... è indissolubile perfino nel caso di fornicazione » (cfr. p. 73). L'opuscolo è stato corretto [13] all'inizio del nostro secolo non si sa da chi; gli argomenti trattati difatti sono rimasti identici ma sono stati disposti in un ordine diverso, sono state eliminate tutte le parti relative alle dispute, l'argomento riguardante l'unzione di Cristo è ampliato: risponde a tutte le tre correnti teologiche [14], sostiene la tesi dei *kārroč*: « Si unse da se stesso... » (cfr. p. 74) che è la corrente più rigida della dottrina monofisita, e le citazioni sembrano tutte precise.

Sono in possesso anche del testo corretto, ma ho preferito pubblicare l'originale sia per ragioni storiche (esso è, a mio parere, il primo lavoro del genere scritto in lingua tigrina) sia per ragioni linguistiche: esso ci offre infatti più materiale da utilizzare per lo studio della lingua tigrina.

Haymānot erano contrarie agli insegnamenti della Chiesa. Cfr. Takla-Haymānot (abbā), *Biografia di Giustino De Jacobis*, vol. II pp. 75-82. L'opera, ancora inedita, si trova in Gaggiret (Asmara) nel convento dei Padri Cappuccini.

[13] Dell'opuscolo originale erano state preparate diverse copie in 'Allitenā ('Agāma) a cura del missionario lazzarista J. Baetman il quale le aveva messe a disposizione del clero cattolico locale; in seguito il testo venne corretto ma non furono distrutte le suddette copie dell'originale.

[14] P. Mario Da Abiy-Addi, *La Dottrina della Chiesa Etiopica dissidente sull'unione ipostatica*, in *Orientalia Christiana Analecta*, Roma 1956, n. 147; Tesfazghi Uqbit, *Current Christological Positions of Ethiopian Orthodox theologians*, in *Orientalia Christiana Analecta*, Roma 1973, n. 196; I. Guidi, *La Chiesa Abissina*, in *Oriente Moderno*, II, 1922; V. V. Bolotov, *Qualche Pagina della Storia ecclesiastica dell'Etiopia*, Roma 1910; Ghebre-Iesus Hailu (abbā), *Un Manoscritto Amarico sulle Verità della Fede*, in *Atti del Convegno Internazionale di Studi Etiopici*, Roma 1959, pp. 345-52.

TESTO TIGRINO

አብ ፡ ልዕሊ ፡ ኡነተይና ፡ ሃይማኖት ፡ ልዚከራኽር ፡ ዝኾን ፡ ምላሽ ።

[*መዝሞርያ ፡ ምዕራፍ* ፡]

አብ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ፪ተ ፡ ባሕርይ ፡ ከምዘሎ ።

ባሕርይ ፡ ፍጡር ፡ ኮይኑ ፡ ዘይፍጡር ፡ ኮይኑ ፡ ብጥቅላል ፡ ሐደ ፡ከዋኒ ፡ ዘ መልክት ፡ ነገር ፡ ዘቦኡ ፡ ማለት ፡ እዩ ። ብካልእ ፡ ቃል ፡ ፍጡር ፡ ወይ ፡ ዘይፍ ጡር ፡ ሐደ ፡ ከዋኒ ፡ ናይ ፡ ዘመልክቱ ፡ ዓይነታት ፡ ምልዓት ፡ ማለት ፡ እዩ ። ደጊምከስ ፡ አብ ፡ ዓለም ፡ ብዙኀ ፡ ዝዓይነቱ ፡ ባሕርይ ፡ ይርከብ ። እኒሆ ፡ ደረቅ ፡ ባሕርይ ፡ እምኒ ፤ ጥዑይ ፡ ባ[ሕርይ] ፤ አእዋም ፤ እንስሳዊ ፡ ባሕ[ርይ] ፤ እንስሳ ፤ ሰብአዊ ፡ ባሕ[ርይ] ፤ ሰብ ፤ መልአካዊ ፡ ባሕርይ ፤ መልአኽ ፡ መለኮታዊ ፡ ባሕ [ርይ] ፡ አምላኽ ። እዞም ፡ ኩነታት ፡ እዚኦም ፡ ኩሎም ፡ ብብሕርያቶም ፡ ይፈ ላለዩ ። ደጊም ፡ ሰብአዊ ፡ ባሕርይ ፡ ማለት ፤ ዐንተቦ ፡ ከምዝበልናዮ ፡ ሰብአዊ ፡ ኩነት ፡ ፈልዩ ፡ ዘመልክት ፡ ነገር ፡ ማለት ፡ እዩ ፡ ምእንቲዚውከስ ፡ ብዘይከአቶ ም ፡ ሐደ ፡ከዋኒ ፡ ብርእሱ ፡ ኪሀሉ ፡ ናይ ፡ ዘይከአለላቶም ፡ ናይ ፡ ክእሎታት ፡ ወ ይ ፡ ናይ ፡ ሀብታት ፡ ጥርቅም ፡ ማለት ፡ እዩ ። ብሐደ ፡ ቃል ፡ ልከዋኒ ፡ እንካ ብ ፡ ከዋኒ ፡ ዚፈልዮ ፡ ማለት ፡ እዩ ። እንተደአ ፡ አካል ፡ እዛ ፡ ሔዚ ፡ ዝተናገ ርናያ ፡ ባሕርይ ፡ በይና ፡ ምህላው ፡ አይከአላን ፡ እሞ ፡ ዚምልአ ፡ አካል ፡ የድ ልያ ። አካል ፡ ማለትከስ ፡ ንሱ ፡ እዩ ። ከምዚው ፡ እንካብ ፡ ኮነ ፡ ምሥጢረ ፡ ሥጋዌ ፡ አብ ፡ ናይ ፡ ቃል ፡ አካል ፡ መለኮታዊትን ፡ ሰብአዊትን ፡ ናይ ፡ ዝኮና ፡ ክልተ ፡ ባሕርያት ፡ አካላዊት ፡ ተዋህዶ ፡ ምኳኑ ፡ ይርዳእ ። ሄዚንከ ፡ እዛትርጓ ሜና ፡ እዚአ ፡ ብፍላይ ፡ ንመልከት ። ተዋህዶ ፡ ዝበልናዮ ፤ ክልተ ፡ ወይ ፡ ብዙ ኀ ፡ ነገር ፡ መለኮታዊትን ፡ ሰብአዊትን ፡ ክልተ ፡ ባሕርያት ፡ አብ ፡ ሐደ ፡ አካ ል ፡ ዘጋጥም ፡ ተዋህዶ ፡ ይበሃል ።

አካላዊ ፡ መበሊና ፡ ከዓ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ፍጹም ፡ አምላኽ ፡ ፍጹምው ን ፡ ሰብ ፡ ክንዲ ፡ ዝኾነ ፡ እዘን ፡ ክልተ ፡ ባሕርያት ፡ እዚኤን ፡ ክልኤን ፡ ም ሉዓትን ፡ ፍጹማትን ፡ ኮይነን ፡ እላነበራ ፡ አብ ፡ ሐደ ፡ አካል ፡ ተጋጢመን ፡ ይ ነብራ ፡ ባሕለሸና ፡ እዩ ።

ናይ ፡ መለኮታዊትን ፡ ሰብአዊትን ፡ ባሕርይ ፡ መበሊና ፡ ቅዱስ ፡ አትናቴዎ ስ ፡ ከምዝበለ ፡ ነፍስን ፡ ሥጋን ፡ ሐደ ፡ ሰብ ፡ ብሕቱ ፡ ከምዚገብሩ ፡ ከማኡ ፡ እ ዛ ፡ መለኮታዊትን ፡ ሰብአዊትን ፡ባሕርይ ፡ ሐደ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ብሕቱ ፡ ይግ ብሩልና ፡ ባሕለሸና ፡ እዩ ። እንካብ ፡ ክልትኤን ፡ ባሕርያት ፡ ሐንቲ ፡ እንተጕደ ልካ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ የብልኻን ። እንካብ ፡ እዘን ፡ ክልተ ፡ ባሕርያት ፡ ከዓ ፡ አካል ፡ እንተጕደልካ ፡ ነፍሲ ፡ ከምዘይብሉ ፡ ሬሳ ፡ እዩ ፡ እሞ ፡ ዘይከአል ፡ እዩ ።

አብ ፡ ናይ ፡ ቃል ፡ አካል ፡ ዝበልና ፡ ሰብአዊት ፡ ባሕርይ ፡ አብ ፡ አብን ፡ አብ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስን ፡ ዘይኮነስ ፡ አብ ፡ ቃል ፡ ወይ ፡ አብ ፡ ወልደ ፡ እግዚአ [ብሔር] ፡ ብምምዕዳዋ ፡ ልመለኮታዊት ፡ ባሕርይ ፡ ተጋጢማ ፡ አላ ፤ ክንብል ፡ ቢል ና ፡ ኢና ። ናይ ፡ እዘን ፡ ክልተ ፡ ባሕርያት ፡ አብ ፡ ፩ደ ፡ አካል ፡ ምውሀድ ፡ ከ ስ ፡ምሥጢረ ፡ ሥጋዌ ፡ ይበሃል ። ደጊምከስ ፡ ቅድሚ ፡ ተዋህዶ ፡ ፪ት ፡ ባሕርይ ፡ ድኅሪ ፡ ተዋህዶ ፡ ፩ደ ፡ ባሕርይ ፡ ናይ ፡ ዝበለ ፡ ናይ ፡ አውጣኪ ፡ ኑፋቄ ፡ ልም ፍራስ ፡ ንተግህ ፡ አሎና ። ሃይማኖትና ፡ ልምግላጽ ፡ ናይ ፡ ቅድሳት ፡ መጻሕፍቲ ፡ ጥቅሲ ፡ ነምጽእ ፡ እኔና ።

፩ ፡ ኢሳይ ፤ ፮ ፡ ም ፡ ፲፬ ፡ ጐ ፡ « ናሁ ፡ ድንግል ፡ ትፀንስ ፡ ወትወልድ ፡ ወልደ ፡ . . . እኒሆ ፡ ድንግል ፡ አማኑኤል ፡ ዝበሃል ፡ ወዲ ፡ ትፀንስን ፡ትወልድ ን ፡ » ። ኃሊፋውን ፡ ፱ ፡ ም ፡ ፮ ፡ ጐ ፡ « ሕፃን ፡ ተወልደ ፡ ለነ ፡ ወልድ ፡ ተ ውህበ ፡ ለነ ፡ ወቅድመት ፡ ኮነ ፡ በ . . . ሕፃን ፡ ተወልደልና ፡ መስተንክር ፡ መ ኻሪ ፡ አምላክ ፡ ኃያል ፤ ናይ ፡ ዝመጽእ ፡ ዘመን ፡ አቦውን ፡ ይስመ ፡ » በለ ። እቱ ፡ ኢሳይያስ ፡ ዝተነበየሉ ፡ ሕፃን ፡ እንካብ ፡ መሢሕ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ሐ ሊፉ ፡ መን ፡ እዩ ። ደጊም ፡ አብዙ ፡ ጥቅሲ ፡ እዚው ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ብሐ ደ ፡ ጊዜ ፡ አምላኽን ፡ ሰብን ፡ ምኳኑ ፡ ይረኤ ። ፈለማ ፡ ሰብ ፡ ኪለው ፡ ኪውለ ድ ፡ ይግብአ ። ወዲ ፡ ሕፃን ፡ ተብሂሉ ፡ ይስመ ። ፪ይ ፡ አምላኽ ፡ ምሳና ፡ ዝት ርጓሜኡ ፡ አማኑኤል ፤ አምላክ ፡ ናይ ፡ ዝመጽእ ፡ ዘመን ፡ አቦ ፤ ወይ ፡ ከምናይ ፡ እብራይስጢ ፡ ኃይሊ ፡ ቃል ፡ ናይ ፡ ዘለዓለም ፡ አቦ ፡ ይብሀል ። እኒሆከስ ፡ አብ ዙ ፡ ጥቅሲዚው ፡ አብ ፡ ናይ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ሐንቲት ፡ አካል ፡ ፪ ፡ ባሕር ያት ፡ ምህላዋቶም ፡ የረድእ ። ፪ይ ፡ ወን ፡ ዮሐ ፡ ም፩ ፡ ፩ ፡ ጐ ፡ ፲፬ ፤ ወውእ ቱ ፡ ቃል ፡ ሥጋ ፡ ኮነ ፡ወኃደረ ፡ ላዕሌነ ፤ ቃል ፡ ሥጋ ፡ ኾነ ፡ አብ ፡ ማዕከ ልናውን ፡ ኃደረ ። አብዙይከስ ፡ ፪ት ፡ ባሕር ፡ ምውሀድ ፡ አሎ ። ፈለማ ፡ ሰብአ ዊት ፡ ባሕርይ ፡ ላብ ፡ መለኮታዊት ፡ ባሕርይ ፡ ብምልዋጥ ፡ አይተገብረን ፤ ከመ ይ ፡ ቅዱስ ፡ ዮሐንስ ፡ ቃል ፡ ሥጋ ፡ ኮነ ፡ በለ ፤ እሞበይ ፡ ሰብ ፡ ቃል ፡ ኮነ ፡ አይበለን ።

ካልአይ ፤ ከማኡ ፡ ከዓ ፡ መለኮታዊት ፡ ባሕርይ ፡ ላብ ፡ ሰብአዊት ፡ ባሕር ይ ፡ ብምልዋጥ ፡ አይተገብረን ። ከመይ ፡ እግዚአብሔር ፡ ዘይልወጥ ፡ እዩ ። ኪል ወጥ ፡ እውን ፡ እንተደኣ ፡ ዚከአሎ ፡ እግዚአብሔር ፡ አይኮነን ፡ እሞ ፡ መለኮታዊ ት ፡ ባሕርይ ፡ ክትልወጥ ፡ አይከአልን ።

ሣልሳይ ፤ ወይ ፡ ከዓ ፡ እዚው ፡ ክልተ ፡ ባሕርይ ፡ ብምድብላቅ ፡ ኪኾን ፡ ዘይከአል ፡ እዩ ። አብ ፡ምድብላቅ ፡ ዘበኡ ፡ ክልወጥ ፡ ክልተ ፡ ነገር ፡ ምምስሳ ል ፡ ምተገበኤ ፤ እንተኾነንከ ፡ መለከታዊት ፡ ባሕርይ ፡ ክትልወጥ ፡ አይከአልን ። ደሓር ፡ ከዓ ፡ እዙ ፡ ዘይከአል ፡ ድብልቅ ፡ ኮይኑ ፡ እንተዝኾን ፡ አምላክ ፡ ዘይኮ ነ ፡ ሰብውን ፡ ዘይኮነ ፡ ሣልሳይ ፡ ባሕርይ ፡ ምወጸ ፡ ነበረ ።

እኒሆ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ባዕሉ ፡ አብ ወንጌለ ፡ ዮሐንስ ፡ ም ፡ ፲፫ ፡ ጐ፱ ፡ « አነ ፡ ወአብ ፡ አሐዱ ፡ ንሕነ » ፡ አብን ፡ አነን ፡ ሐደ ፡ ኢና ፡ በለ ። መለከታ ዊ ፡ እኒሆ ፤ ኃሊፉውን ፡ አብ ፡ እንካባይ ፡ ይዓቢ ፡ በለ ፤ እዙይ ፡ ባሕለሻኡ ፡ ብ ሰብአዊት ፡ ባሕርዩ ፡ እንካብ ፡ አቦኡ ፡ ንኡስ ፡ ምኳኑ ፡ እንካብ ፡ ልምርዳእ ፡

ኃሊፋ ፡ ሞንታይ ፡ የመልክት ። ወሲኸና ፡ ከዓ ፡ ወንጌል ፡ ነንብብ ፤ የሱስ ፡ ክር ስቶስ ፡ ብሰብነቱ ፡ ተፀንሰ ፤ ብሰብአ ፡ ሰገልውን ፡ ተሰግደ ፡ ብሰብነቱ ፡ አብ ፡ ዮርዳኖስ ፡ ተጠምቀ ፡ ከማኡ ፡ ከዓ ፡ መንፈስ ፡ ቅ[ዱ ፡ ስ] ፡ አብ ፡ ርእሲኡ ፡ ወ ረደ ። አጸቢቀ ፡ ዝፈትዎ ፡ ወደይ ፡ እዙይ ፡ እዩ ፡ ዚብል ፡ ናይ ፡ አብ ፡ ቃል ፡ እንካብ ፡ ሰማይ ፡ ተሰምዔ ፤ ብሰብነቱ ፡ አብ ፡ በረኻ ፡ ጠመየ ፤ እንተኮነንከ ፡ አ ምላኽ ፡ እማ ፡ እዩ ፡ መላእክቲ ፡ አገልገልዎ ። ማቴ ፤ ሞ ፡ ፬ጐ፪ ፡ ብሰብነቱ ፡ ደኽመ ፡ ጠመየ ፡ ጸምዔ ፤ ተዋረደ ። እንተኾነንከ ፡ አምላኽ ፡ ብምኻኑ ፡ ሕሙ ማት ፡ አሕየወ ፤ ሙታን ፡ አተንሠኤ ። ዮሐ ፡ ም ፡ ፬ጐ ፡ ፯ ። ሉቃ ፡ ም ፡ ፯ ጐ ፡ ፲፱ ፤ ም ፡ ፯ ፡ ጐ ፡ ፲፬ ። ብሰብንቱ ፡ ተከዘ ፤ ደም ፡ ረሐፀ ፡ እንተኾነ ፡ አምላኽ ፡ ብምኻኑ ፡ ዘጸናንዖ ፡ መልአክ ፡ መጸ ። ብሐንቲት ፡ ቃልውን ፡ ክሕዝ ዎ ፡ ልዝመጹ ፡ ወተሐደራት ፡ ድጎሪት ፡ ነጽሐም ። ማቴ ፤ ፳፯ ፡ ም ፤ ፴፯ ፡ ጐ ። ዮ ፡ ፲፰ ፡ ምዕ ፡ ፲፯ ፡ ጐ ፤ ብሰብነቱ ፡ አብ ፡ መስቀል ፡ ሞተ ፡ አምላክ ፡ ክን ዲ ፡ ዝኾነ ፡ ምድሪ ፡ እንቀጥቀጠት ። ጸሐይ ፡ ጸልመተ ፤ ሙታን ፡ ተንሥኡ ፤ ናይ ፡ ቤተ ፡ መቅደስ ፡ መጋረጃ ፡ ተቀደ ፤ እንክብ ፡ ሙታን ፡ እውን ፡ በገዛ ፡ ኃይሉ ፡ ተንሥኤ ።

አምላኽ ፡ ክንዲ ፡ ዝኾነ ፡ አብርሃም ፡ እንተይ ፡ ተወልደ ፡ እሎኹ ፡ በለ ። ብሰብነቱ ፡ እንካብ ፡ ድንግል ፡ ማርያም ፡ ተወልደ ። ልዓለም ፡ ሐዲገዮ ፡ እኽይ ድ ፡ በለ ። ዮሐ ፡ ምዕ ፡ ፲፮ ፡ ጐል ፡ ፳፤ ፡ ወሲኹ ፡ እውን ፡ ክሻብ ፡ መጨረ ሻ ፡ ዓለም ፡ ምላኻትኩም ፡ አሎኹ ፡ በለ ። ምኻድን ፡ ምቅማጥን ፡ ክልተ ፡ ባሕ ርይ ፡ አየመልክትን ፡ ዶ ። ናይ ፡ እግዚአብሔር ፡ ወንጌል ፡ ልምስባኽ ፡ ዝተመረጸ ፡ ቅድስ ፡ ጳውሎስ ፡ ከዓ ፡ብናይ ፡ ሰብ ፡ ሥጋ ፡ እንካብ ፡ ናይ ፡ ዳዊት ፡ ዘርኢ ፡ ዝተወልደ ፡ ወዱ ፡ በለ ። ሮሜ ፡ ፩ ፡ ምዕ ፡ ፩ጐ ። የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ብመለኮ ታዊት ፡ ባሕርዩ ፡ ሞኽንያት ፡ ወልደ ፡ እግዚአብሔር ፡ ተሰምየ ። ብሰብአዊት ፡ ባ ሕርዩ ፡ ምኽንያት ፡ ግን ፡ ብናይ ፡ ሰብ ፡ ሥጋ ፡ እንካብ ፡ ናይ ፡ ዳዊት ፡ ዘርኢ ፡ ዝተወልደ ፡ ተብሃለ ።

መለኮታዊት ፡ ባሕርዩን ፡ ሰብአዊት ፡ ባሕርዩን ፡ ፈልዮም ፡ ዘረድኡ ፡ ቃላ ት ፡ አብ ፡ ሐዲሳት ፡ ቍጽሪ ፡ የብሎምን ። እዙ ፡ ትምህርቲ ፡ እዚው ፡ ብሃይማ ኖተ ፡ አበው ፡ ብዘይመጠን ፡ እተመስከረ ፡ እዩ ። ብሐጺር ፡ እኳ ፡ ብስም ፡ ቅ ዱስ ፡ ፊልጶስ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ እተጻሕፈ ፡ ክልተ ፡ ባሕርያት ፡ አይተደባለቃን ፤ ብብሥራወሕተን ፡ እውን ፡ ይፋላለያ ፡ እያተን ፡ እሞ ፡ ናይ ፡ ክልተ ፡ ባሕርያት ፡ አፉላላይ ፡ ነስተምህር ፡ አሎና ። እዘን ፡ ክልተ ፡ ባሕርያትንከ ፡ መለኮታዊትን ፡ ሰብአዊትን ፡ እያተን ። እዙይ ፡ እንትብል ፡ መለከታዊትን ፡ ሰብአዊትን ፡ ባሕር ይ ፡ ነአምንን ፡ ንገልጽን ፡ አሎና ፡ እምበይ ፡ ድጎሪ ፡ ተዋህዶ ፡ ክልተ ፡ አካል ፡ እንብል ፡ አይምሰልኩም ፡ ይብል ። ብናይ ፡ እስክንድርያ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ቴዎ ዶስዮስ ፡ስም ፡ እተጽሐፈ ፡ ከዓ ፤ ክርሰቶስ ፡ ኡነተይና ፡ ሥጋ ፡ ኡነተይና ፡ ሰብ ፡ ኮነ ፤ ብዘይ ፡ ድብልቅ ፡ ብዘይ ፡ ቱሳሔ ፡ ብዘይ ፡ ውላጤ ፡ ልሥጋኡ ፡ ምስ ፡ መ ለኮታዊት ፡ አካሉ ፡ አዋሀደ ። መለኮት ፡ ሥጋ ፡ አይኮነን ፤ መለኮት ፡ ላብ ፡ ሥጋ ፡ አይተለወጠን ። ሰብነትውን ፡ ላብ ፡ አምላክነት ፡ አይተለወጠን ፤ ክልተ ፡ ባሕርያ ት ፡ ምምስጠባያተንን ፡ ምምስሀብታተንን ፡ ደአ ፡ ይነብራ ፡ ይብል ።

ክርክር ።

፩ያ ፡ እምባአይከስ ፡ ባሕርይ ፡ ብዘይ ፡ አካል ፡ ኪርከብ ፡ አይከአልን ፡ እሞ ፡ ክልተ ፡ ባሕርይ ፡ እንካብ ፡ በልኩም ፡ ክልተ ፡ አካል ፡ ብግዲ ፡ የብለኩም ፡ ዝ ብል ፡ እንተሎ ።

ምላሽ ፤ እሞበአይከስ ፡ ምእንት ፡ ምንታይ ፡ ደአ ፡ አብ ፡ ሥላሴ ፡ ሠለስተ ፡ አካላት ፡ ሐደ ፡ ባሕር ፡ ምባል ፡ ዘይትክሕዱ ።

፪ይ ፤ ክልተ ፡ ባሕርያት ፡ ተደባሊቀን ፡ ሐንቲ ፡ ባሕርይ ፡ ኮና ፡ ዝብል ፡ እንተሎ ።

ምላሽ ፤ አየነይቲ ፡ ከስ ፡ ተረፈት ፤ መለኮታዊት ፡ ባሕርይ ፡ ተረፈት ፡ እን ተበልካ ፡ አምላኽ ፡ እዩ ፡ እሞ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ተወልደ ፡ ሐመመ ፡ ሞተ ፡ ማለት ፡ ከመይ ፡ ቢሉ ፡ ይከአለካ ፤ አምላኽ ፡ ኪሐምምን ፡ ኪሞትን ፡ አይከአሎ ን ፤ እምብአይከስ ፡ አየድኃነናን ። ሰብአዊት ፡ ባሕርይ ፡ ተረፈት ፡ እንተደአ ፡ በ ልካ ፡ ሰብ ፡ ጥራይ ፡ ልመለኮታዊት ፡ ርትዒ ፡ ምክሐስ ፡ ልሰብውን ፡ ምድኃን ፡ ከመይ ፡ ቢሉ ፡ ይካአሎ ፤ ደሐር ፡ ከዓ ፡ ሰብአዊት ፡ ባሕርይ ፡ ጥራይ ፡ እንተኾ ንት ፡ ልእግዝእትነ ፡ ማርያም ፡ ወላዲተ ፡ አምላኽ ፡ ክንብላ ፡ አይከአለናይ ።

፫ይ ፤ እንተኾነ ፡ ሰብአዊት ፡ ባሕርይ ፡ ንእሽቶይ ፡ እያሞ ፡ ብልዕሊ ፡ መለ ኮታዊት ፡ ባሕርይ ፡ ተውኒጣ ፡ ጠፍዔት ፡ ዚብል ፡ እንተሎ ።

ምላሽ ፤ ሰብአዊት ፡ ባሕርይ ፡ ብመለኮታዊት ፡ ባሕርይ ፡ ተውኒጣ ፡ እንተ ትጠፍእ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ሰብ ፡ አይኮነን ፤ እምበአይከስ ፡ ከመይ ፡ ቢሉ ፡ ኪ ሞት ፡ ከአለ ፤ ወይ ፡ ከዓ ፡ሰብአዊት ፡ ባሕርይ ፡ ልመለኮታዊት ፡ ባሕርይ ፡ ደም ሲሳታ ፡ እንተትኾን ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ አምላኽ ፡ አይኮነን ። ወይ ፡ ክልኤን ፡ ተደባሊቀን ፡ እንተዚኾና ፡ እግዚአብሔር ፡ ዘይኮነ ፡ ሰብን ፡ ዘይኮነ ፡ ሣልሳይ ፡ ካ ልእ ፡ ዝዓይነቱ ፡ ባሕርይ ፡ ምወጸ ፡ ነበረ ።

፬ይ ፤ እዙይ ፡ ብምሳሌ ፡ ይርዳእ ፤ እኂሆ ፡ ሐንቲ ፡ ነጥቢ ፡ ማይ ፡ አብ ፡ ባ ሕሪ ፡ እንትትወድቅ ፡ ከምትጠፍእ ፡ ከማኡ ፡ ሰብአዊት ፡ ባሕርይ ፡ ብመለኮታዊ ት ፡ ባሕርይ ፡ ተደምሲሳ ፡ ትጠፍእ ፡ ዚብል ፡ እንተሎ ።

ምላሽ ፡ እዚው ፡ ዓንተቦ ፡ ዝመለስናሉ ፡ እዩ ። እኂሆ ፡ ተደምሲሳ ፡ እንተ ትኾን ፡ [ሰብአዊት] ፡ ባሕርይ ፡ አላ ፡ አይምተባሕለትን ። የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ከስ ፡ ሰብ ፡ አይምተባህለን ። ደሐር ፡ ከዓ ፡ ነጥቢ ፡ ማይን ፡ ባሕሪ ፡ ኦቂያኖስን ፡ ክል ቲአቶም ፡ ባሕርዮም ፡ ሐደ ፡ እዩሞ ፡ ኪደባላቁ ፡ ይከአል ፤ እንተደአ ፡ ሄዚ ፡ እ ንናገሮም ፡ ዘሎና ፡ ባሕርያት ፡ ፍሉያት ፡ እዮም ፡ ሐንቲ ፡ መወዳእታ ፡ ዘይብላ ፡ ፍጽምቲውን ፡ እያ ፡ እንተደአ ፡ እታ ፡ ሐንቲ ፡ መወዳእታ ፡ ዘለዋን ፡ ዘይፍጽም ትን ፡ እያ ።

፭ይ ፤ መለኮታዊት ፡ ባሕርይስ ፡ ብዝኮነ ፡ ኮይኑ ፡ ነገር ፡ ክትንካእ ፡ [ክትል ወጥ] ፡ አይከአላን ፡ ድዩ ፡ ዚብል ፡ እንተሎ ።

ም ፤ አይከአልን ፡ እግዚአብሔር ፤ እግዚአብሔር ፡ እንተደአ ፡ ኪኮን ፡ ዘይልወ ጥ ፡ እዩ ፤ አይከአልን ፡ ፍጽምተ ፡ ምልአት ፡ እኳ ፡ አይትልወጥን ። ምልዋጥ ፡ እንካበይ ፡ ይመጸ ። እንካብ ፡ ባዕሉ ፡ ይመጸ ፡ ከይበሃል ፡ ፍጹም ፡ እሞ ፡ እዩ ፡ አብ ፡ ባዕሉ ፡ ኪውሰኽ ፡ ወይ ፡ ከዓ ፡ እንካብ ፡ ባዕሉ ፡ ክንኪ ፡ እኳ ፡ ዘይከአ

ል ፡ እዩ ። ዘለዎ ፡ ኬጥፍእ ፡ ወይ ፡ ከዓ ፡ ዘይብሉ ፡ ኪረብሕ ፡ ከቶ ፡ ዘይከአል ፡ ነገር ፡ እዩ ። ብዘይካ ፡ እዙይ ፡ ፍጹምን ፡ ፍጻሜ ፡ ዘይብሉን ፡ እግዚአብሔር ፤ እ ግዚአብሔር ፡ እይኮነን ። እኂሆ ፡ አብ ፡ ኦሪት ፡ ዘጸዓት ፡ ምዕ ፡ ፩ ፡ ጕ፲፬ ፡ «አ ነ ፡ ውእቱ ፡ ዘሀሎኩ » ፡ አነ ፡ እየ ፡ ዘሎኩ ፤ እዙይ ፡ ቅዱስ ፡ አጐስጢኖስ ፡ ከ ምዝበለ ፡ ዘለዓለማዊ ፡ ኪልወጥ ፡ እውን ፡ ዘይከአል ፡ ምኳኑ ፡ እንካብ ፡ ልምግላ ጽ ፡ ኃሊፉ ፡ ምንታይ ፡ የመልክት ። ቅዱስ ፡ ያዕቆብ ፡ እውን ፡ ፩ምዕ ፡ ፲፯ ፡ ጕ ል ፤ አባኡ ፡ ሐደ ፡ ውላጤ ፡ እኳ ፡ የልቦን ፡ ናይ ፡ ምልዋጥ ፡ ጽላሎት ፡ እው ን ፡ እኳ ፡ የብሉን ፡ በለ ። አብ ፡ ሚልኪያስ ፡ ከዓ ፡ አነ ፡ እግዚአብሔር ፡ እየ ፡ ከቶውን ፡ አይልወጥን ፡ በለ ። ደጊም ፡ ሐንቲ ፡ ባሕርይ ፡ እንተደኣ ፡ በልካ ፡ መ ለኮት ፡ ወይ ፡ ትስብእት ፡ ሐዲኤን ፡ ምኽሐድካ ፡ እዩ ። እዙይ ፡ ከዓ ፡ ብምሳሌ ፡ ክነረድእ ፡ ይከአል ። እኂሆ ፡ ሰብ ፡ ክልተ ፡ መሠረት ፡ ክልተ ፡ ነገር ፡ አለዎ ። ረቃቅ ፡ ነፍሰን ፡ ግዙፍ ፡ ሥጋን ፡ ባሕለሻና ፡ እዩ ። ነፍሲ ፡ ልናይ ፡ ሥጋ ፡ ኃ ይላትን ፡ ሕዋሳቱን ፡ ተቃንዕ ። እንተኾነ ፡ ባዕላ ፡ አይትልወጥን ፤ ሥጋ ፡ ብጊዜ ፡ እንትትላዋወጥ ፡ ድሕሪ ፡ ሞትውን ፡ በስቢሳ ፡ እንትትጠፍእ ፡ ነፍሲ ፡ አይትልወጥ ን ። ደጊም ፡ እንካብ ፡ ናይ ፡ ነፍሰን ፡ ናይ ፡ ሥጋን ፡ ተዋህዶ ፡ አነ ፡ ዚብል ፡ ፩ ፡ አካል ፡ ይርከብ ። ከማኡከስ ፡ መለከታዊትን ፡ ሰብኣዊትን ፡ ባሕርዶ ፡ ተዋ ሂደን ፡ አብ ፡ ናይ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ፩ ፡ አካል ፡ ተዋሂደን ፡ ይነብራ ። እዚ ውን ፡ ቅዱስ ፡ አትናቴዎስ ፡ ነፍሰን ፡ ሥጋን ፡ ሐደ ፡ አካል ፡ ጥራይ ፡ ከምዚገ ብሩ ፡ ከማኡ ፡ አምላኽን ፡ ሰብን ፡ ሐደ ፡ ክርስቶስ ፡ ማለት ፡ ሐደ ፡ አካል ፡ እ ዩ ፡ በለ ። ቅዱስ ፡ አትናቴዎስ ፡ ሐደ ፡ ክርስቶስ ፡ ብሕቱ ፡ በለ ፡ እምበይ ፡ ሐ ደ ፡ ባሕርይ ፡ አይበለን ።

ክርክር ።

፩ያ ፤ ቅዱ ፤ አትናቴዎስ ፡ ነፍሰን ፡ ሥጋን ፡ ሐደ ፡ ሰብ ፡ ጥራይ ፡ ከምዝ ኾነ ፡ ከማኡ ፡ አምላኽን ፡ ሰብን ፡ ሐደ ፡ የሰስ ፡ ክርስቶስ ፡ ብሕቱ ፡ እዩ ፡ እን ካብ ፡ በለ ፡ አብ ፡ ሰብ ፡ ሐደ ፡ ባሕር ፡ በይኑ ፡ ይርካብ ። እምበአርከስ ፡ አብ ፡ የሱስ ፡ ክር[ስቶስ] ፡ እውን ፡ ሐደ ፡ ባሕርይ ፡ አሎ ፡ ዚብል ፡ እንተሎ ።

ምላሽ ፤ ቅዱስ ፡ አትናቴዎስ ፡ ዐንተቦ ፡ ዝበልናያቲን ፡ ቃላት ፡ ድሕሪ ፡ ጽ ሒፉ ፡ ናይ ፡ ሐደ ፡ ባሕርይ ፡ ጥራይ ፡ ከምዘይተናገረ ፡ ሞእንቲ ፡ ኪገልጽ ፡ አም ላክነትን ፡ ሰብነትን ፡ ሐደ ፡ ክርስትስ ፡ እያቶም ፡ እንተኾነ ፡ አካል ፡ ሐደ ፡ ክ ንዲ ፡ ዝኾነ ፡ እዩ ፡ እምበር ፡ ክልተ ፡ ባሕርያት ፡ አይተደባለቃን ፡ ቢሉ ፡ ወሰ ኽ ። እምበአርከስ ፡ ክልተ ፡ ባሕርይ ፡ ገለጸ ።

፪ይ ፤ ቅዱስ ፡ ቄርሎስ ፡ ናይ ፡ እስክንድርያ ፡ ድጎሪ ፡ ተዋህዶ ፡ ናይ ፡ አም ላኽ ፡ ቃል ፡ ሥጋ ፡ ዝኾነት ፡ ሐደ ፡ ባሕር ፡ ጥራይ ፡ አሎ ፡ በለ ። ደጊም ፡ ድ ጎሪ ፡ ተዋህደ ፡ ሐደ ፡ ባሕርይ ፡ ጥራይ ፡ እዩ ፡ ዝብል ፡ እንተሎ ።

ም[ላሽ] ፤ ፩ያ ፡ ቅዱ[ስ] ፡ ቄርሎስ ፡ ክልተ ፡ አካል ፡ አብ ፡ ልዕሊ ፡ ዚብል ፡ እነበረ ፡ ንስጥሮስ ፤ አካል ፡ ሐንቲ ፡ ብሕታ ፡ ከምዝኾነት ፡ ልምግላጽ ፡ ይናገር ፡ ነበረ ፡ እምበር ፡ ክልተ ፡ ባሕርይ ፡ ምባል ፡ አይከልከለን ። ንስጥሮሳውያን ፡ ባሕ ርይን ፡ አካልን ፡ አይፈልዩን ፡ ነበሩ ፤ ከማኡ ፡ ከዓ ፡ ኢትዮጵያውያን ፡ ልህላዌ ፡

አካልን ፡ ባሕርይን ፡ ቢላቶም ፡ ይትርጕምዎ ፡ እያቶም ፡ እሞ ፡ ክልተ ፡ ባሕር ፡ ልዚብል ፡ ከም ፡ ንስጥሮስ ፡ ይርእይዎቶ ። ቅዱስ ፡ ቄርሎስ ፡ ከስ ፡ ናይ ፡ ቃል ፡ ሥጋ ፡ ዝኾነት ፡ ሐንቲ ፡ ባሕርይ ፡ እንቲብል ፡ ክልተ ፡ ነገር ፡ [ክብል] ፡ ይደሊ ፡ ነበረ ። ፈለማ ፡ ድጎሪ ፡ ሥጋዌ ፡ አብ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ክልተ ፡ ባሕር ፡ ከ ምዝነበረ ፤ ማለት ፡ ሰብአዊትን ፡ [ሥጋ ፡ ዝኾነት] ፡ መለከታዊትን ፡ [ባሕርያት] ፡ ከምዝነበራኡ ፡ ምግላጽ ፡ ይደሊ ፡ ነበረ ። ካልአይ ፡ [ብዛዕባ] ፡ ሐደ ፡ አካል ፡ ጥራሕ ፡ ኪናገር ፡ ይደሊ ፡ ነበረ ። እዚው ፡ ዘርፌ ፡ ገቢሩ ፡ ናይ ፡ እግዚአብሔር ፡ ቃል ፡ ባሕርይ ፡ ብምባሉ ፡ ይግለጽ ። ከማኡ ፡ እውን ፡ ዘርፌ ፡ ገቢሩ ፡ ሥጋ ፡ ናይ ፡ ዝኾነት ፡ ብምባሉ ፡ ሰብነት ፡ የመልእት ። እዚው ፡ ኪለዉ ፡ አካል ፡ ሐ ደ ፡ ምኻኑ ፡ ልምግላጽ ፡ ከምዝተናገረ ፡ ይርዳእ ።

[ሣልሳል] ፤ እኒሆ ፡ ከዓ ፡ናይ ፡ ቃል ፡ ባሕርይ ፡ ሐንቲ ፡ ጥራይ ፡ እያ ፡ ምባሉ ን ፡ ዘይምባሉን ፡ ምስተጠየቀ ፡ ላብ ፡ ሱክስዖስ ፡ እንትጽሕፍ ፡ «ናይ ፡ ቃል ፡ ሐደ ፡ ባሕርይ ፡ እንቲብል ፡ እንተሎኹ ፡ "ሥጋውን" ፡ ቢለ ፡ እንተዘይውስኽሉ ፡ ወቀስ ተይ ፡ ምሥጢረ ፡ ሥጋዌ ፡ አጥፊእካ ፡ ቢላቶም ፡ ኪኽሱኒ ፡ ሐቃቶም ፡ ምነበሩ ። እንተኾነንከ ፡ ባሕርይና ፡ ፍጽምትን ፡ ምልእትን ፡ ኮይና ፡ ከምትነብር ፡ "ሥጋዉ ን" ፡ ባሕለሸይ ፡ ገሊጸ ፡ ተናጊረ ፡ አሎኹ ፡ እም ፡ ከሰስተይ ፡ አፉቶም ፡ የኃዙ» ፡ በለ ። ከምዚዉ ፡ እንካብ ፡ ኮነ ፡ ሐደ አካል ፤ ክልተ ፡ ባሕርይ ፡ ዘይብል ፡ እንካ ብ ፡ ናይ ፡ ቅ ፡ ቄርሎስ ፡ ሃይማኖት ፡ ውፁእ ፡ እዩ ።

ካልአይ ፡ ምዕራፍ ።

መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ እንካብ ፡ አብን ፡ ወልድን ፡ ከምዚሠርፅ ።

እዚው ፡ ከስ ፡ ብቅዱሳት ፡ መጻሕፍቲ ፡ ነረድኦ ፤ እኒሆ ፡ ፩ያ ፤ ቅ ፡ ጳው [ሎስ] ፡ አብ ፡ ገላትያ ፡ ሰባት ፡ ፬ም ፤ ፮ጕ ፤ «ናሁ ፡ ፈነወ ፡ እግዚአብሔር ፡ መንፈስ ፡ ወልዱ» ፡ እግዚአብሔር ፡ ናይ ፡ ወዱ ፡ መንፈስ ፡ ሰደደ ። ቢሉ ፡ ጸሐ ፈ ። አብ ፡ ግብ ፤ ሐዋር[ያት] ፡ ምዕ ፤ ፲፮ ፡ ጕ ፡ ፯ ፡ «ወኢያብሐሙ ፡ መንፈ ሱ ፡ ለኢየሱስ» ፡ እንተኾነ ፡ ናይ ፡ የሱስ ፡ መንፈስ» ፡ አየሠልጠነላቶምን» ፡ ተ ብሂሉ ፡ ይርከብ ፡ ። ደጊምከስ ፡ «ናይ ፡ ወዱ ፡ መንፈስ» ፡ ናይ ፡ ኢየሱስ» ፡ ዚብሉ ፡ ቃላት ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ እንካብ ፡ ወልድ ፡ እውን ፡ ከምዚሰርፅ ፡ ም ምልካታቶም ፡ ግሉጽዶ ፡ አይኮነን ።

፪ይ ፤ ወንጌል ፡ ዮሐ ፤ ም ፡ ፲፮ ፤ ጕ፯ ፡ «ወእመሰ ፡ ሖርኩ ፡ አነ ፡ እፌን ዎ ፡ ለክሙ» ፡ እንተኸድኩ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ክሰደላትኩም ፡ እየ» ፡ በለ ። ኃሊፉ ፡ ከዓ ፡ ቅ ፡ ዮሐ ፡ ምዕ ፤ ፲፭ ፡ ጕ ፡ ፳፮ ፡ «ወሶበ ፡ መጽአ ፡ ጳራቅሊ ጦስ ፡ ዘአነ ፡ እፌኑ ፡ ለክሙ ፡ እምኀበ ፡ አብ» ፡ እንካብ ፡ አብ ፡ አነ ፡ ዝሰደላ ትኩም ፡ ጳራቅሊጦስ ፡ እንቲመጽእ» ፡ በለ ። አብዙይ ፡ ከስ ፡ የሱስ ፡ ክር[ስቶስ] ፡ ምስ ፡ አብ ፡ ብሐደ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ከምዚሰድድ ፡ ይገልጽ ። ደጊም ፡ እንካ ባኡ ፡ እንተዘይሠርፅ ፡ ከመይ ፡ አቢሉ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ምለአኸ ። ሐደ ፡ ል ምልአኸ ፡ አብ ፡ ልዕሊኡ ፡ ብግዲ ፡ ሐደ ፡ ሥልጣን ፡ የድልዮ ። ደጊም ፡ አብ ፡ እግዚአብሔር ፡ ሐደ ፡ አካል ፡ አብ ፡ ልዕሊ ፡ ካልእ ፡ አካል ፡ ልደት ፡ ወይ ፡ ሥ

ርፀት ፡ እንተዘይኮነ ፤ አየናይ ፡ ናይ ፡ ሥልጣን ፡ አፋላላይ ፡ አለም ። እንካብ ፡ ል ደትን ፡ ሥርፀትን ፡ ኃሊፉ ፡ ሣልሣይ ፡ አካላት ፡ ብኪለው ፡ ነገር ፡ ማዕረ እያቶ ም ።

ፎይ ፤ ቅ ፡ ዮሐ ፡ ምዕ ፤ ፲፮ ፡ ጐ፲፬ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ናይ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ነገር ፡ እንቲናገር ፡ « ወኪያየ ፡ ይሴብሕ ፡ ውእቱ ፡ እስመ ፡ እምዚአየ ፡ ይ ነሥእ » ፡ እንካባይ ፡ ይቅበል ፡ ኢዩሞ ፡ ለአይ ፡ የመስግን » ፡ በለ ። ደጊምከስ ፡ ወልድን ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስን ፡ ብሐንቲ ፡ ባሕርይ ፡ ትኽክል ፡ ኢያቶም ፡ እሞ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፤ ሥርፀት ፡ እንተዘይኮነ ፡ እንካብ ፡ ወልድ ፡ ምንታይ ፡ ኪጽበ ን ፤ ኪቅበልን ፡ ይከአሎ ።

ፀይ ፤ ቅ ፡ ዮሐ ፤ ምዕ ፤ ፳ ፡ ጐል ፡ ፳፭ ፡ « ወዘንተ ፡ ብሂሎ ፡ ነፍሐ ፡ ላ ዕሌሆሙ ፡ ወይቤሎሙ ፡ ንሥኡ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ » ፡ የሱስ ፡ክርስቶስ ፡ መንፈ ስ ፡ ቅዱስ ፡ ተቀበሉ ፡ እላበላቶም ፡ አሰተንፈሰላቶም » ፡ ሔዚ ፡ ከስ ፡ እንካባኡ ፡ እንተዘይሠርፅ ፡ ከመይ ፡ ቢሉ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ምሀባቶም ።

፭ያ ፡ ክርክር ።

« እንካባይ ፡ ይቅበል » ፡ ማለት ፡ ኃሊፉውን ፡ « ይነግረካትኩም » ፡ ዚብል ፡ ቃልኡ አሎ ፡ እሞ ፡ እንካባይ ፡ ፍልጠት ፡ ይቅበል ፡ ማለት ፡ እዩ ፡ ዚብል ፡ እ ንተሉ ።

ም[ላሽ] ፤ አብ ፡ አምላኽ ፡ ባሕርይ[ን] ፡ ፍልጠትን ፡ ሐደ ፡ እያቶም ፡ እሞ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ እንካብ ፡ ወልድ ፡ ፍልጠት ፡ ተቀበለ ፡ ማለት ፡ ክንዲ ፡ ዝኾ ነ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ጎፁፅ ፡ የብል ። ምእንቲዚው ፡ ናይ ፡ መቅደንዮስ ፡ ኑፋ ቄ ፡ ምኾነ ። ደጊም ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ፍልጠት ፡ እንካብ ፡ ወልድ ፡ አይቅብ ልን ። አምላኽ ፡ኢዩሞ ፡ መለኮታዊት ፡ ፍልጠት ፡ ገንዘቡ ፡ እያ ። እንካብ ፡ ወ ልድ ፡ ዚቅበሎ ፡ ሥርፀት ፡ ብሕቱ ፡ ምኻኑ ፡ ዘይአምን ፡ ምስ ፡ መቄደንዮስ ፡ ይ ቕጸር ።

፮ይ ፡ ክርክር ።

ቅ ፡ ዮሐ ፡ ም ፡ ፲፭ ፡ ጐ ፡ ፳፮ ፡ « መንፈስ ፡ ጽድቅ ፡ ዘይወጽእ ፡ እምኀ በ ፡ አብ » ፡ እላበለ ፡ እንካብ ፡ አብ ፡ በይኑ ፡ ከምዝሠርፅ ፡ ገሐድ ፡ እዩ ፡ ዚብ ል ፡ እንተሉ ።

ም[ላሽ] ፤ አብቱ ፡ ምዕራፍ ፡ እቲው ፡ አብቱ ፡ ጐልቑ ፡ እቲው ፤ « አነ ፡ ዝሰደላትኩም ፡ መንፈስ ፡ ምስ ፡ መጸ » ፡ ኃሊፉውን ፡ « መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ለአ ይ ፡ ይምስክር » ፡ ቢሉ ፡ ተናጊሩ ፡ አሎ ። ደጊምከስ ፡ ፭ያ ፡ ወልድ ፡ እንካብ ፡ ሰደደ ፤ ፮ይ ፤ እተሰደ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ እውን ፡ ልወልድ ፡ ምስክር ፡ ልምኻ ኑ ፡ እንካብ ፡ ተሰደ ፡ መን[ፈስ] ፡ ቅዱ[ስ] ፡ እንካብ ፡ ወልድ ፡ ከምዝሠርፅ ፡ የ መልክት ። እዚው ፡ ከኣ ፡ አበው ፡ ብኃባር ፡ የስተምህሩ ።

ናይ ፡ አበው ፡ ምስክር ።

፩ያ ፤ ብ፴ ፡ ዘመነ ፡ ምሕረት ፡ ዝሞተ ፡ ቅዱስ ፡ ኤጲፋንዮስ ፡ « ሠለስቲኦ ም ፡ አካላት ፡ ሐንቲ ፡ መለኮት ፡ አላቶም ። መን[ፈስ] ፡ ቅዱ[ስ] ፡ እንካብ ፡ አብ ን ፡ እንካብ ፡ ወልድን ፡ ይሠርፅ ፡ እምበይ ፡ መን[ፈስ] ፡ ቅዱ[ስ] ፡ ልአብን ፡ ል ወልድን ፡ ጓና ፡ አይኮነን » ፡ ቢሉ ፡ ከም ፡ ፀሐይ ፡ ገለጸ ።

፪ይ ፤ ቅ ፡ አትናቴዎስ ፡ « ልወልድ ፡ ናይ ፡ መን[ፈስ] ፡ ቅዱ[ስ] ፡ ምንጪ » ፡ ቢሉ ፡ ይሰምዮ ። ወሲኹ ፡ እውን ፡ « ምስ ፡ አብ ፡ ወልድ ፡ ናይ ፡ መንፈስ ፡ ቅ ዱስ ፡ ምንጪ ፡ እዩ » ፡ ይብል ።

፫ይ ፤ ናይ ፡ እስክንድርያ ፡ ቅዱስ ፡ ቄርሎስ ፡ « መን[ፈስ] ፡ ቅዱ[ስ] ፡ እንካ ብ ፡ ወልድ ፡ ጓና ፡ አይኮነን ፡ እሞ ፡ እንካብ ፡ አብ ፡ ከምዚሠርፅ ፤ እንካብ ፡ ወ ልድ ፡ እውን ፡ ይሠርፅ » ፡ በለ ።

፬ይ ፤ ሮማዊ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ አርሚስዳስ ፡ ብ፬፻፲፯ን ፡ ዓመተ ምሕረት ፡ ልናይ ፡ ግሪኽ ፡ ካህናት ፡ « ናይ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ገንዘብ ፡ እንካብ ፡ አብን ፡ ወልድን ፡ ምሥራፅ ፡ ኡዩ » ፡ ቢሉ ፡ ይጽሕፍ ፡ ነብረ ።

፭ይ ፤ ቅ ፡ ጎርጎርዮስ ፡ ናይ ፡ ኑሲስ ፡ « መን[ፈስ] ፡ ቅ[ዱስ] ፡ እንካብ ፡ ወ ልድ ፡ ይወጽእ » ፡ በለ ።

፮ይ ፤ ሐደ ፡ ናይ ፡ እስክንድርያ ፡ ጉባዔ ፡ እውን ፡ [ናይ] ፡ ቅ ፡ ቄርሎስ ፡ « መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ እንካብ ፡ አብን ፡ ወልድን ፡ ይሠርፅ » ፡ ልዚብል ፡ ቃል ፡ ተቀቢሉ ፡ ለበጠ ።

፩ያ ፡ ክርክር ።

« ዘሠረፀ ፡ እምአብ ፡ ወእምወልድ » ፡ ዚብል ፡ ቃል ፡ ደሐር ፡ በይኑ ፡ ተወ ሰኽ ፤ እዙይ ፡ እውን ፡ አብ ፡ ልዕሊ ፡ ኡነተይና ፡ ትምህርቲ ፡ ሮማዊት ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ወሰኽቶ ፡ ዚብል ፡ እንተሎ ። ም[ላሽ] ፤ ፩ያ ፡ እዝ ፡ ትምህርቲ ፡ እ ዚው ፡ ልወንጌል ፡ ከምዘይቃወም ፡ ብሐድፋኡ ፡ እውን ፡ ቃል ፡ ወንጌል ፡ ከም ዝኾነ ፡ [አብ] ፡ ላዕሊ ፡ አረዳእና ።

፪ይ ፤ ሮማዊት ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ደሐር ፡ ብግልጺ ፡ አብ ፡ ጸሎት ፡ ሃይ ማኖት ፡ ብስም ፡ ወሰኽቶ ፤ እንተኾነንከ ፡ መን[ፈስ] ፡ ቅዱ[ስ] ፡ እንካብ ፡ ወልድ ውን ፡ ከምዚሠርፅ ፡ ናይ ፡ ጥንቲ ፡ ሃይማኖት ፡ ነበረ ።

፪ይ ፡ ክርክር ።

እንተኾነ ፡ ግሪኽ ፡ እዝ ፡ ሐዲስ ፡ ቃል ፡ እዚው ፡ ምቅባል ፡ አበዩ ፡ ዚብል ፡ እንተሎ ።

ም[ላሽ] ፤ ሮማዊ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ልዮን ፡ ብስም ፡ ሣልሳል ፡ « ወእምወልድ » ፡ ቢሎም ፡ ዝደግሙ ፡ ልዚነበሩ ፡ ልናይ ፡ ኢየሩሳሌም ፡ ካህናት ፡ [ብ]፲፻፯ን ፡ ዓመተ ፡ ሥጋዌ ፡ « ጽቡቅ » ፡ ቢሉ ፡ ለበጠሎም ። ልኩሎም ፡ ምሥራቃውያን ፡ እውን ፡ እንከብ ፡ አብን ፡ እንካብ ፡ ወልድን ፡ ዚሠርፅ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ነአምን ፡ አ ሎና ፡ ዚብል ፡ ተአምኖተ ፡ ሃይማኖት ፡ ለአኽላቶም ። ግሪኽ ፡ እውን ፡ እንተይ ፡

ተቃወሙ ፡ ተቀበሉ ። ፍጽዮስ ፡ ናይ ፡ ግሪኽ ፡ ኑፋቄ ፡ አቦ ፡ እዝ ፡ ትምህርቲ ፡ እዚው ፡ ፈለማ ፡ ተቀበለ ። እንተኾነ ፡ ደሐር ፡ ናይ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ልዮን ፡ ብ ስም ፡ ሣልሣይ ፡ ተአምኖተ ፡ ሃይማኖት ፡ እንካብ ፡ እትእወጅ ፡ ድጎሪ ፡ ፷ ፡ ዓ መት ፡ ናይ ፡ ቍስጥንጥንያ ፡ ወንበር ፡ ዘሚቱ ፡ ምስ ፡ ወረሰ ፡ ተቀቢሉ ፡ ዝንበ ረ ፡ ትምህርቲ ፡ ከሐደ ። ናይ ፡ ክሕደቱ ፡ ምኽንያት ፡ እውን ፡ ዓሚጹ ፡ አብ ፡ ቍስጥንጥንያ ፡ ዝወረሰ ፡ [ወንበር] ፡ ከም ፡ ፓትርያርክ ፡ ምቅባል ፡ ሮማዊ ፡ ሊ ቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ኒቆላኦስ ፡ ምስ ፡ አበዮ ፡ እዩ ። ብዙ ፡ ምኽንያት ፡ እዚው ፡ ሐድ ሐደ ፡ ጊዜ ፡ እላአመኑ ፤ ሐድሐደ ፡ ጊዜ ፡ እላከሐዱ ፡ ይነብሩ ፡ ነበሩ ። እንተኾ ነንከ ፡ ብዙኃት ፡ ካልኦት ፡ ምሥራቃውያን ፡ ጳጳሳት ፡ መን[ፈስ] ፡ ቅዱ[ስ] ፡ እን ካብ ፡ ወልድ ፡ ከምዝሠርፅ ፡ ክሳብ ፡ ሎሚ ፡ የአምኑ ። መሊሱ ፡ ከዓ ፡ ብሽሕን ፡ ፪፻፫፪ ፡ ዓመተ ፡ ምሕረት ፡ አብ ፡ ልግዶን ፡ ዝኾነ ፡ ጉባኤ ፡ እዉን ፡ ምስ ፡ ግ ሪኽ ፡ ጳጳሳት ፡ እንካብ ፡ ኢትዮጵያ ፡ ብሐጻይ ፡ ዘርአ ፡ ያዕቆብ ፡ እተልእኹ ፡ ካ ህናትን ፡ መነኮሳትን ፡ እዝ ፡ ትምህርቲ ፡ እዚው ፡ ኡነት ፡ እዩ ፡ ቢሎም ፡ አመኑ ።

ከምዚው ፡ እንካብ ፡ ኮነ ፡ ናይ ፡ ቅ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ካቶሊካዊት ፡ ት ምህርቲ ፡ ዘይቅበል ፡ እንካብ ፡ ሱታፌአ ፡ ፍሉይ ፡ እዩ ፡ እሞ ፡ ይፍራህ ።

፫ ፡ ምዕራፍ ።

ናይ ፡ እግዚአብሔር ፡ ረቂቅነት ።

ክርክር ።

[፩ያ ፡] ፤ አብ ፡ ቅዱሳት ፡ መጻሕፍቲ ፡ እግዚአብሔር ፡ ኢድ ፡ ዓይኒ ፡ አፍ ፡ እግሪ ፡ ብጎፂር ፡ ቃል ፡ ግዘፍ ፡ ዜመልክቱ ፡ አለው ፡ እሞ ፡ እግዚአብሔር ፡ ፍጹ ም ፡ ረቂቅ ፡ መንፈስ ፡ አይኮነን ፡ ዚብል ፡ እንተሎ ።

ም[ላሽ] ፤ እግዚአብሔር ፡ ፍጹም ፡ ረቂቅ ፡ እንተዘይኾን ፡ ሥጋዊ ፡ ምኽነ ። ምእንት ፡ እዚው ፡ ብብዙኅ ፡ ክፍሊ ፡ እተትንዘ ፡ ምኽነ ። ደጊም ፡ ከስ ፡ ብርእ ሱ ፡ ብዙኅ ፡ ክፍሊ ፡ ዘለዎ ፡ ነገር ፡ ብካልእ ፡ ከዋኒ ፡ እንተዘይኮነ ፡ ባዕሉ ፡ ኪጋጠም ፡ አይከአልን ። ብአብነት ፡ አብ ፡ ሐደ ፡ ሰዓት ፡ ዘሎ ፡ ብዙኅ ፡ ነገር ፡ ኪለው ፡ ብዘይካ ፡ ሠራሒ ፡ ባዕሉ ፡ [ኪጋጠም] ፡ አይከአልን ። ደጊም ፡ እግዚአብ ሔር ፡ ግዙፍ ፡ እንካብ ፡ ኮነ ፡ ብዙኅ ፡ ክፍሊ ፡ አለዉዎ ። ባዕሉ ፡ ዘሎ ፡ ክፍ ሊ ፡ ኪለዉ ፤ ግዘፍ ፡ ኪለዉ ፡ ዘጋጥም ፡ ካልእ ፡ ረድኤት ፡ መድለዮ ። ደጊም ፡ ከስ ፡ ልእግዚአብሔር ፡ ዝፈጠረ ፡ መን ፡ እዩ ።

፪ይ ፤ እግዚአብሔር ፡ ግዙፍ ፡ እንተዚኾን ፤ ብብዙኅ ፡ ክፍሊ ፡ እውን ፡ እተ ጋጠመ ፡ እንተዚኾን ፡ እዝ ፡ ክፍሊ ፡ እዚው ፡ ኪለው ፡ ፍጻሜ ፡ ዘለዎ ፡ ወይ ፡ ፍጻሜ ፡ ዘይብሉ ፡ ምኽነ ። እንተኾነ ፡ ፩ያ ፡ እዝ ፡ ክፍሊ ፡ እዚው ፡ ፍጻሜ ፡ ዘ ብሉ ፡ እዩ ፡ ምባል ፡ አይከአልን ፤ ከመይ ፡ ፍጻሜ ፡ ዘይብሉ ፡ ክፍሊ ፡ የብሉን ፤ ረቂቅ ፡ እዩ ። ፪ይ ፤ እዝ ፡ ክፍሊ ፡ እዚው ፡ ፍጻሜ ፡ ዘለዎ ፡ እንተደአ ፡ ኮነ ፡ ፍጻሜ ፡ ዘይብሉ ፡ ነገር ፡ ኪለው ፡ ኪሠርሕ ፡ አይኽእልን ።

፫ይ ፤ እግዚአብሔር ፡ ግዙፍ ፡ እንተዚኾን ፡ ከመይ ፡ ቢሉ ፡ አብ ፡ ኪለው ፡ ስፍራ ፡ አሎ ፡ ምተብሃለ ።

፬ይ ፤ ቅዱሳት ፡ መጻሕፍቲ ፡ እግዚአብሔር ፡ ረቂቅ ፡ ከምዝኾነ ፡ ይምስክሩ ።

፭ይ ፡ ኤርሚያስ ፡ ምዕራፍ ፡ ፳፫ ፡ ጐልቍ ፡ ፭ ፡ አነ ፡ ሰማይን ፡ ምድርን ፡ እመልእ ፡ አሎኹ ፡ በለ ። አነ ፡ እመልእ ፡ ሰማያተ ፡ ወምድረ ። ደጊም ፡ ከስ ፡ ግዙፍ ፡ ሰማይን ፡ [ምድርን] ፡ ይመልእዶ ።

፮ይ ፤ ቅዱስ ፡ ዮሐንስ ፡ ምዕራፍ ፡ ፬ ፡ ጐልቍ ፡ ፳፬ ፡ እግዚአብሔር ፡ መን ፈስ ፡ እዩ ፤ ዚሰግዱሉውን ፡ ብመንፈስን ፡ ብሐቅን ፡ ኪሰግዱሉ ፡ ይግባእቶም ። እስመ ፡ እግዚአብሔር ፡ መንፈስ ፡ ውእቱ ፡ ወእለሂ ፡ ይሰግዱ ፡ ሎቱ ፡ በመንፈስ ፡ ወበጽድቅ ፡ ሀለዎሙ ፡ ይሰግዱ ።

፯ይ ፤ ቅዱስ ፡ ጳውሎስ ፡ ቆሮንቶስ ፡ ምዕራፍ ፡ ፫ ፡ ጐ ፡ ፲፯ ፡ እግዚአብሔ ር ፡ ፍጹም ፡ ጽሩይ ፡ መንፈስ ፡ እዩ ፡ በለ ። እስመ ፡ እግዚአብሔር ፡ መንፈስ ፡ ውእቱ ፡ ወኀበ ፡ ሀሎ ፡ መንፈሰ ፡ እግዚአብሔር ፡ ሀየ ፡ ሀሎ ፡ ግዕዛን ።

፰ይ ፡ ማላክያስ ፡ ምዕራፍ ፡ ፫ ፡ አነ ፡ ዘይልወጥ ፡ አምላካትኩም ፡ እየ ፡ በ ለ ። ግናንከ ፡ ሥጋ ፡ ብሀላዌኡ ፡ ተለዋጢ ፡ እዩ ፤ እግዚአብሔር ፡ ግን ፡ ኪልወ ጥ ፡ አይከአልን ፡ እሞ ፡ ተለዋጢ ፡ ግዘፍ ፡ አይብሉን ።

፱ይ ፤ ቅ ፡ ጎርጎርዮስ ፡ ዘእንዚናዙ ፡ እግዚአብሔር ፡ ዘይስፈር ፡ እዩ ፤ ገጽ ፡ የብሉን ፤ ኪረኤን ፡ ኪድሀሰስን፡ አይከአልን ፤ በለ ።

፲ይ ፤ ናይ ፡ እስክንድርያ ፡ ቅዱስ ፡ ቄርሎስ ፡ እግዚአብሔር ፡ ብፍጹም ፡ ረቂ ቅ ፡ እዩ ፤ ክፍሊ ፡ የብሉን ፤ በለ ።

፲፩ይ ፤ ቅዱስ ፡ ዮሐንስ ፡ ዘደማስቆ ፤ እግዚአብሔር ፡ ግዙፍ ፡ እዩ ፡ ምባል ፡ ጸርፌ ፡ እዩ ፡ በለ ።

፲፪ይ ፡ ቅዱስ ፡ አትናቴዎስ ፡ እግዚአብሔር ፡ ግዙፍ ፡ እዩ ፡ ምባል ፡ ኪንገር ፡ ዘይከአል ፡ በደል ፡ እዩ ፡ በለ ።

ራብዓይ ፡ ምዕራፍ ።

ነፍሲ ፡ ድኀሪ ፡ ሞይታ ፡ ከምተግባራ ፡ ቶሎ ፡ ላብ ፡ መንግሥተ ፡ [ሰማይ] ፡ ወይ ፡ [ላብ] ፡ ገሃነመ ፡ እሳት ፡ ከምእትከይድ ።

ነፍሲ ፡ አብ ፡ ዘይተወሰነ ፡ ስፍራ ፡ አይ[ት]ቅመጥን ፤ አብ ፡ ናይ ፡ መንግ ሥተ ፡ ሰማይ ፡ ወይ ፡ አብ ፡ [ናይ] ፡ ገሃነመ ፡ እሳት ፡ ጫፍ ፡ አይትነብርን ። ና ይ ፡ ጻድቅ ፡ ነፍሲ ፡ ወይ ፡ ድኀሪ ፡ ሞታ ፡ ቶሎ ፡ ቢላ ፡ መንግሥተ ፡ ሰማይ ፡ ተአቱ ፤ ወይ ፡ አብ ፡ ንስሐ ፡ ቦታ ፡ ቅጽዓታ ፡ ጨሪሻ ፡ ቀልጢፉ ፡ ላብ ፡ መን ግሥተ ፡ ሰማይ ፡ ተአቱ ። እንተደአ ፡ ናይ ፡ ኃጥእ ፡ነፍሲ ፡ ድሕሪ ፡ ሞይታ ፡ ሻ ቡ ፡ ተፈሪዳ ፡ ላብ ፡ ገሃነም ፡ ትወርድ ።

ናይ ፡ እዚዉ ፡ መረድኢ ፤ ፭ይ ፡ መጽሐፈ ፡ መክብብ ፡ ምዕራፍ ፡ ፱ ፡ ጐ ፡ ፭፣ ፡ ብናይ ፡ ሞት ፡ መዓልቲ ፡ ልኺለው ፡ ከምተግባሩ ፡ ምፍዳይ ፡ ልግዚአብሔ

ር ፡ ገርሂ ፡ እዩ ፡ በለ ። ደጊምከስ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ብናይ ፡ ሞት ፡ መዓልቲ ፡ በለ ፡ እምበይ ፡ ብናይ ፡ ጥቅላል ፡ ፍርዲ ፡ መዓልቲ ፡ አይበለን ።

፪ይ ፤ አብ ፡ ናይ ፡ ሉቃስ ፡ ወንጌል ፡ ምዕራፍ ፡ ፲፯ ፡ ጐልቊ ፡ ፳፪ ፡ እተ ጽሐፈ ፡ ናይ ፡ ክፋእ ፡ ሀብታም ፡ ታሪኽ ፡ ትፈልጡ ፤ እኒሆ ፡ ምስኪን ፡ ሞተ ፡ ብመላእኽትውን ፡ ላብ ፡ ሕጽን ፡ አብርሃም ፡ ተወስደ ፤ ሀብታም ፡ እውን ፡ ሞተ ፡ አብ ፡ ገሃነመ ፡ እሳት ፡ ተቀብረ ። ወእምዝ ፡ ሞተ ፡ ዝኩ ፡ ነዳይ ፡ ወወሰድዎ ፡ መላእክት ፡ ውሰተ ፡ ሕጽን ፡ አብርሃም ፡ ወሞተ ፡ ባዕልኒ ፡ ወተቀብረ ። ደጊም ፡ ከስ ፡ ጻድቅ ፡ ብ[ዝ]ሞተሉ ፡ መዓልቲ ፡ ደመወዙ ፡ ከምዚቅበል ፡ ኃጢአተይናውን ፡ ድጎሪ ፡ ሞቱ ፡ ቶሎ ፡ ላብ ፡ ገሃነም ፡ ከምዚወርድ ፡ ይርዳእ ።

ሐድ ፡ ሐደ ፡ ቶሎ ፡ ላብ ፡ መንግሥተ ፡ ሰማይ ፡ የአትዉ ፤ ሐድ ፡ ሐደ ፡ ጻድቃን ፡ ግን ፡ ክሻብ ፡ መጠረሻ ፡ ዓለም ፡ አብ ፡ ካልእ ፡ ስፍራ ፡ ይነብሩ ፡ ዚ ብሉ ፡ ሰባት ፡ ልእግዚአብሔር ፡ መዳለዊ ፡ ይብሉዎ ፤ እንካብ ፡ እዝ ፡ ጸርፌ ፡ እዚው ፡ ሠውረና ። ምእንቲ ፡ ገሃነመ ፡ እሳት ፡ እውን ፡ ከማኡ ፡ እዩ ።

፫ይ ፤ ቅዱስ ፡ ጳውሎስ ፡ ጎበ ፡ ዕብራውያን ፡ ምዕራፍ ፡ ፱ ፡ [ጐ[፡ ፳፯ ፡ ምማት ፡ ድጎርቲው ፡ እውን ፡ ፍርዲ ፡ እተወሰነ ፡ እዩ ፡ በለ ። ወበከመ ፡ ጽኑሕ ፡ ለሰብእ ፡ ምዕረ ፡ መዊት ፡ ወእምድኅሬሁ ፡ ደይን ።

፬ይ ፤ ቅዱስ ፡ ጳውሎስ ፡ ጎበ ፡ ፊሊጵስዩስ ፡ ምዕራፍ ፡ ፩ ፡ ጐ ፡ ፳፫ ፡ ም ማት ፡ ምስ ፡ ክርስቶስ ፡ እውን ፡ ምኳን ፡ እደሊ ፡ እሎኹ ፡ በለ ። እፈቱስ ፡ እ ፍልስ ፡ ወአሀሉ ፡ ጎበ ፡ ክርስቶስ ።

ብመጠረስታ ፡ ዓለም ፡ ብፍርዲ ፡ መዓልቲ ፡ ጥራይ ፡ ምስ ፡ ክርስቶስ ፡ ኪ ኾን ፡ እንተ ፡ ዝኾን ፡ ልምንታይ ፡ ክንድዚው ፡ ልሞት ፡ ምተመነየ ።

፭ይ ፤ አቡቀለምሲስ ፡ ምዕራፍ ፡ ፮ ፡ ጐ ፡ ፱ ፡ ምእንቲ ፡ ናይ ፡ እግዚአብሔ ር ፡ ስም ፡ ናይ ፡ እተቀተሉ ፡ ሰባት ፡ ነፍሳት ፡ አብ ፡ ትሕቲ ፡ መንበር ፡ ረኤኹ ፡ በለ ። ወሶበ ፡ ፈትሐ ፡ ኃምስ ፡ ማኅተመ ፡ ርኢኩ ፡ ታሕተ ፡ ምሥዋዕ ፡ ነፍሰመ ፡ ለእለ ፡ ተቀትሉ ፡ በእንተ ፡ ቃለ ፡ እግዚአብሔር ፡ ወበእንተ ፡ ዘዐቀቡ ፡ ሕጎ ። እኒሆ ፡ ኽስ ፡ ናይ ፡ ሰማዕታት ፡ ነፍሳት ፡ አብ ፡ ጥቃ ፡ ናይ ፡ ሰማይ ፡ ታቦት ፡ ይነብሩ ፡ አለዉ ። ደጊም ፡ ከስ ፡ አብ ፡ መንግሥተ ፡ ሰማይ ፡ አለዉ ።

፮ይ ፤ አቡቀለምሲስ ፡ ምዕራፍ ፡ ፲፬ ፡ ጐ ፡ ፬ ፡ እዚአቶም ፡ ደናግል ፡ ኢያ ቶም ፡ አብ ፡ ዚኽዱዎ ፡ ኪለው ፡ ልበጊዕ ፡ ይኽተሉዋቶ ። እለ ፡ ንጹሐን ፡ እሙን ቱ ፡ እምአንስት ፡ በከመ ፡ ተወልዱ ፡ እሙንቱ ፡ እለተለውዎ ፡ ለበግዑ ፡ ጎበ ፡ ሐረ ፡ እለ ፡ ቀደሙ ፡ ተቤዝዎ ። እምነ ፡ እጓለ ፡ እመሕያው ፡ ለእግዚአብሔር ፡ ወ ለበግዑ ። ደጊምከስ ፡ ጻድቃን ፡ አብ ፡ መንግሥተ ፡ ሰማይ ፡ አይአትዉን ፡ ማላ ት ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ አብ ፡ መንግሥተ ፡ ሰማይ ፡ የልቦን ፡ የብል ።

፯ይ ፤ ቅ ፡ ጳውሎስ ፡ ምዕ ፡ ፪ ፡ ጐ ፡ ፮ ፡ ወአንስአነ ፡ ወአንበረነ ፡ ምስ ሌሁ ፡ በሰማያት ፡ ወበኢየሱስ ። የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ምሳኡ ፡ እንካብ ፡ ሙታን ፡ አተንሥኤና ፡ ምሳኡውን ፡ አብ ፡ ሰማያት ፡ አንበረና ፡ በለ ፡ እሞ ፡ ጻድቅ ፡ ቶ ሎ ፡ ላብ ፡ መንግሥተ ፡ ሰማይ ፡ ከምዝአቱ ፡ ሕቶ ፡ የልቦን ።

ክርክር ።

፩ያ ፤ ጻድቃን ፡ ድኅሪ ፡ ሞት ፡ መጠረስታ ፡ ፍርዲ ፡ ዚጽበዩሱ ፡ ላብ ፡ ም ድራዊ ፡ ገነት ፡ ክኸዱ ፡ አይከአልንዶ ፡ ዚብል ፡ እንቶተገነ ።

ም[ላኸ] ፤ እት ፡ ምድራዊ ፡ ገነት ፡ እቲው ፡ ብእግዚአብሔር ፡ ተዓጸወ ። እዝ ፡ ምድራዊ ፡ ገነት ፡ እዚው ፡ አብ ፡ ጥቃ ፡ ባሕሪ ፡ ጤግሮስን ፡ ኤፍራጥስን ፡ አብ ፡ ናይ ፡ አዚያ ፡ ምድሪ ፡ ነበረ ። እት ፡ ዓዲ ፡ እቲው ፡ ሄዚ ፡ አሰሊሙ ፡ ኢዩ ።

ምእንቲ ፡ ሥጋውያን ፡ ሰባት ፡ አብ ፡ እተፈጥረ ፡ ገነት ፡ ናይ ፡ ጻድቃን ፡ ነ ፍሳት ፡ ይነብራ ፡ ማለት ፡ ምንታይ ፡ ይጠቅም ።

፪ይ ፤ ሜቴ ፡ ምዕ ፡ ፳፩ ፡ ጐ ፡ ፴፬ ፡ ንዑ ፡ ቡሩካኢሁ ፡ ለአቡየ ፡ ትረሱ ፡ መንግሥተ ፡ ዘድልው ፡ ለክሙ ፡ እምቅድመ ፡ ይትፈጠር ፡ ዓለም ። ንስኻትኩም ፡ ናይ ፡ አቦይ ፡ ቡሩኻን ፡ እንካብ ፡ ናይ ፡ ዓለም ፡ መዠመርያ ፡ ምእንታኻትኩም ፡ እተዘጋደየ ፡ መንግሥቲ ፡ ምእንቲ ፡ ክትወርሱ ፡ ንዑ ። ንስኻትኩም ፡ እውን ፡ ር ጉማት ፡ ላብ ፡ ዘለዓለም ፡ ሐዊ ፡ ኪዱ ፡ እንካብ ፡ በለ ፡ ብመጠረስታ ፡ ዓለም ፡ ብሕቲ ፡ ከምዝኾነ ፡ ተቋመት ፡ ዚብል ፡ እንተሎ ።

ም[ላኸ] ፤ እዚው ፡ ሐደ ፡ ናይ ፡ ምሉዕ ፡ ዓለም ፡ ጠቅላላይ ፡ ፍርዲ ፡ ከም ዘሎ ፡ የመልክት ፤ እንተኾነንከ ፡ ብብፍላይ ፡ ልሐደ ፡ ሰብ ፡ድኅሪ ፡ ሞቱ ፡ ሻቡ ፡ ከምዘይፍረድ ፡ አየረድእን ።

፫ይ ፤ ጻድቃን ፡ አብ ፡ መንግሥተ ፡ ሰማይ ፡ ድኅሪ ፡ አቲዋቶም ፡ ኪወጹ ፡ አይኽእሉን ፤ ደጊምከስ ፡ ቅድሚ ፡ ፍርዲ ፡ ላብ ፡ መንግሥተ ፡ ሰማይ ፡ አቲዋቶ ም ፡ እትብልዋቶም ፡ ጻድቃን ፡ ምእንቲ ፡ መጠረስታ ፡ ፍርዲ ፡ ከመይ ፡ ቢላቶም ፡ ኪወጹ ፡ እያቶም ፡ ዚብል ፡ እንተሎ ።

ም[ላኸ] ፤ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ኪወጽእዶ ፡ አይኮነን ፤ መጠረስታ ፡ ፍርዲ ፡ ዚገብር ፡ ንሱዶ ፡ አይኮነን ። እንተገማኽስ ፡ ከመይ ፡ ናይ ፡ ጻድቃን ፡ ነፍሳት ፡ አይወጽእን ፡ ትብሉ ። አብ ፡ ቅዱሳት ፡ መጻሕፍቲ ፡ ከምዚንበብ ፡ መላእኽቲውን ፡ ይወጹ ፡ አለው ። ጻድቃን ፡ ከስ ፡ እንካብ ፡ ሥጋአቶም ፡ ተፈልዮም ፡ ከም ፡ ከ ም ፡ መላእኽቲ ፡ ረቂቃን ፡ መናፍቲ ፡ ዝኾኑ ፡ ኪወጹ ፡ አይኽእሉንዶ ።

፭ ፡ ምዕራፍ ።

ነፍሲ ፡ ብእግዚአብሔር ፡ ከምትፍጠር ፡ እምበይ ፡ እንካብ ፡ ወለዲ ፡ ከምዘይትወጽእ ።

[ነፍሲ] ፡ እግዚአብሔር ፡ ይፈጥራ ፡ እምበይ ፡ ብናይ ፡ ሰብአይን ፡ ሰበይትን ፡ ሥራሕ ፡ አይትውለድን ።

፩ያ ፤ ግዙፍን ፡ መዋትን ፡ ዝኾነ ፡ ሥጋ ፡ ዘይግዙፍትን ፡ ረቃቅን ፡ ህላዌ ፡ ልዝኾነት ፡ ነፍሲ ፡ ኪወልድ ፡ አይኽእልን ።

፪ይ ፤ ንነፍሲ ፡ ብናይ ፡ ሰብአይን ፡ ሰበይትን ፡ ሥራሕ ፡ እትውለድ ፡ ከም ኮነት ፡ ምስ ፡ ሥጋ ፡ ምሞተት ፤ ነፍሲ ፡ ከስ ፡ ከምዘይትመውት ፡ ትፈልጡ ።

፫ይ ፤ ነፍሲ ፡ እንካብ ፡ ናይ ፡ ወለዲ ፡ ነፍሲ ፡ እያ ፡ እትውለድ ፡ እንተበ

ልኩም ፤ ወይ ፡ ናይ ፡ ወላዲ ፡ ነፍሲ ፡ ተኸፍለት ፡ [ወይ ፡ ነፍሲ] ፡ አይብልኹ ምን ። ደጊም ፡ ከስ ፡ ነፍሲ ፡ ረቃቅ ፡ ምኳና ፡ አብ ፡ ፀተ ፡ ክትክፈል ፡ እኳ ፡ ዘይከአል ፡ እዮሞ ፡ አይኮነን ፤ ወይ ፡ ብምሉእ ፡ አብ ፡ ወላዲ ፡ አላ ፡ [ወይ] ፡ ከ ዓ ፡ አይብልኹምን ። እዙይ ፡ እንተደአ ፡ ኾነ ፡ እንከ ፡ ናይ ፡ ቈልዓ ፡ ልምላድ ፡ ምኽንያት ፡ ትኸውን ፡ አላሞ ፡ ባሕልና ፡ ንሱ ፡ እዩ ፤ ደጊምከስ ፡ ሻብቲው ፡ ብ ናይ ፡ እግዚአብሔር ፡ ኃይሊ ፡ ነፍሲ ፡ ትፍጠር ። ናይ ፡ ቈላው ፡ ነፍሲ ፡ ከስ ፡ እ ንካብ ፡ ናይ ፡ ወላዲኡ ፡ ነፍሲ ፡ ድኅሪ ፡ ዘይተከፍለት ፡ ወይ ፡ እንካብ ፡ ግዙፍ ፡ ነገር ፡ ወይ ፡ እንካብ ፡ እግዚአብሔር ፡ እንተዘይኮነ ፡ እንካብ ፡ ካልዕ ፡ ክትፍጠር ፡ አይከአልን ። እንካብ ፡ ግዙፍ ፡ ነገር ፡ ክንብል ፡ አይንኸእልን ፤ ከመይ ፡ ግዝፍ ቲ ፡ ምኾነት ፡ ነበረ ፤ አብ ፡ ትሕቲ ፡ ሥጋውን ፡ ምኾነት ። ደጊምከስ ፡ እንካ ብ ፡ እግዚአብሔር ፡ ምፍጣራ ፡ ርግጽ ፡ ኢዩ ።

ፀይ ፤ ግዙፍ ፡ ነገር ፡ ረቂቅ ፡ ህላዌ ፡ ኪፈጥር ፡ አይኸእልን ፤ ናይ ፡ ወለዲ ፡ ነፍሲ ፡ ከስ ፡ እንካብ ፡ አምላክ ፡ ናይ ፡ ምፍጣር ፡ ሥልጣን ፡ አይተቀበለትን ፡ እሞ ፡ ክትፈጥራ ፡ አይከአለትን ።

ፁይ ፤ ሲራክ ፡ ም ፡ ፲፪ ፡ ጐ ፡ ፯ ፡ ወመንፈሰ ፡ ይግባእ ፡ ጎበ ፡ እግዚአብ [ሔር] ፡ ዘወሀቦ ። ላብ ፡ ገባሪኡ ፡ እግዚአብሔር ፡ ማለት ፡ እዩ

ፂይ ፤ ቅ ፡ ሄሮኒሞስ ፡ (ብ፫፻፸ ፡ ዝሞተ) ፡ ፫፻፴፬ ፡ ዓመት ፡ [አብ] ፡ ቅ[ድ ሚ] ፡ ዲዮስቆሮስ ፡ ብዛዕባ ፡ እዚአ ፡ እንትናገር ፡ ነፍሳት ፡ ብእግዚአብሔር ፡ አይ ኮነንዊ ፡ ብሥጋ ፡ እየን ፡ ዚፍጠራ ፡ ዚብሉ ፡ ብሐቂ ፡ ጽሉላት ፡ እዮም ። ሥጋ ፡ ላብ ፡ ምድሪ ፡ ይምለስ ፤ ነፍሲ ፡ ናይ ፡ ነፍሳት ፡ አቦ ፡ ላብ ፡ ዝኾነ ፡ እግዚአብ ሔር ፡ ትምለስ ፡ በለ ።

ፃይ ፤ ቶኦደሮቶ ፡ (ብጊዜ ፡ንስጥሮስ ፡ ዝነበረ) ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ቅዱስ ፡ መጽሐፍ ፡ ተጐዝጕዛ ፡ ነፍሲ ፡ ብናይ ፡ ወላዲ ፡ ዘርኢ ፡ ዘይኮነስ ፡ ብናይ ፡ ፈጣ ሪ ፡ ፍቃድ ፡ ምስ ፡ ሥጋ ፡ ብሐደ ፡ ጊዜ ፡ ትፍጠር ፡ ቢላ ፡ ተስተምሕር ፡ በለ ።

ፄይ ፤ ቅ ፡ ቄርሎስ ፡ ዘለእስክንድርያ ፡ ልናይ ፡ ምሥራቅ ፡ ፈለስቲ ፡ ብዝጸሐ ፋ ፡ ደብደቤኡ ፡ ዝተወልደ ፡ ሰብ ፡ ኪለው ፡ ብነፍስን ፡ ሥጋን ፡ ቆይሙ ፡ አሎ ። አቦታትና ፡ ናይ ፡ ሥጋ ፡ ህላዌ ፡ ሀቡና ፤ እግዚአብሔር ፡ ግን ፡ ነፍሲ ፡ ገበረላ ፡ በለ ።

ፅይ ፤ አብ ፡ ናይ ፡ አትናቴዎስ ፡ ቅዳሴ ፡ አዘታወፅያ ፡ ለሕግን ፡እምሐቂ ፡ ብ እሲ ፡ ወእንዘ ፡ ማይ ፡ ውእቱ ፡ ታረግያ ፡ በጥበብከ ፡ ወትነፍሕ ፡ ዲቤሁ ፡ መን ፈሰ ፡ ሕይወት ፡ ይብል ።

ፆይ ፤ ናይ ፡ መቃብያን ፡ እኖ ፡ [፪ ፡ ፯-፳፪] ፡ አእምሮ ፡ ነፍሲ ፡ ሕይወት ፡ ዝሀብኩኻትኩም ፡ አነ ፡ አይኮንኩን ፡ እሞ ፡ አብ ፡ ከርሠይ ፡ ከመይ ፡ ቢላትኩ ም ፡ ከምዝተርኤኹም ፡ አይፈልጥን ፡ ቢላ ፡ ልደቃ ፡ ተናገረት ።

ክርክራት ።

ፈያ ፤ ናይ ፡ ነፍሳት ፡ መዝገብ ፡ አሎ ፡ ይብሉ ።

ምላ[ሽ] ፤ እዛ ፡ ባህሊ ፡ እዚአ ፡ ብናይ ፡ ቍስጥንጥንያ ፡ ፪ ፡ ጉባኤ ፡ እተ ወሰነት ፡ እያ ፤ ነፍሳት ፡ ብጥንቲ ፡ ቅድሚ ፡ ፍጥረት ፡ አዳም ፡ ተፈጢረን ፡ ዝጸ ንሐ ፡ ከምኮና ፡ ከመይ ፡ ቢሉ ፡ እግዚአብሔር ፡ ናይ ፡ አዳም ፡ ኃጢአት ፡ ከምዝ

ሳተፋ ፡ ምገበረን ፤ ምስ ፡ ሥጋ ፡ ቅድሚ ፡ ምውሀድ ፡ እተፈጥራ ፡ ከምኮና ፡ ከ መይ ፡ ደአ ፡ እዙ ፡ ቀደም ፡ ከምዝነበርና ፡ ዘይዝከረና ። ትዝ ፡ እኳ ፡ ዘይብለና ፤ ነፍሲ ፡ ረቃቅ ፡ ህላዌዶይኮነትን ፤ ደቂሳ ፡ ደኾን ፡ ነቢራ ። መሊሱ ፡ ከዓ ፡ እዝ ፡ ናይ ፡ ነፍሳት ፡ መዝገብ ፡ ከምዘሎ ፡ ብቅዱስ ፡ መጽሐፍን ፡ ብናይ ፡ አበው ፡ ም ስክራትን ፡ አቀዲሞም ፡ ምርዳእ ፡ ምተገብኡ ።

ፀይ ፤ ቄሳው ፡ ብጠባዮም ፡ ኮነ ፡ ብመልክዖም ፡ ኮነ ፡ ልወለዶም ፡ ከምዝመ ስሉ ፡ ንርኢዶ ፡ እየሎናን ፤ እዙይ ፡ ከስ ፡ ነፍሲ ፡ ቄልዓ ፡ እንካብ ፡ ወላዲአ ፡ ከምትፍጠር ፡ እምበር ፡ ዚርዳእ ፡ ይመስል ።

ምላ[ሽ] ፤ እዙይ ፡ ሐድሐደ ፡ ጊዜ ፡ ኡነት ፡ እዩ ፤ እንተኾነ ፡ ልመረድኢ ፡ ምእንቲ ፡ ክበቅዕ ፡ ወትሮ ፡ ኪርከብ ፡ ግዲ ፡ እዩ ። ብዙኃ ፡ ጊዜ ፡ ከስ ፡ ሕያዋ ይ ፡ ወላዲ ፡ ሕሙም ፡ ቄልዓ ፡ ይወልድ ፤ ሕሙም ፡ አቦ ፡ ከዓ ፡ ምሩቅ ፡ ወዲ ፡ ይወልድ ።

ፅይ ፤ ሄዚ ፡ ከስ ፡ ብምሳሌ ፡ ከዓ ፡ ንመልከት ። ፩ ፡ ጥዋፍ ፡ ብርሃኑ ፡ እን ተይነከየ ፡ ልካልዕ ፡ ኬብርሕ ፡ ይኽእል ፤ ከማኡ ፡ ከስ ፡ ናይ ፡ ወላዲ ፡ ነፍሲ ፡ እንተይጐደለት ፡ ነፍሲ ፡ ቄልዓ ፡ ክትፈጥር ፡ ትኽእል ።

ም[ላሽ] ፤ እዙ ፡ ምሳሌ ፡ እዙይ ፡ ሕያዋይ ፡ እዩ ፤ ግና ፡ ዜረድእ ሐንቲ ፡ እኳ ፡ የብሉን ። እዙ ጥዋፍ ፡ እዙይ ፡ ግዙፍ ፡ ነገር ፡ እዩ ፤ ይረኤን ይልከን ፡ አሎ ። እንተጥፋእኻዮ ፡ ዚጠፍእ ፡ እንተንከስካዮ ፡ ዝበርህ ፡ እዩ ። ኤረ ፡ ግዙፍ ሥጋ ፡ መአዝ ፡ ረቂቅ ፡ ህላዌ ፡ ይወልድ ። እንካብ ፡ ኦም ፡ እንስሳ ፤ እንካብ ፡ እንስሳ ፡ ሰብ ፤ እንካብ ፡ ሰብ ፡ መንፈስ ፡ ኪውለድ ፡ ይከአልዶ ።

ዚውሰክ ።

ኢሳይያስ ፡ ም ፤ ፱፭ ፤ ጐ ፤ ፲፭ ፤ መንፈስ ፡ ኪለው ፡ ዝፈጠረ ፡ አነ ፡ ደይ ኮንኩን ።

ቅ ፤ ጳውሎ[ስ] ፤ ብዕብ ፤ ም ፤ ፲፪ ፡ ጐ ፡ ፱ ፡ እግዚአብሔር ፡ ናይ ፡ መንፈ ስ ፡ አብ ፡ ይብሎ ።

ቅ ፤ ሄሮኒሞስ ፤ እግዚአብሔር ፡ ኪለው ፡ መሳልቲ ፡ ነፍሳት ፡ ይሠርሕ ።

ቅ ፤ ቄርሎሰ ፤ እግዚአብሔር ፡ ልዝፍጹም ፡ ንእሽቶይ ፡ ዝኾነ ፡ ሥጋ ፡ መን ፈስ ፡ ይሰደሉ ፤ ናይ ፡ ሰብ ፡ መንፈስ ፡ ዝፈጥር ፡ ባዕሉ ፡ ኢዩ ። (ሀ) ብሐጺር ፡ ግዙፍ ፡ ዝኾነ ፡ ነገር ፡ ረቂቅን ፡ ግዙፍን ፡ ዘይኮነ ፡ ነገር ፡ ኪወልድ ፡ አይኽእ ልን ። (ሁ) ናይ ፡ ወላዲ ፡ ነፍሲ ፡ ረቃቅ ፡ ብምኻና ፡ ክትክፈል ፡ አይትኽእልን ። (ሂ) ሰብ ፡ ፈጣሪ ፡ አይኮነን ፡ እሞ ፡ ባዕሉ ፡ ናይ ፡ ወዱ ፡ ነፍሲ ፡ ኪፈጥር ፡ አ ይኽእልን ። እዙይ ፡ እንካብ ፡ ኮነ ፡ ናይ ፡ ነፍስና ፡ ፈጣሪ ፡ እግዚአብሔር ፡ እዩ ።

፮ይ ፡ ምዕራፍ ።

መለኮት ፡ ሞተ ፡ መለኮት ፡ ተወልደ ፡ ምባል ፡ ከምዘይከአል ።

[እዚአ] ፡ ፊሎ ፡ ዝብሃል ፡ ዘውጽአ ፡ ፈጠራ ፡ ስሕተት ፡ እያሞ ፡ ብ[ያ፱፰] ፡ ፊልክስ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ አውገዞ ። ወአብቱ ፡ ናይ ፡ ኮብቲ ፡ መጽሐፍውን ፡ ና

ይዛ ፡ ስሕተት ፡ እዚአ ፡ ውግዘት ፡ ይግኑ ፡ እዩ ። አብ ፡ ጐሥዓ ፡ ቅዳሴ ፡ ናይ ፡ አብን ፡ ወልድን ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስን ፡ መለኮት ፡ ሐንቲ ፡ እያ ፤ እዙይ ፡ እንካ ብ ፡ ኮነ ፡ አብን ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስን ፡ አይሞቱን ፤ ወልድ ፡ ግን ፡ ሞተ ፡ ናይ ፡ ወልድ ፡ መለኮት ፡ ሞተ ፡ እንተበልካ ፡ ናይ ፡ አብን ፡ ናይ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ መለኮት ፡ ሞተ ፡ ክትብል ፡ ይግበኤካ ። አብ ፡ ሃይማኖተ ፡ አበው ፡ ዚስዕብ ፡ ና ይ ፡ ቅዱስ ፡ እግናጽዮስ ፡ ቃል ፡ አሎ ። ለእመ ፡ ትቤ ፡ መለከት ፡ ሞተ ፡ እን ተ ፡ ትከውን ፡ ቀታሊሆሙ ፡ ለሥሉስ ፡ ቅዱስ ፤ ብኡነት ፡ መለኮታዊት ፡ ባሕር ይ ፡ ተወልደ ፡ ሞተ ፡ ምባል ፡ ይከአልዶ ። ወንጌላዊ ፡ ቅ ዮሐ[ንስ] ፡ ቃል ፡ ሥ ጋ ፡ ኮነ ፡ በለ ፡ እምበይ ፡ መለኮት ፡ ሥጋ ፡ ኮነ ፡ አይበለን ። መለኮት ፡ ሞተ ፡ እንተበልካ ፡ አብን ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስን ፡ ሞቱ ፡ ማለት ፡ እዩ ። መለኮት ፡ ሞተ ፡ ማለት ፡ ብሐድፋኡ ፡ የልቦን ፤ መለኮት ፡ ጠፊኡ ፡ ማለት ፡ እዩ ። ከመይ ፡ ድ ኅሪ ፡ ሞይቱ ፡ ዜተንሥአ ፡ ካልዕ ፡ አምላክ ፡ የልቦን ፡ እሞ ፡ እግዚአብሔር ፡ የ ልቦን ፡ ዚብል ፡ ስሕተት ፡ እዩ ።

፯ይ ፡ ምዕራፍ ፡

ቃል ፡ እምበይ ፡ ቅድስት ፡ ሥላሴ ፡ ሥጋ ፡ አይለበሰትን ።

፩ይ ፤ ቃል ፡ ሥጋ ፡ ኮነ ፡ [ዮሐ ፡ ም ፡ ፩ ፡ ጐ ፡ ፲፬] ፡ [ብዛዕባ] ፡ እተወ ሰነ ፡ አካል ፡ ማለት ፡ ወልድ ፡ ወንጌል ፡ ይናገር ፡ እምበይ ፤ አብ ፡ ሥጋ ፡ ኮነ ፤ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ሥጋ ፡ ኮነ ፡ አይበለን ።

፪ይ ፤ እስመ ፡ ከመዝ ፡ ኣፍቀሮ ፡ እግዚአብሔር ፡ ለዓለም ፡ እስከ ፡ ወልዶ ፡ ዋህደ ፡ ወሀበ ፡ [ዮሐ ፡ ፫ ፡ ፩-፮] ። አብን ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስን ፡ አብ ፡ ናይ ፡ ቃ ል ፡ ሰብአዊት ፡ ባሕርይ ፡ ብፍሉይ ፡ ዓይነት ፡ ይነብሩ ፤ ከመይ ፡ ፫ ፡ አካላት ፡ ሐደ ፡ አብ ፡ ዘለዎ ፡ ኩላቶም ፡ ይነብሩ ፤ ብስምዙይ ፡ እንከ ፡ ወልድ ፡ ብዝተፈ ለ ፡ አካሉ ፡ ሰብ ፡ ኮነ ፡ እምበይ ፡ አብን ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስን ፡ ሥጋ ፡ ለበሱ ፡ ክንብል ፡ እኳ ፡ አይከአልን ፤ ክልተ ፡ አካላት ፡ እንካባኡ ፡ ንሕና ፡ እንካብ ፡ ፍ ቃድናን ፡ አእምሮናን ፡ ከምዘይንፍለ ፡ ክፍለዩ ፡ አይኽእሉን ፡ ሥጋ ፡ ዝለበሰ ፡ ግ ን ፡ ወልድ ፡ ደአ ፡ እዩ ።

፰ይ ፡ ምዕራፍ ።

ሰብ ፡ ኪለው ፡ ምስ ፡ ናይ ፡ አዳም ፡ ኃጢአት ፡ ከምዚውለድ ።

፩ያ ፡ « ወበከመ ፡ በጌጋየ ፡ አሐዱ ፡ ብእሲ ፡ ዐአት ፡ ኃጢአት ፡ ውስተ ፡ ዓለም » ፡ እዙይ ፡ እንካብ ፡ ኮነ ፡ (ሀ) ኃጢአት ፡ ላብ ፡ ዓለም ፡ ማለት ፡ አብ ፡ ኪለዉ ፡ ሰብ ፡ አተወ ፤ [ሁ] ብናይ ፡ አዳም ፡ ክፍአት ፡ ሰብ ፡ ኃጢአተይና ፡ ኮ ነ ፤ ደጊም ፡ ከስ ፡ እዙ ፡ ኃጢአት ፡ እዙይ ፡ እዙ ፡ ናይ ፡ አዳም ፡ ኃጢአት ፡ እንተዘይኾን ፡ አየናይ ፡ ምኾነ ።

ክርክር ።

[፩ያ] ፤ እንተኾነ ፡ ሐዋርያ ፡ « በከመ ፡ ጌጋየ ፡ ፩ዱ ፡ ብእሲ ፡ ብዙኃን ፡ ኮኑ ፡ ኃጥአነ ፡ ከማሁ ፡ በተአዝዞተ ፡ አሐዱ ፡ ብእሲ ፡ ብዙኃን ፡ ኮኑ ፡ ጻድቃነ » ፡ በለ ።

(ሀ) ብዙኃት ፡ እንካብ ፡ በለ ፡ እንካብ ፡ ፩ደ ፡ አብዝኃ ፤ (ሁ) ብመልእኽታቱ ፡ ከምዚርዳእ ፡ ቅ ፡ ጳውሎስ ፡ ኪለው ፡ ክብል ፡ ብዙኅ ፡ ጊዜ ፡ ብዙኃት ፡ ይብል ፤ (ሂ) ቅድሜኡን ፡ ድኅሬኡን ፡ ብዘሎ ፡ ከምዚግለጽ ፡ ሞት ፡ ብኺለው ፡ ሰብ ፡ ከምዝበጽሔት ፡ ይረኤ ፤ እዛ ፡ ሞትከስ ፡ ብኃጢአት ፡ አዳም ፡ ዝመጸት ፡ ቅጽአት ፡ እያ ። ሞት ፡ ናይ ፡ ኃጢአት ፡ ፍረ ፡ ኮነት ፡ እሞ ፡ ሰብ ፡ ልናይ ፡ አዳም ፡ ኃጢአት ፡ ከምዘይተሳተፈ ፡ መይሞተን ፤ መን ፡ እሞ ፡ አሎ ፡ ዘይሞት ።

፪ይ ፤ ዳዊት ፡ [መዝ ፡ ፶፩] ፡ « ናሁ ፡ በኃጢአት ፡ተፀነስኩ ፡ወበዓመፃ ፡ ወለደተኒ ፡ እምየ » ፡ በለ ። ደጊም ፡ እዙ ፡ ኃጢአት ፡ አየናይ ፡ ኃጢአት ፡ እዩ ። ባዕሉ ፡ ቅዳዊት ፡ ዝገበሮ ፡ ከይበሃል ፡ እንቲውለድ ፡ ኃጢአት ፡ ክገብር ፡ አይከአለን ፤ ናይ ፡ ወለዱ ፡ ከይበሀል ፡ ሰብ ፡ ሕጊ ፡ እዮም ፡ ዝነበሩ ። እምበአይከስ ፡ ናይ ፡ አዳም ፡ ኃጢአት ፡ እዩ ።

፫ይ ፤ ደቃትኩም ፡ ልምንታይ ፡ ደአ ፡ ተጠምቁ ፤ ልኩሎም ፡ ተጠምቅዎም ፡ አሎኹም ። እቶም ፡ ኃጢአት ፡ ዘለዎም ፡ እንካብ ፡ ዘይብሎም ፡ ከመይ ፡ ቢላት ኩም ፡ ትፈልጡዎም ፤ አበየናይ ፡ ቅዱስ ፡ መጽሐፍ ፡ እዙይ ፡ ረኸባትኩም ። አብ ፡ ቀዳሞት ፡ ዘመናት ፡ እዙ ፡ ባህሊ ፡ እዙይ ፡ ዝአመኑ ፡ ብ፭፬ ፡ ጉባኤ ፡ ተወጊዞምዶ ፡ የለውን ።

፬ይ ፤ ቅዱስ ፡ አጐስጢኖስ ፡ ናይ ፡ አዳም ፡ ኃጢአት ፡ ልዘየአምን ፡ መናፍቅ ፡ ብደብዳቤ ፡ ምንታይ ፡ በሎ ። እሊ ፡ ቅዱስ ፡ ኢረነዮስ ፡ ቁጽርያኖስ ፡ ረቲሰያኖስ ፡ ጳሊምብዮስ ፡ ኢለርዮስ ፡ አምብሮዝዮስ ፡ ጎርጎርዮስ ፡ ኢነጸንጽዮስ ፤ ካልኦትውን ፡ ብዙኃት ፡ ሊቃውንቲ ፡ ሰብ ፡ ኪለው ፡ ብኃጢአት ፡ ከምዚዉለድ ፡ የስተምህሩ ፡ በለ ።

ክርክር ።

፩ያ ፤ ካቶሊካውያን ፡ ንስኻትኩም ፡ ቄላዉኹም ፡ የመና ፡ ቶሎ ፡ ቢላትኩም ፡ ተጠምቅዎም ።

ም[ላሽ] ፤ ንስኻትኩም ፡ ልወዲ ፡ ፬ ፡ ልጓል ፡ ፫ ፡ መዓልቲ ፡ ምጽባያትኩም ፡ ዓገብ ፡ እዩ ። እኂሆ ፡ (ሀ) ቅድሚ ፡ ጥምቀት ፡ ዚመውት ፡ ቄልዓ ፡ መንግሥተ ፡ ሰማይ ፡ አየአቱን ፤ ትኽልክልዎ ። (ሁ) ሰብነቱ ፡ ድኅሪ ፡ ፬ ፡ ወይ ፡ ፫ ፡ ዚመልእ ፡ ይመስለኩምዶ ። (ሂ) ብጥምቀት ፡ ዚቅደስ ፡ ሥጋኡ ፡ መእዝ ፡ ኮይኑ ፤ ነፍሱ ፡ ደይኮንትን ። ደጊምከስ ፡ ነፍስስ ፡ ዕድመ ፡ ደለዋ ፤ ክትባጽሕስ ፡ ትኽእልዶ ። ሕፃን ፡ እንቲጽነስ ፡ ነፍሲ ፡ ምስ ፡ ሥጋ ፡ ሻቡ ፡ ትዋሀድሞ ፡ ሻቡ ፡ ናይ ፡ ሠይጣን ፡ ባርያ ፡ ትኸውን ፤ ደጊም ፡ እንካብ ፡ ማዕሠር ፡ ሰይጣን ፡ ምፍታሕ ፡ ግዲ ፡ እዩ ።

፪ይ ፤ ጽሩይ ፡ ጥዋፍ ፡ ናይ ፡ ረሳሕ ፡ ጥዋፍ ፡ ርስሐት ፡ ከምዘይቅበል ፡ ከ

ማኡ ፡ ነፍሲ ፡ ቈላው ፡ ንጽሕቲ ፡ ኰይና ፡ ትውለድ ፡ እምበይ ፡ እንካብ ፡ ኃጢ
አት ፡ አይትማላእን ፤ እንተኾነ ፡ ንጽሕናአ ፡ ምስ ፡ ሥጋ ፡ እንትትወሀድ ፡ ብኽ
ሕደት ፡ ተጥፍአ ፡ እዙ ፡ ኃጢአት ፡ እዙይ ፡ ተረፍ ፡ ብዘይ ፡ እግዝእትነ ፡ ማር
ያም ፡ ኪለው ፡ ሰብ ፡ ይወርስ ። እግዚአብሔር ፡ ናይ ፡ ጥምቀት ፡ ጸጋ ፡ እንተኽ
ልኤ ፡ ነፍሳት ፡ ተመሊሰን ፡ ንስሐ ፡ እንተገበራ ፡ እዙ ፡ ናይ ፡ ጥምቀት ፡ ጸጋ ፡
ይቅበላ ። ናይ ፡ ጥምቀት ፡ ጸጋ ፡ ንስሐ ፡ ልዘይገብር ፡ አይተውህበን ።

ም[ላሽ] ፤ እኒሆ ፡ ክንደይ ፡ ሥሕተታት ። ፩ያ ፤ ረቂቅን ፡ ግዙፍን ፡ ብምኻኑ ፤
፪ ፡ ነፍሳትን ፡ ፪ ፡ ጥዋፍን ፡ ኪናጸር ፡ አይኽእልን ፡ እንትብል ፡ ዐንተቦ ፡ አስሚዔ ፡
ነበርኩ ። መሊሰ ፡ ከዓ ፡ ሄዚ ፡ እዙ ፡ ረሳሕ ፡ ጥዋፍ ፡ ምንታይ ፡ ምኻኑ ፡ አነስ ፡
አይርድኤንን ። ከመይ ፡ እንቶ ፡ ሽምዒ ፡ ፍጹም ፡ ጽሩይን ፡ ቅሩብ ፡ ድብን ፡ ዝ
በለን ፡ ኪኾን ፡ ይከአል ፤ ብርሃን ፡ ግን ፡ ወትሩ ፡ ሐንቲ ፡ አይኮነትንዶ ። ፪ይ ፡
ናይ ፡ አዳም ፡ ኃጢአት ፡ እንወርስ ፡ [ናይ ፡ አዳም] ፡ አበሳ ፡ እምበይ ፡ ናይ ፡ ተ
ግባርና ፡ ኃጢአት ፡ አይኮነን ፤ ኡነት ፡ ብሰንኩ ፡ ዜጽድቅ ፡ ጸጋ ፡ ትርሕቀና ፤ እ
ንካብ ፡ ፍዳሜና ፡ ዝኾነ ፡ እግዚአብሔር ፡ እውን ፡ ንርሕቅ ፡ ግና ፡ ፍቃድና ፡ ዘ
ይተሐውሶ ፡ እዩ ።

፫ይ ፤ ነፍሲ ፡ እንካብ ፡ ኢድ ፡ ፈጣሪአ ፡ እንትትወጽእ ፡ ናይ ፡ ክህደት ፡ አበሳ ፡
ክትገብር ፡ ከመይ ፡ ቢላ ፡ ትኽእል ። እንተይተፈጥረት ፡ መዓስ ፡ ምስ ፡ አመነት ።
እዙይከስ ፡ ከምዘይከአል ፡ ዓንተቦ ፡ ተረዲእና ። ነፍሲ ፡ ምስ ፡ ሥጋ ፡ እንትትወ
ሀድ ፡ እያ ፡ እትፍጠር ፡ እሞ ፡ ቅድሚ ፡ ሕላዌአ ፡ ክትብድል ፡ አይከአለትን ።

፬ይ ፤ አምላኽ ፡ ናይ ፡ ጥምቀት ፡ ጸጋ ፡ ይኽልኣ ፡ ምባልኩም ፡ አብ ፡ ርእ
ሲ ፡ ሕያውነት ፡ እግዚአብሔር ፡ ጸርፊ ፡ እዩ ። ልኡልናኽስ ፡ ናይ ፡ ጥምቀት ፡ ፈ
ውሲ ፡ ከምዘዛጋደየልና ፡ ጥላል ፡ እዩ ። እንካብዙ ፡ ጥምቀትዙይ ፡ ፩፩ደ ፡ እንተ
ተረፋ ፡ ናይ ፡ ፍሉያት ፡ ምኽንያት ፡ እዩ ። እዙ ፡ ምኽንያት ፡ እዙይ ፡ ግን ፡ እ
ግዚአብሔር ፡ ብተአምራት ፡ ከርሕቀሎም ፡ አይተትኃዝን ፤ ልጎቦኦም ፡ ሂቡ ፡ ልኻ
ልአት ፡ ናይ ፡ ጥምቀት ፡ ጸጋ ፡ እንተኽልኤሉ ፡ መዳለዊ ፡ ኮነ ፡ ከይትብሉ ፡ ከዓ ፤
እግዚአብሔር ፡ ልኺለው ፡ እንተኽልኤውን ፡ ዓመፃ ፡ መይገበረን ። ከመይ ፡ አባኡ ፡
ሐንቲ ፡ ርትዒ ፡ እኳ ፡ የብልናን ። እንተኾነ ፡ ልጎቦኦም ፡ ኪህባ ፡ ልጕቦኦምው
ን ፡ ኪኽልኣ ፡ አይኽእልን ።

፬ይ ፡ ምዕራፍ ።

ተኽታል ፡ ቅዱስ ፡ [ጴጥሮስ] ፡ ሮማዊ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳስ ፡
ናይ ፡ ኩሊኡ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ሐለቃ ፡ ምኻኑ ።

ክርክር ።

ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ብወንጌል ፡ ከምዚግለጽ ፡ ፩ ፡ ሥልጣን ፡ ተቀቢሉ ፡ አ
ሎ ፤ ግን ፡ ናይ ፡ ሮም ፡ ናይ ፡ እስክንድርያ ፡ ናይ ፡ ቍስጥንጥንያ ፡ ናይ ፡ ኤፌ
ሶን ፡ ፬ ፡ ሊቃነ ፡ ጳጳሳት ፡ ትኽክል ፡ ኢያቶም ። ኤረ ፡ ደአ ፡ ናይ ፡ ሮም ፡ ሊ
ቀ ፡ ጳጳሳትስ ፡ ብሃይማኖት ፡ ምስ ፡ ተሰሐሐተ ፡ ሥልጣኑ ፡ አጥፊኡ ፡ አሎሞ ፡

ብዘመና ፡ ሄዚ ፡ እዞም ፡ ፬ ፡ ሊቃነ ፡ ጳጳሳት ፡ ትኽክል ፡ እንካብ ፡ ኮኑ ፡ ናይ ፡ እስክንድርያ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ጎዝና ፡ አሎና ፡ ይብሉ ።

[ምላሽ] ፤ እዙይ ፡ ልምግላጽ ፡ ፫ ፡ ነገር ፡ ክነረድእ ፡ ኢና ።

፭ያ ፤ ቅዱ[ስ] ፡ ጴጥ[ሮስ] ፡ አብ ፡ ርእሲ ፡ ሐዋርያት ፡ ኩሎም ፡ሥልጣን ፡ ከምዝተውህቦ ፡ ብወንጌል ፡ ተነጊሩ ፡ አሎ ። የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ስምዖን ፡ ቢሉ ፡ እንትሰምዮ ፡ (ማቴ ፡ ፫ ፡ ፲፮) ፡ ስም ፡ ብዘይካ ፡ ምስጢር ፡ አይልወጥን ፤ እንቲ ኮን ፡ ብናይ ፡ ሐዋርያት ፡ ምርጸት ፡ ጊዜ ፡ ስለ ፡ ዝኾነ ፡ ዓብይ ፡ ምሥጢር ፡ ዘ ለዎ ፡ እዩ ፡ ዚኮን ፡ (ሉቃ ፡ ፭ ፡ ፲፬) ፤ ከመይ ፡ ናይ ፡ ካልኦት ፡ ሐዋርያት ፡ ስ ም ፡ ዘይለወጠ ፤ ኰኲሒ ፡ ማለትስ ፡ ምንታይ ፡ የስምዕ ፤ ቤተ ፡ ክርስትያኑ ፡ ክ ሐንፀሉ ፡ ዝደለዩ ፡ እምኒ ፡ እንተዘይኮነ ።

፮ይ ፤ እዙ ፡ ሐዲስ ፡ ስም ፡ እዙይ ፡ ዝሀበሉ ፡ ምኽንያት ፡ የሱ[ስ] ፡ ክር[ስ ቶስ] ፡ ባዕሉ ፡ ገሊጹዎ ። እኂሆ ፡ « አንተ ፡ ኰኲሕ ፡ ወዲበ ፡ ዛቲ ፡ ኰኲሕ ፡ አሐንፃ ፡ ለቤተክርስትያንየ » ፡ (ማቴ ፡ ፲፮ ፡ ፲፰) ፡ ንስኻ ፡ ኰኲሒ ፡ ኢኻ ፡ አ ብዛ ፡ ኰኲሒ ፡ እዚአውን ፡ ቤተ ፡ ክርስትያነይ ፡ ክሠርሕ ፡ እየ ። እዙይ ፡ እን ካብ ፡ ኮነ ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ *መሠረት* ፡ ቅ ፡ ጴጥሮስ ፡ እዩ ፤ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ፭ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ፭ ፡ *መንግሥቲ* ፡ ፭ ፡ ማሕበር ፡ ኪሠርሕ ፡ ከምዝደለየ ፡ አብ ፡ ወንጌል ፡ ፍቃዶኡ ፡ ተገሊጹ ፡ ይርዳእ ። እዙይ ፡ ድጎሪ ፡ ኮ ነ ፡ እዛ ፡ እትስራዕ ፡ ማሕበር ፤ ቤተ ፡ ክር[ስትያን] ፤ ዚዳንያ ፡ ፭ ፡ ሐለቃ ፡ ብ ግዲ ፡ የድልያ ፤ ሐለቃ ፡ ከስ ፡ ጴጥ[ሮስ] ፡ እዩ ።

፫ይ ፤ የሱስ ፡ ክ[ርስቶስ] ባዕሉ ፡ « ወእኁበከ ፡ *መራኁተ* ፡ ዘመንግሥት ፡ ሰ ማያት » ፡ እንቲብል ፡ እዛ ፡ ሥልጣን ፡ እዚአ ፡ አረደኤ ፡ [ናይ ፡ *መንግሥተ* ፡ ሰ ማይ ፡ *መኽፈቻታት* ፡ ክህበካ ፡ እየ] ፡ *መኽፈቻታት* ፡ ብናይ ፡ ሥልጣን ፡ ምሳሌ ፡ ከምዚስማዕ ፡ ጥሉል ፡ ደይኮነን ። *መንግሥተ* ፡ ሰማያት ፡ ዝበሎ ፡ ሄዚ ፡ አብዙ ይ ፡ ቤተ ፡ክርስትያን ፡ ማለት ፡ እዩ ። እዙይ ፡ ድሕር ፡ ኮነ ፡ አብ ፡ ቤተ ፡ ክር [ስትያን] ፡ ናይ ፡ ሐለቃታት ፡ ሥልጣን ፡ ተቀቢሉ ፡ አሎ ። እምበአይከስ ፡ አብ ፡ ርእሲ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ሥልጣን ፡ ኪለው ፡ አለዎ ። ፬ይ ፤ የሱስ ፡ ክር[ስቶ ስ] ፡ እዙ ፡ ዝተውህበ ፡ ሥልጣን ፡ ምንታይ ፡ ምኳኑ ፡ ምእንቲ ፡ ከፍልጠና ፡ ዘ አሠርከ ፡ በምድር ፡ ይኩን ፡ እሡረ ፡ በሰማያት ፤ ወዘፈታሕከ ፡ በምድር ፡ ፍቱሐ ፡ በሰማያት ፡ [አብ ፡ ምድሪ ፡ ዝአሠርካዮ ፡ አብ ፡ ሰማይ ፡ እሡር ፡ ይኩን ፡ አብ ፡ ምድሪ ፡ ዝፈታሕካዮ ፡ አብ ፡ ሰማይ ፡ ፍቱሕ ፡ ይኹን ፡ በለ] ። ምፍታሕን ፡ ም እሣርን ፡ ከስ ፡ ሕጊ ፡ ምሥራዕ ፡ ወይ ፡ ምሥርዓር ፡ ማለት ፡ ምእዛዝ ፡ የስምዕ ። ኪለው ፡ እንካብ ፡ በለኽስ ፡ ምሉእ ፡ አውራ ፡ ልዑል ፡ ሥልጣን ፡ ምኳኑ ፡ የርኢ ።

፭ይ ፤ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ረአይኬ ፡ አባግዕየ ፤ ረአይኬ ፡ *መሐስዕየኡ* ብምባ ል ፡ ልቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ በይኑ ፡ ናይ ፡ ሐለዋ ፡ ሥልጣን ፡ ሀቦ ።

ዮሐንስ ፡ ምዕራፍ ፡ ፲ው፭ ፡ ጐ ፡ ፭ ፡ አባጊዕን ፡ ጓሶትን ፡ ሐሉ ፡ በለ ፡ ማ ለት ፡ ሕዝብን ፡ ጳጳሳትን ፡ እዩ ። ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ እዝ ፡ ልዑል ፡ ሥልጣን ፡ እዙይ ፡ እንካብ ፡ ተቀበለ ፡ እዝ ፡ ሥልጣን ፡ እዙይ ፡ ክንእመነሉ ፡ የድልየና ፡ ከ ስ ። ግብረ ፡ ልዑካን ፡ እንተተመልከትና ፡ ከዓ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ሐለቃ ፡ ሐዋር ያት ፡ ምኳኑ ፡ ብኪለው ፡ ይግለጽ ፡ አሎ ። ቅድሚ ፡ ኩሎም ፡ ቃል ፡ እግዚአ[ብ

ሔር] ፡ ተናገረ ፡ (ግብረ ፡ ሐዋርያት ፡ ፪ ፡ ፲፬-፴) ፡ ድሕሪ ፡ ትንሣኤ ፡ ቅድሚ ፡ ኩሎም ፡ ተአምራት ፡ ገበረ ። ቅድሚ ፡ ኩሎም ፡ ልአይሁድ ፡ አእመነን ፡ አጠ መቀን ። ቅዱስ ፡ ማትያስ ፡ ኪመርጹ ፡ ምስተአከቡ ፡ ኪማኸሩ ፡ እንቲእከቡ ፡ ል ቅድም ፡ ዚናገር ፡ ንሱ ፡ ነበረ ። ሐዋርያት ፡ እንቲስመዮ ፡ ልቅድሞ ፡ ዝጽዋዕ ፡ ን ሱ ፡ ነበረ ። ቅ ፡ ጴጥ[ሮስ] ፡ አብ ፡ ቅድሚ ፡ መኳንንተ ፡ ሀጋር ፡ ዚናገር ፡ ንሱ ፡ ነበረ ። ልሐናንያን ፡ ሰጲራን ፡ ዝፈረዶምን ፡ ዝቀጽኦምን ፡ ንሱ ፡ ኮነ ፡ (ግ ፡ ሐ ፡ ፭ ፡ ፩-፪) ። አብያተ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ዝሕውጽ ፡ ዝነበረ ፡ ንሱ ፡ ኮነ ። ግብረ ፡ ሐዋር ፤ ሞዕ ፤ ፰ ፡ ጐ ፡ ፲፬ ። ወንጌል ፡ ልአሕዛብ ፡ኪሰብኽ ፡ ከምዝግባእ ፡ እ ግዚአብሔር ፡ ብሕልሚ ፡ ዝገለጸሉ ፡ ላኡ ፡ እዩ ። ግብረ ፡ ሐዋርያት ፡ ምዕ ፤ ፱ ፡ ጐ ፡ ፴፰ ። ሐዋርያት ፡ አብ ፡ ኢየሩሳሌም ፡ ጉባኤ ፡ እንቲገብሩ ፡ ዳይናኦም ፡ መ ሪሐም ፡ ክንዲ ፡ ዝነበረ ፡ ንሱ ፡ ብዝበሎ ፡ ቆሙ ። ቅዱ ፡ ጴጥ[ሮስ] ፡ ምስተአ ሥረ ፡ ከዓ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ኩሊአ ፡ ጉሀያ ፡ ጸሎት ፡ ትገብረሉ ፡ ነበረት ። እዙ ፡ ዐቢይ ፡ ሐዋርያ ፡ ቅ ፡ ጳውሎስ ፡ እኳኢ ፡ ልቅ ፡ ጴጥ[ሮስ] ፡ ክርእን ፡ መ ለኮታዊት ፡ መመልእኽቱ ፡ ኪገልጸሉን ፡ (ገላትያ ፡ ም ፡ ፩) ፡ ላብ ፡ ኢየሩሳሌም ፡ ኬዶ ። ብመጽሐፍ ፡ እተገልጸ ፡ ነገርከስ ፡ እኂሆ ፡ እዙይ ፡ አሎና ። ቅዱ ፡ ጴጥ [ሮስ] ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ሕልቅነት ፡ ተቀቢሉ ፡ ሐለቃ ፡ ኮይኑ ፡ ሠርሔ ። ልዙ ፡ ነገር ፡ እዙይ ፡ ዚቃወም ፡ እውን ፡ እንካብ ፡ ሐዋርያት ፡ ፩ ፡ እኳ ፡ አይ ረኽበን ፡ ቅዱስ ፡ ያዕቆብ ፡ እንተኾነ ፡ እኳ ፡ ናይ ፡ ኢለሩሳሌም ፡ ኤጲስ ፡ ቆጶስ ፡ ብስም ፡ ኮነ ፡ አይተቃወሞን ።

፪ይ ፤ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ [ሥልጣን] ፡ ላብ ፡ ተኽተልቱ ፡ ሐሊፉ ፡ አ ሎ ፤ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ሐለቃ ፡ ምኳኑ ፡ ሰማዕና ። እ ዛ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ እዚአ ፡ ከስ ፡ ክሻብ ፡ መጠረሻ ፡ ዓለም ፡ እትነብር ፡ ድ ኅሪ ፡ ኮነት ፡ ሰብ ፡ ኪለው ፡ ከዓ ፡ ብአ ፡ ኪድኅን ፡ ላባኡ ፡ ዚጽጋዕ ፡ እንካብ ፡ ኮነ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ክሻብ ፡ መጠረሻ ፡ ዓለም ፡ ኪነብር ፡ አይኽእልን ፡ እሞ ፡ ሥልጣኑ ፡ ላብ ፡ ተኽተልቱ ፡ ከምዚሐልፍ ፡ ዚረኤ ፡ ሐቂ ፡ ኢዩ ። ቤተ ፡ ክርስ ትያን ፡ እንካብ ፡ ሀለወት ፡ እዛ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ እዚአ ፡ አብ ፡ ፍጻሜአ ፡ ምእንቲ ፡ ክትበጽሕ ፡ ዚመርሐ ፡ በዓል ፡ ሥልጣን ፡ ሐለቃ ፡ የድልያ ፤ እዙ ፡ ሐለ ቃ ፡ ፩ ፡ በይኑ ፡ ከምዚኾን ፡ ግዲ ፡ እዩ ፤ ከመይ ፡ ል፩ ፡ መንግሥቲ ፡ ፩ ፡ ንጉሥ ፡ ከምዘድሊ ፡ ናይ ፡ ፩ ፡ ማኅበር ፡ ሐለቃ ፡ ከዓ ፡ ፩ ፡ ኪኾን ፡ ይግባእ ። እዙይ ፡ እ ንካብ ፡ ኮነ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ፩ ፡ ሐለቃ ፡ ኪሀልዋ ፡ ብግዲ ፡ እዩ ። እዙ ፡ ሐ ለቃ ፡ እዙይ ፡ ከስ ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ምቅማጥ ፡ [ዝጎዘ ፡ እዩ] ፡ ዚኾን ።

ክርክር ።

እንተኮነ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ባዕሉ ፡ ሐለቃ ፡ ደይኮነን ፡ ስለዚው ፡ ከስ ፡ ንሱ ፡ አይኣኽላን ፡ ዶ ፡ ዚብል ፡ እንተሎ ።

ም[ላሽ] ፤ እማን ፡ ደአ ፡ ሐለቃ ፡ እዩ ፤ ግን ፡ እማ ፡ ጐይታና ፡ የሱስ ፡ ክር ስቶስ ፡ ዘይረኤ ፡ ሐለቃ ፡ እማ ፡ ኢዩ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ግን እተረኤ ፡ ማኅ በር ፡ እንካብ ፡ ኮነት ፡ ዚረኤ ፡ ሐለቃ ፡ ከዓ ፡ ክሀልዋ ፡ ናይ ፡ ግዲ ፡ እዩ ። ብ ዘይካ ፡ እዙይስ ፡ ሰአን ፡ ሐላዊ ፡ ትምህርታ ፡ ጥራይ ፡ ስሕተት ፡ ምኾነ ፡ ነበረ ።

ትረይዋቶም ፡ ሄዚ ፡ እዞም ፡ ፅረ ፡ ማርያም ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ዘይረኤ ፡ ሐለቃ አቶም ፡ ምኳኑ ፡ የአምኑ ፤ ትምህርቶም ፡ አጽኒው ፡ ዚሕሉ ፡ ዋነይና ፡ ሐለቃ ፡ ስለ ፡ ዝሰአኑ ፡ እንካብ ፡ ፪ሽሕ ፡ አብ ፡ ዚበዝኑ ፡ ተፉላልዮም ፡ እኒሆሙ ።

፫ይ ፤ ሮማውያን ፡ ሊቃነ ፡ ጳጳሳት ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ተኸተልቲ ፡ እያቶም ፤ ማለት ፡ ላኡ ፡ዝተውህበት ፡ ሥልጣን ፡ (ሕልቅነት) ፡ ተቀቢላቶም ፡ አ ለዉ ። እዙይ ፡ ብታሪኽ ፡ ይርዳእ ።

፭ያ ፡ እኒሆ ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ፪ይ ፡ ተከታሊኡ ፡ ቅዱስ ፡ ቀሌምን ጦስ ፡ ግና ፡ ቅዱስ ፡ ያዕቆብ ፡ ብሕወቱ ፡ አብ ፡ ቆሮንጦስ ፡ እንተሎ ፡ ዝተልዓ ለ ፡ ሁከት ፡ ኬጥፍእ ፡ ላብ ፡ ናይ ፡ ቆሮንጦስ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ወረቀት ፡ ጽ ሒፉ ፡ አብታ ፡ ወረቀት ፡ እቲአ ፡ ናይ ፡ ሮም ፡ ሊቃነ ፡ ጳጳሳት ፡ እንካብ ፡ ዝተ ኸተሉ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ፡ ናይ ፡ ምምእዛዝ ፡ ርትዒ ፡ ከም[illegible]ለዎ ፡ እዘኪሩ ፡ አ ሎ ። እዛ ፡ ወረቀት ፡ እዚአ ፡ ከስ ፡ ድጎሪ ፡ እዙ ፡ ነገርዙይ ፡ ብ፳ ፡ ዓመት ፡ ተሸይሙ ፡ ዝነበረ ፡ ናይ ፡ ቆሮንቶስ ፡ ኤጲስ ፡ ቆጳስ ፡ ደንዝዮስ ፡ ከምዝበለ ፡ አ ብ ፡ ናይ ፡ ቆሮንቶስ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ብብሰንበት ፡ የንብብዋታ ፡ ነበሩ ።

፮ይ ፤ ብካልአይ ፡ ዘመን ፡ ሬክቶር ፡ ዚበሃል ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ልናይ ፡ አዚ ያ ፡ ኤጲስ ፡ ቆጳሳት ፡ ናይ ፡ ፋሲካ ፡ ዕለት ፡ ከም ፡ ናይ ፡ ሮም ፡ ልማድ ፡ ኬ ክብሩ ፡ አዘዛቶም ።

፯ይ ፤ ቅዱስ ፡ ሂግናጽዮስ ፡ ሰማዕቲ ፡ ብ፻፯ ፡ ልሮማውያን ። ወረቀት ፡ ጽ ሒፉ ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያኖም ፡ ቅድምና ፡ ሥልጣን ፡ ብዙኅ ፡ ጊዜ ፡ ተአሚ ኑ ፡ ነጊሩ ፡ አሎ ።

፰ይ ፤ ኢረንያስ ፡ (ብ፪፻፪ ፡ ዝዓረፈ) ፡ ናይ ፡ ጶሊካርፓ ፡ ወዲ ፡ መዝሙር ፡ ነበረ ፡ ፓሊካርፓ ፡ እንከ ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ዮሐንስ ፡ ተምሀሪይ ፡ ነበረ ፡ ደጊም ፡ እዙ ፡ ኢረነያስ ፡ ምንታይ ፡ በለ ፤ ብሕልቅነታ ፡ አውራ ፡ ስለዝኾነት ፡ ቤተ ፡ ክ ርስትያናት ፡ ኩለን ፡ ምስ ፡ ናይ ፡ ሮማ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ምስምማዕ ፡ የድል የን ፡ በለ ።

፱ይ ፤ መሊሱ ፡ ብካልአይ ፡ ዘመን ፡ ብ፻፷፯ ፡ ብሰማዕትነት ፡ ዝዓረፈ ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ዮሐንስ ፡ ረድኢ ፡ ዝነበረ ፡ ናይ ፡ ሰምርኔስ ፡ ኤጲስ ፡ ቆጳስ ፡ ቅዱስ ፡ ፓሊካምቻፓ ፡ ብናይ ፡ ፋሲካ ፡ ዕለት ፡ ነገር ፡ ልአኒሰት ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ኪጥ ይቅ ፡ ልሮማ ፡ ኬደ ።

፲ይ ፤ ብሣልሳይ ፡ ዘመን ፡ ልመናፍቃን ፡ ካልአይ ፡ ምጥማጥ ፡ ዜድልን ፡ ዘ የድልን ፡ ምኳኑ ፡ አብ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ዓብይ ፡ ክርክር ፡ ተልዒሉ ፡ ነበረ ፤ ደጊም ፡ ሮማዊ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ብዝወሰኖ ፡ ኩላቶም ፡ ቆሙ ።

፲፩ይ ፤ ብሣልሳይ ፡ ዘመን ፡ ቅዱስ ፡ ደኒዚዮስ ፡ ልናይ ፡ እስክንድርያ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ሃይማኖትካ ፡ አብ ፡ ቅድመይ ፡ ክትእመን ፡ ነዓ ፡ ቢሉ ፡ ምስ ፡ ጸውያ ፡ እሺ ፡ ቢሉ ፡ ከደ ።

፲፪ይ ፤ ቅዱስ ፡ አትናቴዎስ ፤ ቅዱስ ፡ ዮሐንስ ፡ አፈ ፡ ወርቅ ፤ ስደት ፡ ምስ ፡ ሰደድዎም ፡ ተገፊዕና ፡ እንቲብሉ ፡ ላብ ፡ ሮማዊ ፡ ሊቀ ፡ ወንበር ፡ ጠርዑ ።

፲፫ይ ፤ ቅዱስ ፡ አጐስጢኖስ ፡ ዜደንቅ ፡ ቃል ፡ ሐዲጉልና ፤ እኒሆ ፡ ሮማ ፡ ተ ናገረት ፡ ክርክር ፡ ዘቦኡ ፡ ተጠረሸ ።

፲ይ ፤ ብሐምሳይ ፡ ዘመን ፡ ብ፩፻፴፩ ፡ ሰለስቲኖ ፡ ጳጳስ ፡ ቅድሚ ፡ ጉባኤ ፡ ኤፌሶን ፡ ንስጥሮስ ፡ እንቲውገዝ ፡ አብቲ ፡ ጉባኤ ፡ ምቅማጡ ፡ ዚሕዝ ፡ ልቅዱስ ፡ ቄርሎስ ፡ ለአከ ።

፲ውኗ ፤ ቅዱስ ፡ ቄርሎስ ፡ ናይ ፡ ንስጥሮስ ፡ ስሕተት ፡ ልሰለስቲኖ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ነጊሩ ፡ ዚግበር ፡ ምንታይ ፡ ከምዝኾነ ፡ ጠየቆ ።

መ[በል] ፡ ፲፪ ፡ ቅዱስ ፡ ባዚሊዮስ ፡ ላብ ፡ ቅዱስ ፡ አተናቴዎስ ፡ እንቲጽሕፍ ፡ ልቤተ ፡ ክርስትያኑ ፡ ዚጽግም ፡ ዚነበረ ፡ ቃውፍቲ ፡ ልምጥፋእ ፡ ላብ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ከምዚከድ ፡ መከሮ ። ሄዚ ፡ እንካብ ፡ ናይ ፡ ግሪክ ፡ ሊጡርጊያ ፡ እተቀድሑ ፡ ጥቅስታት ፡ ነስተውዕል ፤ ፭ያ ፤ ብናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ መዋቅሕ ፡ በዓል ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያንን ፡ ናይ ፡ ሃይማኖትን ፡ መሠረት ፡ ዛይንቅነቅ ፡ ናይ ፡ ኡነት ፡ ዓምዲ ፡ ቀ[illegible]ማይ ፡ አክሊል ፡ ዝተቀበለ ፡ ተብሂሉ ፡ አባኡ ፡ ተጽሒፉ ፡ ይግነ ። ፮ይ ፤ አብ ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ጳውሎስ ፡ በዓል ፡ መዓልቲ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ናይ ፡ ሃይማኖት ፡ ኩኩሒ ፡ ናይ ፡ ሃይማኖት ፡ መሠረት ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ዓይና ፡ [ናይ] ፡ ጸጋን ፡ ናይ ፡ መንግሥት ፡ ሰማይን ፡ አውራ ፡ ርእሲ ፡ ደገ ፡ ተብሂሉ ፡ ይንገር ። ፫ይ ፤ ቅዱስ ፡ ልዮን ፡ ብ፲፰ ፡ የካቲት ፡ አባኡ ፡ ይከብርሞ ፡ ናይ ፡ ኡነተይና ፡ ናይ ፡ ክርስቶስ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ርእሲ ፡ ናይ ፡ ሃይማኖት ፡ ዓይንን ፡ መሠረትን ፡ ናይ ፡ ትምህርቲ ፡ ሥርዓት ፡ ናይ ፡ ክቡር ፡ ጴጥሮስ ፡ ወንበር ፡ ዝሐዘ ፡ ቢሎም ፡ ይጽውዕዎ ። ብብዘመኑ ፡ ታሪክ ፡ ኪለው ፡ እንትንምልከት ፡ ሮማዊ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ሥልጣን ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ወራሲ ፡ ምኳኑ ፡ ከምተአምነ ፡ አጸቢቀ ፡ መረዳእኹ ፡ ነበረ ። ብ፩፻፭ ፡ አብ ፡ ዝከበረ ፡ ጉባኤ ፡ ኬልቄዶን ፡ ማዕረ ፡ ፭፻፴ ፡ ጳጳሳት ፡ ዳርጋ ፡ ኩሎም ፡ ምሥራቃውያን ፡ ተአኪቦም ፡ ልአውጣኪ ፡ አወገዝዎ ፤ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ልዮን ፡ ልኡካት ፡ ከዓ ፡ ል ቅዱስ ፡ ፍላቢያኖስ ፡ ዝጸሐፉ ፡ ደብዳበ ፡ ጎዛቶም ፡ መጺኦም ፡ ምስ ፡ አንበቡዋ ፤ ጳጳሳት ፡ ኩሎም ፡ ናይ ፡ አበውን ፡ ናይ ፡ ሐዋርያትን ፡ ሃይማኖት ፡ ንሳ ፡ እያ ፤ ኡነተይና ፡ ሃይሚኖት ፡ ንሳ ፡ እያ ፤ ሃይማኖትና ፡ እዚኣ ፡ ኢያ ፡ ልዙይ ፡ ዘይአመነ ፡ ውጉዝ ፡ ጴጥሮስ ፡ ብአፍ ፡ ልዮን ፡ ተናገረ ፤ እንቲብሉ ፡ ዋዕ ፡ ቢሎም ፡ አስምዑ ።

ክርክር ።

፭ያ ፤ ካልኦት ፡ ሐዋርያት ፡ እውን ፡ እምበይ ፡ እዙ ፡ ዓብይ ፡ ሥልጣን ፡ እዙይ ፡ ቅቡላት ፡ እዮም ፤ ማ[ለት] ፡ ናይ ፡ ምሉእ ፡ ዳይንነት ፡ ሥልጣን ፡ ተውሂቡዎም ፡ አሎ ፡ ልዚብል ።

ምላሽ ፤ ሐቂ ፡ እዩ ፤ እንተኮነ ፡ ናይ ፡ ካልኦት ፡ ሐዋርያት ፡ ሥልጣን ፡ ብሞቶም ፡ ከምዝጠፍኤ ፡ ርግጽ ፡ እዩ ፤ ከመይ ፡ መገመርያ ፤ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ሐለቃኦም ፡ ብምኳኑ ፡ መክፈቻታቶ ፡ ማ[ለት] ፡ ናይ ፡ ሕልቅነት ፡ ልዑል ፡ ሥልጣን ፡ ምቅባሉ ፡ አመኑ ፤ ካልኣይ ፤ እዙ ፡ ሥልጣን ፡ እዙይ ፡ ልኩሎም ፡ በጸሑዎም ፡ ከምኮነ ፡ እዞም ፡ ጳጳሳት ፡ ከምዘለዎም ፡ ልተኸተልቶም ፡ እውን ፡ ከምዘጎለፉዎ ፡ እላፈለጡ ፡ ደአ ፡ ንሳቶም ፡ ዘይረኸቡዎ ፡ ሥልጣን ፡ ዘይተቀበለ ፡ እንተዚኮን ፡ ከመይ ፡ ቢሎም ፡ ልሐደ ፡ እንካባኣቶም ፡ ብዘይ ፡ ምቅዋም ፡ ኪእዘ

ዙ ፡ ከአሉ ። እኂሆ ፡ ከስ ፡ ንሳቶም ፡ ዘይብሎም ፡ ሥልጣን ፡ ከምዚተቀበለ ፡ ስ ለዝፈለጡ ፡ እዩ ፡ እምበይ ፡ ኩሎም ፡ ትኽክል ፡ ከም ፡ ኮኑስ ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴ ጥሮስ ፡ ተኽታሊ ፡ ልካልኦት ፡ ናይ ፡ ሐዋርያት ፡ ርትዒ ፡ አሎና ፡ እንተዘይብሉ ፡ እኳ ፡ ክእዝዞም ፡ አይኽእልን ። ፫ይ ፤ ልምንታይ ፡ ቅዱስ ፡ ማቴዎስ ፡ ምዕ ፤ ፲ ፡ ጕ ፡ ፪ ፡ ልሐዋርያት ፡ እንቲ ፡ ሰሚ ፡ ጴጥሮስ ፡ ዝተብሃለ ፡ ስምዖን ፡ መዝመርያ ፡ ኮ ነ ፡ ቢሉ ፡ ምዝመረ ። እዙይስ ፡ ምጋምር ፡ ሰለስተ ፡ ጸወዔ ፡ ወይ ፡ ብዕድመ ፡ ዚዓብዮም ፡ ነቢሩ ፡ ከይበሃል ፤ አይኮነን ፡ ብየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ዝሀቦ ፡ ሥልጣን ፡ ደኣ ፡ እምበይ ።

፬ይ ፤ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ልቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ በይኑ ፡ መኽፈቻታት ፡ ብመ ሀቡ ፡ ናይ ፡ ምፍታሕን ፡ ናይ ፡ ምዕሳርን ፡ ፈዑል ፡ ሥልጣን ፡ ሂቡዎ ፡ አሎ ። ደጊም ፡ እዙይ ፡ ሥልጣን ፡ እዙይ ፡ ልካልኦት ፡ ሐዋርያት ፡ እንቲሀብ ፡ ኪሠር ሑሉ ፡ የሰልጥኖም ፡ እምበይ ፡ መክፈቻታት ፡ አይሀቦምን ። ከመይ ፡ እዙ ፡ መክ ፈቻታት ፡ እዙይ ፡ ልጴጥሮስ ፡ በይኑ ፡ እዩ ፡ ዝተውሀበ ፤ ካልኦትንከ ፡ ኪአሥሩ ን ፡ ኪፈትሑን ፡ ኡነት ፡ ተሠልጢኖም ፡ ልዑል ፡ ሥልጣን ፡ ከጥርዩ ፡ ግን ፡ እ ኳ ፡ አይተቀበሉን ።

፭ይ ፤ ናይ ፡ ሮማ ፡ ሊቃነ ፡ ጳጳሳት ፡ ብኡነት ፡ ጎልቅነት ፡ ተቀበሉ ፡ ግን ፡ ልዮን ፡ ምስ ፡ ተሰሐሐተ ፡ እምበይ ፡ አጥፊአሙዎ ፤ ንሕና ፡ ግን ፡ ናይ ፡ እስክ ንድርያ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ሥልጣን ፡ ከምዘለዎ ፡ ነአምን ፡ ከመይ ፡ ንሱ ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ወድመዝሙር ፡ ናይ ፡ ዝኮነ ፡ ቅዱስ ፡ ማርቆስ ፡ ተኽታሊ ፡ እ ዩ ፤ መሊሱ ፡ ከዓ ፡ ናይ ፡ እስክንድርያ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ብሃይማኖት ፡ እኳ ፡ አ ይተጋገዩን ፡ እዮም ፡ ልዚብል ።

ምላ[ሽ] ፤ ፮ያ ፡ ብመጻሕፍትን ፡ ብአበውን ፡ ብአእምሮን ፡ ዝተረደኤት ፡ ክትእ መን ፡ ዚግበአ ፡ ናይ ፡ ሐቂ ፡ ሃይማንት ፡ ፪ተ ፡ ባሕርይ ፡ እትብል ፡ ከምዝኮነት ፡ ዓንተቦ ፡ አረዲኤ ፡ አሎኩ ። እዙይ ፡ እንካብ ፡ ኮነ ፡ ቅዱስ ፡ ልዮን ፡ አይተጋገ የን ፡ እሞ ፡ ልዑል ፡ ሥልጣኑ ፡ አየጥፈኤን ።

፯ይ ፤ ብሐድፋኡ ፡ ቅዱስ ፡ ልዮን ፡ ተጋገየ ፡ ምባልስ ፡ ዘይከኣል ፡ እዩ ፤ እ ኂሆ ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ተኽታሊ ፡ እንካብ ፡ ኮነ ፡ ልቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ዝ ተውሀበ ፡ ልዑል ፡ ሥልጣን ፡ ኪለው ፡ ማ[ለት] ፡ ናይ ፡ ዘይምጋጋይ ፡ ኃይሊ ፡ ከ ምዝተውሀቦ ፡ ይፍለጥ ፡ ከመይ ፡ ጕይታና ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ባዕሉ ፡ ሃይማኖ ቱ ፡ ከምዘይትደክም ፤ ናይ ፡ ጋሃነም ፡ ደጋታት ፡ ልቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ከሸንፋ ፡ እኳ ፡ ከምዘይክእሉ ፡ ልቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ አሰፊይዎ ፡ አሎ ። (ሉቃሰ ፡ ፭፪ም ፡ ጕቤ ፡ ፴፩-፴፪ ፡ ማቴዎስ ፡ ፲፮ ፡ ፲፩ን፲፱ን) ፡ እምበአይከስ ፡ ልቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ናይ ፡ ዘይምስሕሓት ፡ ኃይሊ ፡ ዘሰፈወ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ሐሳዊ ፡ ኮነ ፡ የብለ ኩም ። መሊሱ ፡ ከዓ ፡ ቅዱስ ፡ ልዮን ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ መሠረት ፡ ም ኳን ፡ ከምአቋረጸ ፤ ተከተልቱ ፡ ኩሎም ፡ ከዓ ፡ ናይ ፡ ዘምስሕሓት ፡ ኃይሊ ፡ ከ ምዝተውሀቦም ፡ የሱስ ፡ ልቅዱስ ፡ ጴጥሮስን ፡ ልተከተልቱን ፡ ዝሀቦ ፡ ተስፋ ፡ ወ ይ ፡ ጠለሞ ፡ ወይ ፡ ተጋገየ ፡ ወይ ፡ ከዓ ፡ ኪፍጽሞ ፡ ተስአኖ ፤ አይከአለን ። አ ንተ ፡ ኰኲሕ ፡ ወዲበ ፡ ዛቲ ፡ ኰኲሕ ፡ አሐንፃ ፡ ለቤተ ፡ ክርስትያንየ ፡ ወአና ቅጸ ፡ ሲኦል ፡ ኢይሔይልዋ ። ማቴዎስ ፡ ምዕራፍ ፡ ፲፮ ፡ ጕልቍ ፡ ፲፰ ። ንስኻ ፡

ኾኸሒ ፡ ኢኻ ፡ አብዙ ፡ ኾኸሒ ፡ እዙይ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያነይ ፡ ክሠርሕ ፡ እየ ፡ ናይ ፡ ሲኦል ፡ ገሃነም ፡ ደጋታት ፡ እውን ፡ አይከሸንፋዋን ። ብዙ ፡ ቃል ፡ እዙይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስን ፡ ተኸተልቱን ፡ ናይ ፡ ኪለው ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ መሠረት ፡ ጐይታና ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ብዝአሠሩዎም ፡ ዚረኤ ፡ እዩ ። ደጊም ፡ ከስ ፡ ብሃይማኖት ፡ ባዕልቶም ፡ ዚጋገዩ ፡ ድጎር ፡ ኮኑ ፡ ከመይ ፡ ቢሎም ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ መሠረት ፡ ምኻን ፡ ይከአሎም ። የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ አብ ፡ ምድሪ ፡ ዝፈታሕካዮ ፡ አብ ፡ ሰማይ ፡ ፍቱሕ ፤ አብ ፡ ምድሪ ፡ ዝአሠርካዮ ፡ አብ ፡ ሰማይ ፡ እሠር ፡ ይኹን ፡ ዝበሎ ፡ ልቅዱስ ፡ ጴጥሮስን ፡ ልተኸተልቱን ፡ እዩ ፡ እሞ ፡ ተኸተልቱ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ብሃይማኖት ፡ ዚጋገዩ ፡ ከምኮኑ ፡ አብ ፡ ምድሪ ፡ ዘይሰተምህርዎ ፡ ስሕተት ፡ አብ ፡ ሰማይ ፡ ኪልከጦ ፡ ኪቅበል ፡ ከመይ ፡ ቢሉ ፡ ምኽአለ ። ደጊሞከሰ ፡ ቅዱስ ፡ ልዮን ፡ አይተጋገን ።

ፒይ ፤ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ መሠረት ፡ ድኃሪ ፡ ልዮን ፡ ተለወጠ ፡ ከይት ብሉ ፡ ከዓ ፡ አብ ፡ ሐደ ፡ መንግሥቲ ፡ ፬ ፡ መንግሥታት ፡ ኪንግሡ ፡ ዘይኾን ፡ እዩሞ ፡ ሐለቃ ፡ ሐደ ፡ ጥራይ ፡ ደአ ፡ ኮነ ። ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ሐለቃ ፡ የብላን ፡ ዚብል ፡ ከይግነ ፡ ከዓ ፡ እምብአይ ፡ ከስ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶር ፡ ብዘይ ፡ ሐለቃ ፡ ማኅበር ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ብምትካሉ ፡ ብጥበብ ፡ አይገበረን ፡ እምበአይ ከስ ፡ ከም ፡ አምላኽ ፡ አይገብረን ። ብናይ ፡ ዲዮስቆሮስ ፡ ስሕተት ፡ ምኽንያት ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ መሠረት ፡ ተለወጠ ፡ እንተበልካ ፡ እምበአይ ፡ መናፍቃን ፡ ኩሎም ፡ ከማኡ ፡ ኪብሉ ፡ ይኽእሉ ፤ ደጊምከስ ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ መሠረት ፡ ብብጊዜኡ ፡ ኪልወጥ ፡ ከአለ ፤ እዙይስ ፡ ዕብድና ፡ እዩ ። የሱስ ፡ እዙይ ፡ ከም ፡ ገበረ ፡ አምላኽ ፡ መይኮነን ።

፬ይ ፤ ቅዱስ ፡ ልዮን ፡ ከምዘይተጋገየ ፡ መሠረት ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ከም ዘይተለወጠ ፡ እንካብ ፡ ተረዳእና ፡ ላብ ፡ ካልዕ ፡ ነገር ፡ ንሕለፍ ። ማ[ለት] ፤ ናይ ፡ እስክንድርያ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ እንካብ ፡ ዲዮስቆርስ ፡ ልደሐር ፡ ከም ፡ እተጋገዩ ፡ ከረድእ ፡ እየ ። እዙይእውን ፡ ብዘምጻእኩሙለይ ፡ ነገር ፡ ክረትዔኩም ፡ እየ ።

መዝ[መርያ] ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ወዲ ፡ መዝሙር ፡ ቅዱስ ፡ ማርቆስ ፡ ምቅማጥ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ አይኃዘን ፡ ከመይ ፡ ቅድሚ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ብ፮ ፡ ዓመት ፡ ሞይቱ ፡ ነበረ ።

ካል[አይ] ፤ ቅዱስ ፡ ቄርሎስ ፡ ዘእስክንድርያ ፡ አብ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ፪ተ ፡ ባሕርያት ፡ ከምዘለዋ ፡ የአምን ፡ ነበረ ፤ ዲዮስቆሮስ ፡ ግን ፡ ተኸታሊኡ ፡ ብስም ኮነ ፡ ሐደ ፡ ባሕርይ ፡ በለ ። ደጊምከስ ፡ ሐዲኡም ፡ ከምዝተጋገዩ ፡ ርግጽ ፡ እዩ ። እዙይ ፡ ድጎር ፡ ኮነ ፡ ዲዮስቆሮስ ፡ ሐደ ፡ ባሕርይ ፡ ቢሉ ፡ ከምዘስተምህረ ፡ እትፈልጡዋቶ ፡ እዩ ፡ ቅዱስ ፡ ቄርሎስ ፡ ፪ ፡ ባሕርይ ፡ ከምዘስተምህረ ፡ ግን ፡ ሄዚ ፡ ከረደኤካትኩም ፡ ስምዑ ።

(ሀ) ቅዱስ ፡ ቄርሎስ ፡ አብ ፡ ርእሲ ፡ ንስጥሮስ ፡ ብዝጸሐፉ ፡ ቀዳመይቲ ፡ መልእኽቱ ፡ ምንታይ ፡ ጸሐፈ ፤ እግዝእትነ ፡ ማርያሞ ፡ ሰብአዊት ፡ ባሕርይ ፡ እምበይ ፡ መለኮታዊት ፡ ባሕርይ ፡ አይወለደትን ፡ እንተኮነ ፡ ሰብአዊት ፡ ባሕርይ ፡ ናይ ፡ ዝወሰደ ፡ አካል ፡ እኖ ፡ ኮነት ። እዙ ፡ አካል ፡ እዙይ ፡ ከስ ፡ ሰብ ፡ በይ

ኑ ፡ አይኮንን ፡ ዋኢ ፡ አምላኽውን ፡ እዩ ፤ ብዙይ ፡ ከስ ፡ እግዝእትነ ፡ ማርያም ፡ ወላዲተ ፡ አምላኽ ። ኮነት ። አምላኽን ፡ ሰብን ፡ ዝኮነ ፡ አካል ፡ እንቲብል ፡ ከ ስ ፡ ፪ ፡ ባርያት ፡ የስምዕ ፡ ከመይ ፡ መለኮታዊት ፡ ባሕርይ ፡ ከምዘይነበሮ ፡ አም ላኽ ፡ መይኮንን ፡ ሰብአዊት ፡ ባሕርይ ፡ ከምዘይነበረቶ ፡ ከዓ ፡ ሰብ ፡ መይኮንን ። እኒሆ ፡ ከስ ፡ ፪ ባሕርይ ፡ ከምዘስተምህረ ፡ ቅዱስ ፡ ቄርሎስ ፡ ርግጽ ፡ እዩ ።

(ሁ) ፪ይ ፡ አብ ፡ ርእሲ ፡ ምሥራቃውያን ፡ ብዝጸሐፎ ፡ ከሞዙይ ፡ ይብል ፤ ል ባሕርያት ፡ አይንደባልቀን ፡ አይንሐውሰንዊ ፡ ብሐንቲ ፡ ባሕርያዊት ፡ ተዋህዶ ፡ ፪ ፡ ዚማሳሰላ ፡ ነገራት ፡ ዘይኮነስ ፡ አምላኽነትን ፡ ሰብነትን ፡ አለዋ ፡ ንበል ፡ በለ ።

(ሂ) ፫ይ ፡ መሊሱ ፡ አብ ፡ ርእሲ ፡ ንስጥሮሳውያን ፡ ካልኤይት ፡ ወረቀት ፡ [ጽሑፉ] ፡ እግዝእትነ ፡ ማርያም ፡ እንካብ ፡ ብዝፀነሰትሉ ፡ ጊዜ ፡ ዝሞሚራ ፡ ልየ ሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ አብ ፡ ከርሳ ፡ አኅደረት ፡ እምበይ ፡ ፈለማ ፡ ዕሩቅ ፡ ብእሲ ፡ ድኅሪ ፡ ወሊዳ ፡ ላባኡ ፡ ቃል ፡ አይተሐውሰን ፡ በለ ። እዙይ ፡ ምውሀድ ፡ እዙ ይ ፡ ናይ ፡ ባሕርይ ፡ እንተዘይኮነ ፡ ናይ ፡ ምንታይ ፡ ምኮነ ። ሥጋ ፡ ዝኮነት ፡ ሐ ንቲ ፡ ባሕርይ ፡ ዚብል ፡ ቃል ፡ ኀዝኩም ፡ ከይትከራኽሩ ፡ ከዓ ፡ እዙይ ፡ አየካ ራኽረኩምን ፡ ከመይ ፡ መዝመርያ ፡ ሣልሳይ ፡ ናይ ፡ ጉባኤታት ፡ ማለት ፡ ኬል ቄደን ፡ ፪ይ ፡ ናይ ፡ ቍጥንጥንያን ፡ ናይ ፡ ላትራንን ፡ ጉባኤታት ፡ ከምናይ ፡ ካቶ ሊክ ፡ ሃይማኖት ፡ ምኳኑ ፡ ፈሊጦም ፡ ልዙ ፡ ቃልዙይ ፡ ክናገሩዎ ፡ ደለዩ ። ቅደ ስ ፡ ቄርሎስ ፡ አብ ፡ ርእሲ ፡ ንስጥሮስ ፡ እዙይ ፡ ምንጋሩ ፡ ንስጥሮስ ፡ አብ ፡ የ ሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ፪ተ ፡ አካል ፡ ቢሉ ፡ ነበረሞ ፤ አብ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ፭ደ ፡ አካል ፡ እምበይ ፡ ፪ተ ፡ ከምዘይኮነ ፡ ከረድእ ፡ ቢሉ ፡ ነበረ ፡ ሐሳቡ ። ስለዙይ ፡ ከስ ፡ ክንዲ ፡ ፭ ፡ ባሕርይ ፡ ምባል ፡ ሥጋ ፡ ዝኮነት ፡ ሐንቲ ፡ ባሕይ ። እዙይ ፡ ከስ ፡ ትክክል ፡ አይኮነን ።

፬ይ ፤ ቅዱስ ፡ ቄርሎስ ፡ እዙ ፡ ቃል ፡ እዙይ ፡ ሒዞም ፡ ፭ ፡ ባሕርይ ፡ ዚ ብሉ ፡ ይጋገዩ ። መሠረቶምን ፡ እውን ፡ ከንቱ ፡ እዩ ፡ ከምዝበለ ፡ አዘኪረ ፡ እየ ። ደጊም ፡ ከስ ፡ ቅዱስ ፡ ቄርሎስ ፡ ክተናሽዉ ፡ ዶትደሊዩ ፤ ወይስ ፡ ናይዙ ፡ ቃልዙ ይ ፡ ምሥጢር ፡ እንካብ ፡ በሃሊኡ ፡ አብሊጽኩም ፡ እትሰምዑዎ ፡ ምኳንኩም ፡ ኢዩ ።

ማእሠርያ ፤ ቅደስ ፡ ቄርሎስ ፡ ፪ ፡ [ባሕርይ] ፡ ዲዮስቆሮስ ፡ ፭ ፡ ባሕርይ ፡ ቢ ሎም ፡ እንካብ ፡ አስተምህሩን ፤ ሐዲአም ፡ ብግዲ ፡ ተጋግዮም ፡ አለው ፤ ቅዱስ ፡ ቄርሎስ ፡ ከስ ፡ አይተጋገን ፤ ከመይ ፡ እንተበሉ ፡ አብ ፡ መዝመርያ ፡ ምዕራፍ ፡ አብዙ ፡ መጽሐፍ ፡ እዙይ ፡ ትምህርቱ ፡ ኡነተይና ፡ ትምህርቲ ፡ ምኳና ፡ አረዲ አናዮ ፡ አሎና ። እዙይ ፡ እንካብ ፡ ኮነ ፡ ዲዮስቆርስ ፡ ምስ ፡ ተከተልቱ ፡ ኩሎ ም ፡ ከምዝተጋዩ ፡ ትሐዝ ፡ እዩ ። እምበአይከስ ፡ እዙ ፡ ዓብይ ፡ ሥልጣን ፡ አ ብ ፡ ናይ ፡ ሮም ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ እዩ ፡ ክሻብ ፡ ሄዚ ፡ ዐኒው ፡ አሎ ። ክንረድ አ ፡ ዝደለና ፡ ትምህርቲ ፡ እውን ፡ እዙይ ፡ እዩ ። ናይ ፡ ቤቀ ፡ ክርስትያን ፡ ኡ ነተይና ፡ በዓል ፡ ሥልጣን ፡ ዳይናስ ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ማርቆስ ፡ ምቅማጥ ፡ ዝወ ረሰ ፡ እዩ ፡ እንተበልኩም ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ኩሊአ ፡ ብናይ ፡ ሃይማኖት ፡ ነ ገር ፡ ኪለው ፡ ሐለቃአ ፡ ከምኳኑ ፡ ላኡ ፡ ትውከስ ፡ ከምዝነበረት ፡ ብመጻሕፍት ን ፡ ብሰብ ፡ ታሪክን ፡ ምርዳእ ፡ የድልየኩም ፤ እንተ ፡ አነንከ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያ

ን ፡ ኩሊአ ፡ ናይ ፡ እስክንድርያ ፡ እኳ ፡ እንተይ ፡ ቃረት ፡ ብዒባ ፡ ሃይማኖት ፡ ወይ ፡ ምግባር ፡ ነገር ፡ እንቲለዓል ፡ ሐለቃአ ፡ ብምኳኑ ፡ ልናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ተኽታሊ ፡ ትውከስ ፡ ከምዝነበረት ፡ ዓንተቦ ፡ አረዲኤ ፡ እየ ። ንሳትኩምን ፡ ናይ ፡ ግብጺ ፡ ኮፍትን ፡ ኢኻትኩም ፡ ብናይ ፡ እስክንድርያ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ እትዳነዩታ ። ናይ ፡ እስክንድርያ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ ናይ ፡ ኮፍቲ ፡ እምበይ ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ኪለው ፡ አይኮነን ፡ እንተበላትኩም ፡ ከዓ ፡ ሐቂ ፡ ትብሉ ፤ ልቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ግን ፡ ሐደ ፡ ሐለቃ ፡ ከምዘድልያ ፡ እተፈልጠ ፡ እዩ ፤ ከመ ይ ፡ ብዘይ ፡ ሐለቃ ፡ ክትኮን ፡ አይከእላን ፤ ደጊምከስ ፡ እዙ ፡ ሐለቃአ ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ተከታሊ ፡ እንተዘይኮነ ፡ መን ፡ ደአ ፡ እዩ ።?

፲ይ ፡ ምዕራፍ ።

ናይ ፡ አሪት ፡ ሕጊ ፡ ብየ[ሱስ] ፡ ክር[ስቶስ] ፡ ከምዝተሥዓረት ።

መከዳ ፡ ንግሥቲ ፡ እንካብ ፡ ኢየሩሳሌም ፡ ሊቃውንቲ ፡ አይሁድ ፡ ከምዘም ጸኤት ፡ ቅዱስ ፡ ፍሬ ፡ ምናጦስ ፡ ልኢትዮጵያውያን ፡ መጺኡ ፡ ወንጌል ፡ ክሻብ ፡ ዚሰብከሎም ፡ እውን ፡ እዙ ፡ ናይ ፡ አሪት ፡ ሕጊ ፡ እዙይ ፡ ተቀቢላቶም ፡ ይፍጽሙ ፡ ከምዝጸንሑ ፡ ብናይ ፡ ኢትዮጵያ ፡ ታሪክ ፡ ተነጊሩ ፡ አሎ ። ደጊምከስ ፡ ናይ ፡ አይሁድ ፡ ልማድ ፡ ብሐዲስ ፡ ሕጊ ፡ ምጥፋእ ፡ ክሻብ ፡ ዚአቢ ፡ አብ ፡ ኢትዮጵያዊ ፡ ሕዝቢ ፡ ጸኒዑ ፡ ምንባሩ ፡ ብዙ ፡ ምኽንያት ፡ እዙይ ፡ ከምዝኮነ ፡ ፍለጥ ። እኂሆ ፡ አይሁድ ፡ ቀዳም ፡ ምኽባር ፡ ግዝረት ፡ ርኹስ ፡ እንስሳ ፡ እልዙይ ፡ ሕግታት ፡አይሁድ ፡ ዝነበረዶ ፡ አይኮነን ፡ ብዙ ፡ ነገር ፡ እዙይ ፡ ኢትዮጵያውያን ፡ [አይሁድን] ክርስትያንን ፡ ከምዝኾኑ ፡ ይመስሉ ። ደጊምከስ ፡ ቀዳም ፡ ትምህርት ፡ እንተይ ፡ ዝ፦መርና ፡ ሕጊ ፡ [አሪት] ፡ መዝ፦መርያ ፤ ክትሠዓር ፡ ከምዚ ግበአ ፤ ፪ይ ፡ ብየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ብኡነት ፡ ከምዝተሥዓረት ፡ ንመርምርን ፡ ነሰተውዕልን ።

፩ያ ፤ አሪት ፡ ዘዳግም ፡ ም ፡ ፲፰ ፡ ጕ ፡ ፲፰-፲፱ ፡ ከም ፡ ሙሴ ፡ ዝበለ ፡ ነቢይ ፡ እንካብ ፡ አኀዋቱ ፡ አተንሥኤ ፡ ቃላተይ ፡ አብ ፡ አፉ ፡ ከንብር ፡ [እየ ፡ በለ] ። እኂሆ ፡ ብናይ ፡ እግዚአብሔር ፡ ቃል ፡ ከስ ፡ ከም ፡ ሙሴ ፡ ዝበለ ፡ ሕጊ ፡ ማለት ፡ ትእዛዛት ፡ ዚህብ ፡ ነቢይ ፡ ኬተንሥእ ፡ ከምዘለዎ ፡ ተናገረ ። ደጊም ፡ ከስ ፡ እዙ ፡ ሐጋጊ ፡ እዙይ ፡ እንካብ ፡ የሱ[ስ] ፡ ክርስቶስ ፡ ሐሊፉ ፡ መን ፡ እዩ ፡ እኂሆ ፡ ከስ፡ ሐዲስ ፡ ሐጋጊ ፡ ዝተብህለ ፡ ንሱ ፡ ባዕሉ ፡ እዩ ።

፪ይ ፤ እግዚአብሔር ፡ ሐዲስ ፡ ሕጊ ፡ ከምዚህብ ፡ ይገልጽ ፤ ኤርምያስ ፡ ም ፡ ፴፩ ፡ ጕ ፡ ፴፩ ፤ እኂሆምስ ፡ ናይ ፡ እስራኤል ፡ ቤት ፡ ለቦታትኩም ፡ ከምዝህብኩዎ ፡ ሕጊ ፡ ዘይኮነስ ፡ ሐዲስ ፡ ኪዳን ፡ ዝግበረሉ ፡ ዕለት ፡ ኪመጽእ ፡ እዩ ። እዙይ ፡ እንካብ ፡ ኮነ ፡ እንካብ ፡ ናይ ፡ አሪት ፡ ፍሉይ ፡ ሕጊ ፡ ከምዚህብ ፡ አጥለለ ።

፫ይ ፤ አረማውያን ፡ አብ ፡ ሐዲስ ፡ ሕጊ ፡ ኪአትዉ ፡ ከምዝተጸውዑ ፡ ብቅዱስ ፡ መጽሐፍ ፡ እተረደኤ ፡ እዩ ፤ እኂሆ ፡ [መዝሙር] ፡ ፹፭ ፡ ወይሰግዱ ፡ ሎ

ቱ ፡ ኩሎሙ ፡ ነገሥተ ፡ ምድር ፤ ወይትቀነዩ ፡ ሎቱ ፡ ኩሎሙ ፡ አሕዝብ ። ደ
ጊም ፡ ከስ ፡ ናይ ፡ ኪለው ፡ ሀገር ፡ ሕዝቢ ፡ ሕጊ ፡ ኦሪት ፡ ምፍጻም ፡ ዘይከአሎ ፡
እዩ ፡ እሞ ፡ ልሰብ ፡ ካልእ ፡ ሕጊ ፡ ኪወሀብ ፡ ከምዚግባእ ፡ ግዲ ፡ ኮነ ። እዙይ ፡
እንተዘይኮነ ፡ ናይ ፡ ኪለው ፡ ዓለም ፡ ሰብ ፡ ዘቦኡ ፡ ኪለው ፡ ምእንቲ ፡ ናይ ፡
ፋሲካን ፡ ጰንጠቆስቴን ፡ ናይ ፡ ድንኳንን ፡ በዓላት ፡ አብ ፡ ዓመት ፡ ፫ ፡ ጊዜ ፡
ልኢየሩሳሌም ፡ ኪኸይድ ፡ ከመይ ፡ ቢሉ ፡ ምከአለ ። ኦሪት ፡ ዘፀዓት ፡ ም ፡ ፴፬ ፡
ኍ ፡ ፭፫ ፡ ፤ ከማኡ ፡ ከዓ ፡ አንሽቲ ፡ ዘቦኤን ፡ ከም ፡ ሕጊ ፡ ኦሪት ፡ ድኅሪ ፡ ኅር
ሰን ፡ ምእንቲ ፡ ኪነጽሐን ፡ መባእ ፡ ምእንቲ ፡ ኬቅርባን ፡ ላብ ፡ ናይ ፡ ኢየሩሳሌ
ም ፡ ቤተ ፡ መቅደስ ፡ ኪከዳ ፡ ከመይ ፡ ቢለን ፡ ይኸእላ ፤ ቀደም ፡ ዝፈረሰ ፡ መ
አዝከ ፡ አልዩ ፡ እቱ ፡ ቤተ ፡ መቅደስ ። ሌዋውያን ፡ ምዕ ፡ ፲፪ ፡ ፮ ።

፬ይ ፡ ናይ ፡ ኦሪት ፡ ሕጊ ፡ ክትሠዓር ፡ ከምዚግበአ ፡ ዜረድእ ፡ ከዓ ፡ እዘን ፡
አርባዕተ ፡ ዓይነተይናታት ፡ ነገራት ፡ ማለት ፡ ናይዙ ፡ ሕጊ ፡ እዙይ ፡ ፬ ፡ ዓም
ዲ ፡ ኪሠዓራ ፡ ከምዚግበኤን ፡ ክንዳአተን ፡ ከዓ ፡ ሐዲስ ፡ ክህነትን ፡ ሐዲስ ፡
መስዋዕትን ፡ ከምዚትከል ፡ ዝተነግረ ፡ ትንቢት ፡ እዩ ፡

(ሀ) ኢሳይያስ ፡ ምዕ ፡ ፷፩ ፡ኩ ፡ ፭፬ ፡ እንካባአቶም ፡ አሕዛብን ፡ ካህናትን ፡
ሌዋውያንን ፡ክመርጽ ፡ እየ ። ቅዱስ ፡ ጳውሎስ ፡ ክህነት ፡ እንካብ ፡ ሐለፈ ፡ ሕግ
ውን ፡ ኪሐልፍ ፡ ግዲ ፡ እዩ ፡ ከምዝበለ ፡ ከስ ፡ ርግጽ ፡ እዩ ። ዕብራውያን ፡ ም ፡
፯ ፡ ኍ ፡ ፪ ፡ ሐዲስ ፡ መሥዋዕቲ ፡ እንካብ ፡ ኢዳትኩም ፡ መባእ ፡ አይቅበልን ፤
እንካብ ፡ ምሥራቅ ፡ ክሻብ ፡ ምዕራብ ፡ ስመይ ፡ አብ ፡ አሕዛብ ፡ ዓቢዱ ፡ እዩ ፤
አብኪለው ፡ ስፍራውን ፡ ልስመይ ፡ ንጹሕ ፡ መሥዋዕቲ ፡ ኪሥዋዕን ፡ ኪቀር
ብን ፡ እዩ ፡ (ምልኪያስ ፡ ም ፡ ፩ ፡ ኍ ፡ ፲) ፡ እዙይ ፡ ድኅር ፡ ኮነ ፡ እግዚ
አብሔር ፡ እንካብ ፡ ናይ ፡ ኦሪት ፡ ካህናት ፡ መሥዋእቱ ፡ ዘይቅብለሉ ፡ ጊዜ ፡ አ
ሎ ፡ እዩ ፤ ክንዳኡ ፡ ከዓ ፡ ጽሩይ ፡ መሥዋዕቲ ፡ አብ ፡ ኢየሩሳሌም ፡ ብሕቱ ፡
ዘይኮነስ ፡ አብ ፡ ምድሪ ፡ ኩለአ ፡ ኪቅረበሉ ፡ እዩ ። ብዙይ ፡ ከስ ፡ ናይ ፡ ኦሪ
ት ፡ ሕጊ ፡ ከምዚተሥዓረ ፡ ይርዳእ ። አብ ፡ ርእሲ ፡ እዙይ ፡ አብ ፡ መንጎ ፡ ፳ ፡
ጉባኤ ፡ መሥዋዕትን ፡ መባእን ፡ ኪተርፍ(ኪጠፍእ) ፡ እዩ ። (ሀ) ፡ ጽላተ ፡ ኪዳ
ን ፡ ከምዝተረሰዓት ፡ ኤርሚያስ ፡ ም ፡ ፯ ፡ ኍ ፡ ፲፬ ፡ አነ ፡ ከም ፡ ልበይ ፡ ዝ
በሉ ፡ ካህናት ፡ ክህበካትኩም ፡ እየ ፡ ልናይ ፡ እግዚአብሔር ፡ መቅደስ ፡ አይሰም
ዩዎን ፡ አይዝክርዎን ፡ አይሳለሙዎን ፡ ድኅሪ ፡ ደጊም ፡ እውን ፡ አይግነን ፡ የለ
ን ። ኢሳይያስ ፡ ም ፬ ፡ ኍ፲፫ ፡ ምንታይ ፡ ይብል ፡ ደጊም ፡ መሥዋዕቲ ፡ አይተ
ቅርቡለይ ፡ ዕጣንኩም ፡ እጽየፍ ፡ አሎኩ ፤ ቀዳምኩም ፡ በዓላትኩም ፡ አይደልን ።
እዙይ ፡ እንካብ ፡ ኮነ ፡ ናይ ፡ እሪት ፡ ሕጊ ፡ አይተሥዓረን ፡ ምባል ፡ ይበሀልዶ ።

፪ይ ፡ ብኡነት ፡ ናይ ፡ ኦሪት ፡ ሕጊ ፡ ከምዝተሥዓረት ።

፭ያ ፡ ሕጉ ፡ እንተደአ ፡ ፈጸሙ ፡ እግዚአብሔር ፡ ልአይሁድ ፡ አቦኦም ፡ ኪኸ
ሥን ፡ ሕግታትን ፡ ካህናትን ፡ ናይ ፡ ዓለም ፡ ሀብትን ፡ ኪባቶም ፡ ምስ ፡ ሕዝቢ ፡
አይሁድ ፡ ኪዳን ፡ አቲዩ ፡ ነበረ ፡ ኦሪት ፡ ዘዳግም ፡ ም ፡ ፴፮ ፡ ኍ ፡ ፴ ፡ ደጊ
ምከስ ፡ ብኪለው ፡ እላተረግሙ ፡ አብ ፡ ዓለም ፡ ኪለው ፡ ይዙሩ ፡ አለዉም ፡ ቤ

ተ ፡ መቅደሶም ፡ ከዓ ፡ ፈሪሱ ፡ እዩሞ ፡ እግዚአብሔር ፡ ከምዝሐደጎም ፡ ብሐደ ፡ ወገን ፡ ይርኤ ፡ አሎ ፡ ብሐደ ፡ ወገን ፡ ከዓ ፡ አይሁድ ፡ ልሕጎም ፡ ተጣናቂቆም ፡ ከምዚሕልዉ ፡ ይረኤ ፡ አሎ ። እግዚአብሔር ፡ ዝሀቦም ፡ ኪዳን ፡ እንተዘይፈጸሙ ፡ ከምዝመነኖምን ፡ ሕጎም ፡ ደጊም ፡ ከምዘይደልዮም ፡ ምልክት ፡ አይኮነንዶ ።

፪፪ይ ። ሄዚስ ፡ እንተዝያልዩ ፡ እኳ ፡ ናይ ፡ ኦሪት ፡ [ሕጊ] ፡ ክፍጽሙ ፡ መይተኽ አሎሎምን ፡ ብዘይ ፡ ቤተ ፡ መቅደስ ፡ ብዘይ ፡ ካህናት ፡ አክኸእሉን ። አብ ፡ ቤተ ፡ እግዚአብሔር ፡ ዜገልግሉ ፡ ዝነበሩ ፡ ናይ ፡ ሌዊ ፡ ወገንን ፡ ናይ ፡ አሮን ፡ ወገንን ፡ አብ ፡ ትውልዲ ፡ ተዳባሊቆም ፡ አየለዉን ። መሊሶም ፡ ፫ይ ፡ ጊዜ ፡ ልኢየሩሳሌ ም ፡ ኪኸዱ ፡ አይከአሉንሞ ፡ እሞ ። ደጊምከስ ፡ ሕጊ ፡ ኦሪት ፡ ብሐዊ ፡ ከምዝተ ሥዓረት ፡ ርግጽ ፡ እዩ ።

ቅዱስ ፡ ጴጥሮስን ፡ ቅዱስ ፡ ጳውሎስን ፡ ናይ ፡ ኦሪት ፡ ሕጊ ፡ ከምዝተሥዓ ረት ፡ ከምዚምስክሩ ፡ ርኡይ ፡ እዩ ።

፩ያ ። ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ አብ ፡ ግብረ ፡ ሐዋርያት ፡ ም ፲፩ ፡ ከምዘሎ ፡ አ ይሁድ ፡ ልአረማውያን ፡ ግዝረት ፡ ኪቅበሉ ፡ ናይ ፡ ኦሪት ፡ ሕጊ ፡ ኪፍጽሙ ፡ ምስገደዱዎም ፡ ሐዋርያትን ፡ ዓበይትን ፡ ጉባኤ ፡ ገቢሮም ፡ ንሕናን ፡ አቦታትናን ፡ ዘይከአልናዮ ፡ አርዐት ፡ ልአረማውያን ፡ እላያርኩም ፡ ልእግዚአብሔር ፡ እትፍት ኑ ፡ ልምንታይ ። ቢላቶም ፡ አለው ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ም ፡ ፲፩ ፡ ደሐር ፡ ከዓ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስን ፡ ሐዋርያትን ፡ ዓበይትን ፡ እንትርፈ ፡ ናይ ፡ ግዲ ፡ ዝኮነ ፡ እ ዚ ። ማለት ፡ (ልጣያት) ፡ እንካብ ፡ ዝተቀረበ ፡ ሥጋን ፡ እንካብ ፡ ደምን ፡ እንካ ብ ፡ ዝሙትን ፡ ክትክልከሉ ፡ ደአ ፡ እምበይ ፡ ካልእ ፡ አርዐት ፡ ዘይምጽናዕኩ ም ፡ ልአናን ፡ ልመንፈስ ፡ ቅዱስን ፡ ጽቡቅ ፡ ኮይኑ ፡ ተርአየና ፡ እንትብል ፡ ደ ብዳበ ፡ ልናይ ፡ አንጾኪያን ፡ ሶርያን ፡ ቂልቅያን ፡ ሰባት ፡ ከምዝጸሐፉ ፡ አብ ፡ ግ ብረ ፡ ሐዋርያት ፡ ምዕራፍ ፡ ፲፭ ፡ ጕ ፡ ፳፰ ፡ ተነጊሩ ፡ አሎ ። ከምዙይ ፡ እን ካብ ፡ ኮነ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ልአረማውያን ፡ ናይ ፡ ኦሪት ፡ ሕጊ ፡ ኪፍጽሙ ፡ ምእዛዞም ፡ ከምዚግባእ ፡ ብናይ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ምክሪ ፡ ገለጸ ። ደጊምከሰ ፡ ኢትዮጵያውያን ፡ እንካብ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስን ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስን ፡ ዚፈልጡ ፡ ምኳናቶም ፡ ድዩ ።

፪፪ይ ። ቅዱስ ፡ ጳውሎስ ፡ ምንታይ ፡ [ከምዝበለ] ፡ ንወስኽ ። ቅዱስ ፡ ጳውሎ ስ ፡ ላብ ፡ ሰብአ ፡ ገላትያ ፡ ዝጸሐፉ ፡ መልእኽቲ ፡ ምኽንያታ ፡ ናይ ፡ ኦሪት ፡ ሕጊ ፡ ከምዝተሥዓረት ፡ ልምርዳእ ፡ ኮነ ። እኂሆ ፡ ሐድሐደ ፡ አይሁድ ፡ እንተዘ ይተገዘርኩም ፡ ናይ ፡ ሙሴ ፡ ሕጊውን ፡ እንተዘይፈጸማትኩም ፡ ልድኅነት ፡ ብየ ሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ምእማን ፡ ጥራይ ፡ አየአክልን ፡ ቢላቶም ፡ ልሰብአ ፡ ገላቲያ ፡ ሰቢኾሙሎም ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፡ (ም ፡ ፩ ፡ ጕ ፡ ፮ ፡ ም ፡ ፭ ፡ ጕ ፡ ፲፫) ፡ ቅዱስ ፡ ጳሙሎስ ፡ ናይ ፡ ኦሪት ፡ ሕጊ ፡ ምፍጻም ፡ ግዲ ፡ ከምዘይኮነ ፡ ከረድእ ፡ እዛ ፡ መልእክቲ ፡ እዚአ ፡ ኀበ ፡ ሰብአ ፡ ገላቲያ ፡ ጸሐፈ ።

፭ያ ፡ ም ፡ ፪ ፡ ጕ ፡ ፲፬ ፡ ቅዱስ ፡ ጳውሎስ ፡ ልቅዱስ ፡ ጴጥሮስ ፡ ልአይ ሁድ ፡ ዕንቅፋት ፡ ከይኸውን ፡ ቀዳም ፡ ምስአረማውያን ፡ ተሐዊሱ ፡ ዘይምብላው ፡ ጸሊኡ ፡ ከመይ ፡ ምንታይ ፡ በሎ ። ንስኻ ፡ እኳ ፡ አይሁዳዊ ፡ እንተሎኻ ፡ ከም ፡ አረማውያን ፡ ዝገበርካስ ፡ ልምንታይ ፡ ልአረማውያን ፡ ከም ፡ አይሁድ ፡ ኪገብሩ ፡

ትእዝዝ ፡?በሎ ። ቅዱስ ፡ ፡ ጴጥሮስ ፡ አይሁድ ፡ እንተለው ፡ እንትርፈ ፡ ብዕንቅ ፋት ፡ ሕጊ ፡ አሪት ፡ እንካብ ፡ ዘይፈጸመ ፡ አብዙ ፡ ቃል ፡ እዙይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴ ጥሮስ ፡ ሕጊ ፡ አሪት ፡ ምሥዓራ ፡ አጸቢቁ ፡ ይፈልጥ ፡ ከምዝነበረ ፡ ይርዳእ ።

፪ይ ፤ ም ፡ ፪ ፡ ጐ ፡ ፲፪ ፡ ሰብ ፡ ሕጊ ፡ አሪት ፡ ብምፍጻም ፡ አይጸድቅን ። ፫ይ ፤ ም ፡ ፪ ፡ ጐ ፡ ፳፪ ፡ ጽድቂ ፡ ብሕጊ ፡ ትርከብ ፡ እምበአይ ፡ ናይ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ሞት ፡ ከንቱ ፡ እዩ ፡ ከንቱ ፡ ኮነ ፤ ማለት ፡ ልድኅነት ፡ ናይ ፡ አሪት ፡ ሕጊ ፡ ዚአክል ፡ ከምኮነ ፤ ወንጌልን ፡ ሐዲስ ፡ ሕግን ፡ ብየሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ምእ ማንን ፡ ከንቱ ፡ እዩ ፡ ዚጠቅም ፡ የብሉን ። ፬ይ ፤ ም ፡ ፪ ፡ ጐ ፡ ፫ ፡ ወዲ ፡ መ ዝሙሩ ፡ ቲቶ ፡ ይገዘር ፡ ቢሎም ፡ አይሁድ ፡ ክንድቲይ ፡ እንቲልምንዎ ፡ ኪግዘ ር ፡ አይደለን ፡ ምሳኡ ፡ ይበልዑን ፡ ይሕወሱን ፡ ነበሩ ፤ እዙይ ፡ ናይ ፡ ግዝረት ፡ ግድነቱ ፡ አይአምኑታን ፡ ከምዝነበሩ ፡ የመልክት ። ደጊም ፡ ከሰ ፡ ልምንታይ ፡ ደእ ፡ ካልኦት ፡ ኪግዘሩ ፡ ምተአዘዙ ። እዙይ ፡ ዘይኮነ ፡ ነገር ፡ እዩ ። ፭ይ ፤ ምዕ ፤ ፪ ፡ ጐ ፡ ፲፬ ፡ ብሕጊ ፡ እንካብ ፡ ሕጊ ፡ ሞትኩ ፡ ማ[ለት] ፡ ብናይ ፡ ወ ንጌል ፡ ሕጊ ፡ እንካብ ፡ ናይ ፡ አሪት ፡ ሕጊ ፡ ምዉት ፡ ኮንኩ ፤ ብፈረቃ ፡ ሕጊ ፡ እሊ ፡ ሥጋዊትን ፡ ናይ ፡ መጽሐፍን ፡ ሕጊ ፡ ሞትኩ ፤ አይሁድ ፡ ነቢረ ፡ ሄዚ ፡ ክርስትያን ፡ ኮንኩ ፡ ማለቱ ፡ እዩ ። ፮ይ ፤ ምዕራፍ ፡ ፬ ፡ ጐ፬ ፡ ልአምላኽ ፡ ድ ኅሪ ፡ ፈሊጣትኩም ፡ ልምንታይ ፡ ላብ ፡ ጐደሎ ፡ ሕጊ ፡ ትምለሱ ። መሊሱ ፡ ም ንታይ ፡ በለ ፡ ቅዱስ ፡ ጳዉሎስ ፡ ከመይ ፡ አባኻትኩም ፡ ከንቱ ፡ ከይከውን ፡ ማ ለት ፡ ክርስትና ፡ ከይትኽዱታ ፡ እፈርኅ ፡ አሎኩ ። ፯ይ ፤ ም ፡ ፬ ፡ ጐ ፡ ፳፭-፴ ፡ ልዘን ፡ ፪ተ ፡ ባሕርያት ፡ ብውሉድ ፡ አሜን[ን] ፡ ብውሉድ ፡ [ገረድን] ፡ አነጻጽረ ን ፡ እዚው ፡ ምስበለ ፡ ነገሩ ፡ ብጐልቀኑ ፡ ፳፮ ፡ አቄመ ። ብይስሐቅ ፡ ዝተመሰ ልና ፡ ደቂ ፡ ተስፋ ፡ ደቂ ፡ አሜን ፡ ኢና ፤ እኂሆ ፡ ቅዱ[ሳት] ፡ መጻሕፍቲ ፡ ል ገረድ ፡ ምስ ፡ ወዳ ፡ ሰደዳ ፡ ቢሎም ፡ ይናገሩ ። እዚው ፡ ማለ[ት] ፡ ንሕና ፡ ደ ቂ ፡ ሐዳስ ፡ ሕጊ ፡ ኮይንና ፡ ኢና ፡ እሞ ፡ ልብሉይ ፡ ሕጊ ፡ ሰዓራቶም ፡ ማለት ፡ እዩ ። ፯ይ ፤ ምዕ ፡ ፮ ፡ ጐ ፡ ፩ ፡ ከምሐዲስ ፡ ላብ ፡ ናይ ፡ ባርነት ፡ ሕጊ ፡ አ ይትመለሱ ። ጐ ፡ ፪ ፡ አነ ፡ ጳውሎስ ፡ እንተተገዘርኩም ፡ ሕጊ ፡ ዝጠቅመኩም ፡ የብሉን ፤ ማ]ለት] ፡ ብዙይ ፤ (ብግዘረት) ፡ አይሁድ ፡ ትኮኑሞ ፡ ልክርስትና ፡ ት ኽሕዱ ፡ ማለት ፡ እዩ ። መሊሱ ፡ ብጐ ፡ ፫ ፡ እንተ ፡ ተገዘርካ ፡ ሕጊ ፡ ኩሊአ ፡ ክትሕሉ ፡ ይግበኤካ ፡ ብምባሉ ፤ ሐዋርያ ፡ ቅዱስ ፡ ጳውሎስ ፡ ናይ ፡ ምሕዳግ ፡ ወ ይ ፡ ከዓ ፡ ብምሉእ ፡ ናይ ፡ ምሕላው ፡ ግድነት ፡ ገለጸሎም ። ብሐዚር ፡ ከሰ ፡ ፩ያ ፡ ነቢያት ፡ ሐዲስ ፡ ሐጋግን ፡ ሐዲስ ፡ ሕግን ፡ ካልእ ፡ መስዋዕትን ፡ ክህነት ን ፡ ናይ ፡ ቤተ ፡ መቅደስ ፡ ምፍራስን ፡ ተነቢዮም ፡ አለዉ ።

፪ይ ፤ ብኡነት ፡ እውን ፡ አይሁድ ፡ ሕጊ ፡ አሪት ፡ ሄዚ ፡ ኪፍጽሙ ፡ አይ ኽእሉን ፡ እሞ ፡ ተሥዒራ ፡ እያ ፡ ዘላ ። ፫ይ ፤ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስን ፡ ቅዱስ ፡ ጳው ሎስን ፡ ብመንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ተገሊጹሎም ፡ ናይ ፡ አሪት ፡ ሕጊ ፡ ከምዝተሥዓረ ፡ መስከሩ ፡ እሞ ፤ እዙይ ፡ ድኅሪ ፡ ኮነ ፡ እንካብ ፡ ልብ ፡ ውሉድ ፡ ትምህርቲ ፡ ምሕዝ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ልሐዋርያቱ ፡ ዝገለጸሎም ፡ ምእማን ፡ ይሔሠና ። ደ ጊምከስ ፡ ናይ ፡ ቀደም ፡ ነገር ፡ ንጠርስ ። ዓንተቦ ፡ ናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስን ፡ ጳውሎስን ፡ ቃላት ፡ ከምዝጠቀስኩ ፡ ሄዝውን ፡ ክደግም ፡ እየ ።

፩ያ ፤ ቅዱስ ፡ ጳውሎስ ፡ ጎበ ፡ ሰብአ ፡ ቈላስይስ ፡ ምዕራፍ ፡ ፪ ፡ ጐ ፡ ፮ ፡ ብሂባ ፡ በዓል ፡ መዓልትን ፡ ብሂባ ፡ ሐዲስ ፡ ወርኀን ፡ ከምዘየሐምዩኻትኩም ፡ ግበሩ ፡ በለ ፤ እዙይ ፡ ማለቱ ፡ ናይ ፡ ኦሪት ፡ ሕጊ ፡ ሥዕርቲ ፡ እያሞ ፡ ብዘይት ተጋዙሉ ፡ ትእዛዛት ፡ ሰብ ፡ አይሽምጥጣትኩም ፡ ማ[ለት] ፡ እዩ ። ከመይ ፡ ምክ ንያቱ ፡ አብቱ ፡ ዚሰዕብ ፡ ጐልቍ ፡ ፲፮ ፡ እስመ ፡ ጽላሎታ ፡ ይእቲ ፡ ኦሪት ፡ ለ እንተ ፡ ትመጽእ ፡ ቢሉ ፡ ገሊጹዎ ፡ [አሎ] ፤ እኒሆ ፡ [እትመጽእ ፡ ዚበላ ፡ ልሐደ ስ ፡ ሕጊ ፡ አይኮነንዶ]? ፡ ኦሪት ፡ ልታ ፡ እትመጽእ ፡ ምሳሌአ ፡ እያ ።

፪ይ ፤ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ልአይሁድ ፡ ምእንቲ ፡ ከየዓንቅፍ ፡ ባዕሉ ፡ ልቀደ ም ፡ ኪልውጣ ፡ አይከአለን ፤ በጋባብራኡ ፡ ግን ፡ ልወትሩ ፡ ክትሕሎ ፡ ከምዝይ ግበአ ፡ ፍቃዱ ፡ አመልከተ ፤ እኒሆ ፡ ማቴዎስ ፡ ም ፡ ፲፪ ፡ ጐ ፡ ፲፰ ፡ ሉቃስ ፡ ፲፫ ፡ ፲፩ ፡ ክ[ሻብ] ፲፯ ፤ ዮሐንስ ፡ ፩ ፡ ፱ ፤ ፲፱ ፡ ፲፩ ፡ [ን]አርባዕተ ፡ ሰባት ፡ ፈ ውሲ ፡ ብመዓልቲ ፡ ቀዳም ፡ [ሀበ] ፡ መንፈሳውያን ፡ ብዙይ ፡ ምስተዓቀፉ ፡ እው ን ፡ ግቡዛት ፡ በሎም ። ሉቃስ ፡ ም ፡ ፲፫ ፡ ጐ ፡ ፲፰ ። መሊሶም ፡ እዞም ፡ ፈሪ ሳውያን ፡ እዚኣም ፡ ብመዓልቲ ፡ ቀዳም ፡ ሸዊት ፡ ቈጽዮም ፡ ቢላቶም ፡ አብ ፡ ርእሲ ፡ ሐዋርያት ፡ ምስ ፡ አጕረምረሙ ፤ አይተግሩረምርሙ ፡ በላቶም ። ማርቆስ ፡ ም ፡ ፪ ፡ ጐ ፡ ፳፰-፫ ፡ ቀዳም ፡ አይሰራሕን ፡ ምስበሉ ፡ ከዓ ፡ ልቀዳም ፡ ገይታ አ ፡ ወድ ፡ ሰብ ፡ እዩ ፡ ቢሉ ፡ መለሰ ።

፫ይ ፤ ብቅሩብ ፡ ላብ ፡ ሰንበት ፡ ለወጡዋቶ ፡ እንተኮነ ፡ ብጊዜ ፡ ሐዋርያት ፡ እኳ ፡ እዚው ፡ ገርመሩዎቶ ። ሀ) ግብረ ፡ ሐዋርያት ፡ ም ፡ ፳ ፡ ጐ ፡ ፯ ፡ መዓል ቲ ፡ ቀዳም ፡ መዕዲ ክንባርኽ ፡ ተአኪብና ፡ እንተሎና ፤ ዝበሎ ፡ ናይ ፡ ሰሙን ፡ ቀዳማይ ፡ መዓልቲ ፡ ማለት ፡ እዩ ። ፈሪሳዊ ፡ አብ ፡ ቀዳም ፡ ፪ ፡ መዓልቲ ፡ እ ጸውም ፡ ከምዝበሎ ፡ ቀዳም ፡ ሐሳቡ ፡ ብሰሙን ፡ ብዙኅ ፡ ጊዜ ፡ ይስማዕ ። እዙ ይ ፡ እንተዘይኮነስ ፡ እዙይ ፡ ፈሪሳዊ ፡ አብ ፡ ዕለት ፡ ክልተ ፡ ጊዜ ፡ ይጸውም ፡ ነበረ ። እንተኮነ ፡ ከመይ ፡ ቢሉ ፡ አብ ፡ ሐደ ፡ መዓልቲ ፡ ፪ ፡ ጊዜ ፡ ኪጸውም ፡ ይኸእል ። ([፩] ፡ ቆሮን ፤ ም ፡ ፲፮ ፡ ጐ ፡ ፳፪) ። ቀዳማይ ፡ ማዕልቲ ፡ ኪብል ፡ እዙ ፡ ቃል ፡ እዙይ ፡ ተነጊሩ ፡ ይግነ ። ቆሮ ፡ (ሀ) ምዕ ፡ ፲፩ ፡ ጐ ፡ ፳ ፡ ቀዳሞ ት ፡ ክርስትያን ፡ ናይ ፡ እግዚኣብሔር ፡ ዕለት ፡ ከኸብሩ ፡ ሰንበት ፡ ይእከቡ ፡ ነበ ሩ ። አቡ ፡ ቀለ ፤ ም ፡ ፩ ፡ ጐ ፡ ፲ ሰንበት ፡ መዓልቲ ፡ ተመሲጠ ፡ ሐደ ፡ ድ ምጺ ፡ ሰማዕኩ ። ደጊም ፡ ከስ ፡ ቀዳሞት ፡ ክርስትያን ፡ ክንዲ ፡ ቀዳም ፡ ሰንበ ት ፡ ከኸብሩ ፡ ብብቅሩብ ፡ ብሐዋርያት ፡ ጊዜ ፡ ይእከቡ ፡ ከምዝነበሩ ፡ ብዝ ፡ ጥ ቅሲ ፡ እዚው ፡ ይርዳእ ።

ሐዋርያት ፡ ልቀዳም ፡ ልምንታይ ፡ ለወጡዋ ፡ ልዚብል ፡ ምላሹ ።

፩ያ ፤ እዞም ፡ ዚአመኑ ፡ አይሁድ ፡ ናይ ፡ ኦሪት ፡ ሕጊ ፡ ኬጽንዑ ፡ ይጽዕ ሩ ፡ ስለ ፡ ዝነበሩ ፡ ልዙ ፡ ዝንባሌአም ፡ ልምጥፋእ ። ካልአይ ፤ እንካብ ፡ ዘይእ ምኑ ፡ አይሁድ ፡ ምእንቲ ፡ ኪፋላለዩ ፡ እዩ ። ሣልሳይ ፤ ንሳትኩም ፡ ዝፈታሕኩ ምዎ ፡ ፍቱሕ ፡ ይኹን ፤ ንሳትኩም ፡ ዝዓሠርኩምዎ ፡ እሡር ፡ ይኹን ፡ ከምዝበ ሉም ፡ ኪልውጡ ፡ ሥልጡናት ፡ ክንዲ ፡ ዝነበሩ ፤ ፬ይ ፡ (ሀ)አብ ፡ ፍጥረት ፡ ዝ ዝመረሉ ፤ ሁ) የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ዝተንሥኤሉ ፤ ሂ) መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ዝወረደ

ሉ ፡ ዕለት ፡ ልምዝካር ፡ ለወጡዎ ። ፮ይ ፤ እንተኮነ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ልሕጊ ፡ ክፍጽም ፡ እምበይ ፡ ክሥዕሮ ፡ አይመጻእኩን ፡ ቢሉዶ ፡ የሎን? እዙ ፡ ቃል ፡ እ ዙይ ፡ (ፈጸመ) ፡ ክልተ ፡ ሐሳብ ፡ የመልክት ፤ ገበረን ፡ መልኤን ። አብዙይከስ ፡ ክሥዕራ ፡ ዘይኮነስ ፡ ክምልአ ፡ ባሕለሻኡ ፡ እዩ ። ኡነት ፡ እዙይ ፡ ዝገበሮ ፡ እዩ ። ክሥዕር ፡ ዝበሎ ፡ ብምፍራስ ፡ እንተሰማዕካውን ፡ ልፕተ ፡ ቃላት ፡ አይለኽየን ፡ የስምዕ ፡ እምበይ ፡ ናይ ፡ አሪት ፡ ሥርዓታትስ ፡ ሐዋርያት ፡ ብድኅሬኤ ፡ ኪልው ጡዎ ፡ ሥልጡናት ፡ ነበሩ ። የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ እንተ ፡ ልርእሱ ፡ አሪት ፡ ክፍጽ ም ፡ ምክንያት ፡ ነበረ ። ለአና ፡ ግን ፡ ልፍጻሜ ፡ ዝእዝዘና ፡ ፩ ፡ ቃል ፡ አይት ረክብን ፤ እኂሆ ፡ ተገዝረ ፤ ግን ፡ ከሞዝሰዕር ፡ አይመጻእኩን ፡ ብስም ፡ በለ ፡ ል ሕጊ ፡ ምልእቲ ፡ ፍጽምቲ ፡ ከምዝገበራ ፡ ማቴዎስ ፡ ም ፡ ፭ ፡ ኍ ፡ ፳፭ ፡ ከሎ ፡ ዚስዕብ ፡ ተመልከት ። አይሁድ ፡ ኣንሽቶም ፡ ኪፈትሑ ፡ ሥልጡናት ፡ ነበሩ ፡ የ ሱስ ፡ ግን ፡ አንትርፊ ፡ ብዝሙት ፡ ሰበይቲ ፡ ከይትፍታሕ ፡ ከልከለ ። አብ ፡ አ ሪት ፡ ክንዲ ፡ ስኒ ፡ ስኒ ፡ ተብሂሉ ፡ ነበረ ፤ ንሱግን ፡ ልጸላእተኹም ፡ አፍቅሩዎ ም ፡ በለ ። ብዙይ ፡ ኪለው ፡ ናይ ፡ አሪት ፡ ዓብይ ፡ ነገር ፡ ብሐደ ፡ ወገን ፡ ከ ምዝለወጠ ፡ ይረኤ ፡ አሎ ፤ ልቀዳም ፡ ከዓ ፡ ባዕሉ ፡ እንተዘይለወጣ ፡ ሥልጣኑ ፡ ዝሀቦም ፡ ሐዋርያት ፡ ለወጡዎ ። መሊሱ ፡ እታ ፡ ቀዳም ፡ እውን ፡ ላብ ፡ [ሰንበ ት] ፡ ደአ ፡ ሐለፈት ፡ እሞበይ ፡ አይተለወጠትን ፤ እዙይ ፡ ድኅሪ ፡ ኮነ ፡ ብዘይ ፡ ሐንቲ ፡ መሠረት ፡ መናፍቃን ፡ ይነቅፋና ። እንትርፊ ፡ ንሳቶም ፡ አብ ፡ ሰሙን ፡ ፪ ፡ ዕለት ፡ እተኽብር ፡ አምልኾ ፡ አይትርከብን ፤ እስላም ፡ ዓርቢ ፤ አይ[ሁድ] ፡ ቀዳም ፤ ጽረ ፡ ማርያም ፡ ከቶ ፡ ሰንበት ፡ የክብሩ ።

መጻሕፍቶም ፡ እንተ ፡ ዚምርምሩ ፡ ከዓ ፤ ሀ) አብ ፡ ናይ ፡ ጥሪ ፡ ስንክሳር ፡ ልናይ ፡ አይሁድ ፡ ቀዳም ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ሠዓራ ፡ ይብል ፤ ሁ) ፍትሐ ፡ ነገ ሥት ፡ ቀዳም ፡ ሥዑር ፡ ቢሉ ፡ ይሠምያ ፡ ልቀዳም ፡ ዘኽብር ፡ ከም ፡ አይሁድ ፡ ይረኤ ፡ ይብል ። ሂ) አብ ፡ አንቀጽ ፡ ፲፱ ፡ ክርስትያን ፡ ቀዳም ፡ ማዕረ ፡ ሥራሕ ፡ ምብኻር ፡ አይግበአምን ፤ ከም ፡ አይሁድ ፡ ዚገብር ፡ ሕዝቢ ፡ እንተ ፡ ተረኽበ ፡ እንካብ ፡ ቅድሚ ፡ ክርስቶስ ፡ ይሰንጉ ፡ ይብል ። አብ ፡ ፍትሐ ፡ ነገሥት ፡ አብ ፡ ካልእ ፡ ምዕራፍ ፡ ከዓ ፡ ብዛዕባ ፡ ቀዳም ፡ ግዲ ፡ የብልኩምን ፡ ቢሉ ፡ አሎ ። አ ብ ፡ ፍትሐ ፡ ነገሥት ፡ አብ ፡ ካልእ ፡ ምዕራፍ ፡ ልቀዳም ፡ አክብር ፡ ዚብል ፡ አ ሎ ፡ ዚብል ፡ እንተተገነ ፡ እቱ ፡ ቃል ፡ እቲው ፡ አብራሃም ፡ ግብጻጻ ፡ ዝወሰኾ ፡ ሥርዋጽ ፡ ሞኳኑ ፡ ይፍለጥ ። ደጊም ፡ ከስ ፡ ናይ ፡ አሪት ፡ ሥርዓት ፡ ብነብያት ፡ ብታሪኽ ፡ ብናይ ፡ ቅዱ[ሳን] ፡ ጴጥሮስን ፡ ጳውሎስን ፡ መጻሕፍቲ ፡ እንካብ ፡ ተረ ደኤ ፡ ሐቂ ፡ አበይ ፡ አላ ፡ አብዞም ፡ ብርእሶም ፡ ዚቆሙዶ ፡ ወይስ ፡ መንፈስ ፡ ቅዱስ ፡ ብነብያትን ፡ ብቅዱሳት ፡ መጻሕፍትን ፡ አብ ፡ ዚመስከረሉ ፡ አላ ።

፲፩ ፡ ምዕራፍ ።

ብ፪ተ ፡ ዓይነት ፡ ምቍራብ ፡ ግዲ ፡ ከምዝኾነ ።

ብሐደ ፡ ዓይነት ፡ ከም ፡ ክልተ ፡ ዓይነት ፡ የአክል ። አብ ፡ ክልተ ፡ ክንዲ ፡ እተቀበልካዮ ፡ መጠን ፡ ክንዳኡ ፡ ብሐደ ፡ ዓይነት ፡ ትቅበል ። አብ ፡ ናይ ፡ እን

ጌራ ፡ ዓይነት ፡ ሥጋ ፡ ብሥቱ ፡ እንቅበል ፡ እንተንኸውን ፡ ናይ ፡ የ[ሱስ] ፡ ክ[ር ስቶስ] ፡ አሰከሬን ፡ ብሕቱ ፡ ምተብሃለ ። ማለ[ት] ፡ ሥጋ ፡ ነፍሲ ፡ ዘይብላ ። ናይ ፡ ግዕዝ ፡ ቅዳሴኻትኩም ፡ ዝብሎ ፡ ዘሎ ፡ ከስ ፡ ስምዑታ ። « ብሐደ ፡ ዓይነት ፡ ዚቄ ርብ ፡ ሰብ ፡ ሥጋ ፡ በይና ፡ ከምዚቅበል ፡ ኪአምን ፡ አይግበአን ፤ ከመይ ፤ ሥጋን ፡ መለኮትን ፡ ብሐደ ፡ ይቅበል ፡ » ። ከማኡ ፡ ከዓ ፡ ብናይ ፡ ደም ፡ ዓይነት ፡ ዚቄ ርብ ፡ ደም ፡ በይኑ ፡ ከምዚቅበል ፡ ኪአምን ፡ አይግበአን ። ከመይ ፡ ደም ፡ እን ካብ ፡ ሥጋን ፡ መለኮትን ፡ ኪፋላለ ፡ ስለ ፡ ዘይተኸአሎ ። (እምቅድመ ፡ ዓለም) ። ናይ ፡ የሱስ ፡ ክር[ስቶስ] ፡ ሥጋ ፡ ኮይኑ ፡ ደም ፡ ኮይኑ ፡ አብዚርከቦ ፡ ኪለው ፡ ብምሉኡ ፡ ኪርከብ ፡ ይግባእ ፡ እዚውን ፡ እንከ ፡ ሥጋ ፡ እንካብ ፡ ደሙ ፡ ደም ፡ እንካብ ፡ ሥጋኡ ፡ ኪፋላለ ፡ አይኽእልን ፡ ማለ[ት] ፡ እዩ ። እምበአይ ፡ ከስ ፡ አ ብ ፡ ፪ተ ፡ ዓይነት ፡ ክንዲ ፡ እትረኽቦ ፡ ክንዳኡ ፡ አብ ፡ ሐደ ፡ ዓይነት ፡ ትረክ ክብ ። ይግባእ ። ትረክብውን ። ናይ ፡ ላቲና ፡ ሥርዓት ፡ ልዓለማውያን ፡ ብሐደ ፡ ዓይነት ፡ ቀ‹ርባን ፡ ምሀብ ፡ ብቀዳሞት ፡ ክርስትያን ፡ እተለምደ ፡ እዩ ።

ብወንጌል ፡ ክንጋ‹ምሮ ፤ ዮሐንስ ፡ ም ፡ ፮ ፡ ጐ ፡ ፶፪ ፡ « ንዙ ፡ እንጌራ ፡ እዚው ፡ ዚበልዕ ፡ ንዘለዓለም ፡ ይነብር ። እዙ ፡ ዚህቦ ፡ እንጌራ ፡ ምእንቲ ፡ ና ይ ፡ ዘለዓለም ፡ ሕይወት ። ሥጋይ ፡ እዩ ። ጐ ፡ ፶፰ ፡ « እዝ ፡ ዝበልዔኒ ፡ አባ ይ ፡ ይነብር » ። ጐ ፡ ፶፱ ፤ « እንካብ ፡ ሰማይ ፡ ዝወረደ ፡ እንጌራ ፡ እዚው ፡ እ ዩ ፤ አቦታትኩም ፡ ከምዝበልዕዎ ፡ ማና ፡ አይ[ኮነን] ፡ ብድጎሬኡ ፡ ሞቱ ፡ ሞይታ ቶም ፤ እዝ ፡ እንጌራ ፡ እዚው ፡ ዚበልዕ ፡ ንዘለዓለም ፡ ይነብር » ።

ግብረ ፡ ሐዋር[ያት] ፡ « ብናይ ፡ እንጌራ ፡ ክፍሊ ፡ ምብላዕ » ፡ ይጸንው ፡ ነበ ሩ ፡ ይብሉና ፡ [ም ፡ ፪ ፡ ጐ ፡ ፵፪] ። ቅዱ[ስ] ፡ ጳው[ሎስ] ፡ « ንዙ ፡ እንጌራ ፡ እ ዚው ፡ ብዘይግባዕ ፡ ዚበልዕ ፡ ዝኮነ ፤ ወይ ፡ ብዘይግባእ ፡ ናይ ፡ ጐይ[ታና] ፡ [ኢ የሱስ] ፡ ክ]ርስቶስ] ፡ ዕዋዕ ፡ ዚሰተ » ፡ ይብል ። ፩ ፡ ቆሮ[ንጣስ] ፡ ም ፡ ፲፩ ፡ ጐ ፡ ፳፯ ። ብዝ ፡ ጥቅሲ ፡ እዚው ፡ ቅዱሳ[ት] ፡ መጻሕፍቲ ፡ ከስ ፡ « ሥጋሁ » ፡ ናይ ፡ ዝኮነ ፡ ሐደ ፡ ዓይነት ፡ እንተዘይኮነ ፡ ካልእ ፡ ከምዘይናገሩ ፡ የርኢ ። እም በአይከስ ፡ ሐደ ፡ ዓይነት ፡ የአክል ። ናይ ፡ ቀዳሞት ፡ ክርስትያን ፡ ሥራሕ ፡ ከ ዓ ፡ [እዙይ] ፡ የረድእ ። ፭ያ ፤ ብናይ ፡ ሕብስቲ ፡ ዓይነት ፡ እንተዘይኮነ ፡ ብካል እ ፡ ቅዱ[ስ] ፡ ቀ‹ርባን ፡ ንሕሙማት ፡ ይወስዱ ፡ አይነበሩን ። ፪ይ ፤ ደቀቅቲ ፡ ቁ ላው ፡ እንቲቈርቡ ፡ ብወይኒ ፡ መልክዕ ፡ ብሕቱ ፡ የቀ‹ርቡ ፡ ነበሩ ። ፫ይ ፤ ሉሚ ፤ ግሪክ ፡ ብአርባዓ ፡ ጾም ፡ ቀዳምን ፡ ሰንበትን ፡ ይቅድሱ ። ብካልአት ፡ መዓልቲ ፡ እንከ ፡ ካህናትን ፡ ምእመናንን ፡ ብናይ ፡ ሕብስቲ ፡ ዓይነት ፡ በይኑ ፡ ይቈርቡ ። ፬ይ ፤ ብጊዜ ፡ ስደት ፡ ቀዳሞት ፡ ክርስትያን ፡ ቅድሚ ፡ ሞቶም ፡ ምቀ‹ራብ ፡ ም እንቲ ፡ ኪከአላቶም ፡ ቅዱስ ፡ ጎብስቲ ፡ አብ ፡ ቤታውቶም ፡ የንብሩ ፡ ነበሩ ። ና ይ ፡ ሐደ ፡ ዓይነት ፡ ቀ‹ርባን ፡ ከምዚከአል ፡ አጸቢቁ ፡ ዜረድእ ፡ እኂሆ ።

ክርክር ።

ንሕና ፡ አብ ፡ ቀ‹ርባን ፡ ናይ ፡ ጐይ[ታና] ፡ የ]ሱስ] ፡ ክ[ርስቶስ] ፡ ነፍሲ ፡ ንመለኮት ፡ ተማኅሊፉ ፡ አላ ፡ እምበይ ፡ አይትርከብን ፡ ንብል ።

ምላሽ ፤]፩ያ] ፡ ሥጋ ፡ ብዘይ ፡ ነፍሲ ፡ ሬሳ ፡ እያ ። እምበአይ ፡ ከስ ፡ መ ዝ[መርያ] ፡ ጐ[ይታና] ፡ የ[ሱስ] ፡ ክ[ርስቶስ] ፡ ብኡነት ፡ ፪ተ ፡ ሥጋ ፡ የብሉን ፤ ኪህልዎ ፡ እውን ፡ አይከአልን ፤ እታ ፡ ሐንቲ ፡ አብ ፡ ሰማይ ፡ ብፅዕት ፡ ክትኮ ን ፡ እታ ፡ ሐንቲ ፡ እንከ ፡ ሕይወት ፡ ዘይብላ ፡ ነፍሲ ፡ አብ ፡ ቅዱስ ፡ ቍርባን ። ፪ይ ፤ ጐ[ይታና] ፡ የ[ሱስ] ፡ ክ[ርስቶስ] ፡ ቅ[ዱስ] ፡ ቍ[ርባን] ፡ ልነፍስና ፡ ሕይወ ት ፡ ምእንቲ ፡ ኪኮን ፡ ሠርዔ ። « እነ ፡ እንካብ ፡ ሰማይ ፡ ዝወረደ ፡ ናይ ፡ ሕይ ወት ፡ እንጌራ ፡ እየ » ። ዮ[ሐንስ] ፡ ም ፡ ፮ ፡ ጐ ፡ ፴፰-፶፩ ። « ሥጋይ ፡ እንተ ዘይበላዓትኩም ፡ ደመይ ፡ እንተዘይሰተኻትኩም ፡ ሕይወት ፡ የብላትኩምን ፡ » ። [ዮሐንስ ፡ ም ፡ ፮] ፡ ጐ ፡ ፶፬ ። እዚው ፡ እንካብ ፡ ኮነ ፡ ከመይ ፡ ቢሉ ፡ [ነፍ ሲ ፡ ዘይብሉ] ፡ ምውት ፡ ሥጋ ፡ ሕወት ፡ አባና ፡ ምፈረየ ። ፫ይ ፤ እነት ፡ ናብ ፡ ሲኦል ፡ ብዚወረዱ ፡ ጊዜ ፡ ነፍሲ ፡ እንካብ ፡ ሥጋስ ፡ ተፈልየት ። እንተኮነ ፡ እንከ ፡ ድኅሪ ፡ ትንሥኤ ፡ ምማት ፡ አይከአሎን ። ነፍሲ ፡ እንካብ ፡ ሥጋአ ፡ ክ ትፍለ ፡ አይከአላን ። ፬ይ ፤ ብሐድፋኡስ ፡ ብካልአይ ፡ ናይ ቄስጣንጢኖብል ፡ ዓብ ይ ፡ ጉባኤ ፡ ተወገዛትኩም ። ማለት ፡ ብ፫፻ ፡ ፲፭ን ፡ ዓመት ፡ አብ ፡ ጐ[ይታና] ፡ የ[ሱስ] ፡ ክ[ርስቶስ] ፡ ነፍሲ ፡ ብቃል ፡ ተማሕሊፉስ ፡ የላን ፡ ቢሉ ፡ ዘስተምህር ፡ እነበረ ፡ አጶሊነር ፡ ተወገዘ ። እኒሆ ፡ እንቲጭርስ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ላቲን ፡ ብናይ ፡ እንጌራ ፡ ዓይነት ፡ በይኑ ፡ ቅ[ዱስ] ፡ ቍር[ባን] ፡ ዝሠርዔትሉ ፡ ምኽንያ ት ፡ እዚው ፡ እዩ ። ፭ያ ፡ ቅ ፡ ደም ፡ ሐድሐደ ፡ ጊዜ ፡ ብገርሂ ፡ አብ ፡ ባይታ ፡ ይወድቅ ፡ እዩ ፡ እሞ ፡ እንካብ ፡ ምርካሱ ፡ ልሞርኃቅ ፡ [እዙይ] ፡ ገበረት ።

፪ይ ፤ ፪ተ ፡ ዓይነት ፡ እንተዚወሀብ ፡ ፬ ፡ ሽሕ ፡ ወይ ፡ ፭ ፡ ሽሕ ፡ ዚአክ ል ፡ ሰብ ፡ አብዚርከብ ፡ ቤተ ፡ ክር[ስት]ያን ፡ [ክሸብ] ፡ ፍርቂ ፡ መዓልቲ ፡ ም ተጸንሔ ፤ ወይኒ ፡ አውን ፡ ብዘይ ፡ መጠን ፡ መድለየ ። እዝ ፡ ልማድ ፡ እዚው ፡ ክነጥፍእ ፡ አይንደልን ። ከመይ ፡ ካህናትና ፡ ብዜማ ፡ ቅዳሴ ፡ ግዕዝ ፡ ልምእመና ን ፡ ብ፪ተ ፡ ዓይነት ፡ የቍሩቡታ ፡ እዮም ፡ እሞ ። ግን ፡ ብሐደ ፡ መልክዕ ፡ ጐ]ይታና[፡ የ[ሱስ] ፡ ክ[ርስቶስ] ፡ ብምሉው ፡ ከምዘሎ ፡ ግዲ ፡ እዩ ። ብዙ ፡ ነገር ፡ እዚው ፡ አብልዕሌኻትኩም ፡ አሎና ፡ እሞ ፡ እደግሞ ፡ አሎኩ ። ፭ያ ፤ ብ፪ተ ፡ እ ምኒ ፡ እተጥሐነ ፡ ፭ ፡ ዘላላ ፡ ብዙኅ ፡ ማይ ፡ ወሲካስ ፡ ኡነተይና ፡ ወይኒ ፡ ከም ዝኾነዶ ፡ ይመስለካትኩም ፡ አሎ ። አይኮነን ፡ ከምዚው ፡ ብዝበለ ፡ አገባብራ ፡ ወይኒ ፡ አይኮንን ። ጐይ[ታና] ፡ እንከ ፡ ቅ ፡ ቍ[ርባን] ፡ እንቲሠርዕ ፡ ወይኒ ፡ ነ በሮ ። ፪ይ ፤ ምእንት ፡ ምንታይ ፡ እንካብ ፡ ሰብ ፡ ንብዙኃት ፡ ቍርባን ፡ ትኸል ክሉታ ። (አጉባዝ ፤ አንስቲ ፡ ዘይብሌም ፡ ሰብአን ፤ ሰብአን ፡ ዘይብለን ፡ መአም ን) ፤ ጐ[ይታና] ፡ የ[ሱስ] ፡ ክ[ርስቶስ] ፡ ንኪለውዶ ፡ ተቀበሉታ ፡ ብልዑታ ፡ ኩ ልኹም ፡ አይበለን ። እዞም ፡ ሰባት ፡ እዚአም ፡ ንቍርባን ፡ ግድነቶም ፡ እንካብ ፡ ናይ ፡ ካልአትዶ ፡ ይውኅድ ።

ምዕራፍ ፤ ፲፪ ።

ቃል ፡ ኪዳን ፡ ዘይፍታሕ ፡ እዩ ።

አብ ፡ ዓዳትኩም ፡ እዚው ፡ ኡነት ፡ ከምዘይኮነ ፡ ትፈልጡታ ። ፩ያ ፤ የሱ [ስ] ፡ ክ[ርስቶስ] ፡ « እግዚአብሔር ፡ ዚአሠሮ ፡ ሰብ ፡ ኪፈትሑ ፡ አይኽእልን » ፡ በ ለ ። አይሁድ ፡ እንቲምልሱ ፡ ግን ፡ ሙሴ ፡ ክንፋታሕ ፡ አሠልጠነና ፡ በሉ ። የ ሱ[ስ] ፡ ክር[ስቶስ] ፡ « እወ ፡ ብናይ ፡ ልባትኩም ፡ ጽንዓት ፡ ምኽንያት ፡ እምበ ይ ፡ ብ፩ያ ፡ ከማኡ ፡ አይገበረን » ፡ [ቢሉ ፡ መለሰሎም] ። (ማ ፡ ም ፡ ፲፱ ፡ ጐ [፯] ፤ ምስ ፡ ዚክተሎ) ። ፪ይ ፤ ብዝሙት ፡ እኳ ፡ እንተኾነ ፡ ቃል ፡ ኪዳን ፡ ዘይ ፍታሕ ፡ እዩ ። ሰብአይን ፡ ሰበይትን ፡ ይፋላለዩ ፤ ግን ፡ ሐዲኡም ፡ እንከይሞቱ ፡ እኳ ፡ ኪምርያ ፡ አይከአሎን ። « ሰብኣያ ፡ ዝፈትሐ ፡ ሰበይቲ ፡ ዘመርዓወ ፡ ዘማ ዊ ፡ እዩ » ፡ ብለ ። (ቀ ፡ ሉ ፡ ም ፤ ፲ ፡ ጐ ፡ ፲፪-፲፩) ። « ሰበይቱ ፡ ሰዲዱ ፡ ካ ልኤይቲ ፡ ዘእቱ ፡ ዘማዊ ፡ እዩ » ። (ቅ ፡ ጳው ፤ ፩ ፡ ቆሮ ፡ ም ፡ ፯ ፡ ጐ ፡ ፲) ። « ሰበይቲ ፡ ሰብአያ ፡ እንተዳአ ፡ ሐደገት ፡ ናብ ፡ ካልኣ ፡ አይትተአቶ ፤ እንተዘየሎ ፡ ላብ ፡ ቀዳማይ ፡ ሰብኣያ ፡ ትትዓረቅ » ፡ በለ ።

ክርክር ።

ኡነት ፡ እዩ ፡ አብ ፡ ሀገርና ፡ ሐንቲ ፡ ሰበይቲ ፡ ምስ ፡ ቀዳመይቲ ፡ ኡነተይ ና ፡ ሰበይቱ ፡ ምስ ፡ እተፈላለየ፡ ሰብአይ ፡ እንተቈረበት ፡ ኡነተይና ፡ ቃል ፡ ኪ ዳን ፡ አሎዎም ፡ ይብሉ ። ብጽልአት ፡ ብካልኣ ፡ ምክንያት ፡ ኮይኑ ፡ ኪሰዳ ፡ ይ ክእል ። ካልኤይቲ ፡ ኬእቱ ፡ ሥልጡን ፡ እዩ ። ከማኡ ፡ ቢሉ ፡ ከስ ፡ ክሳብ ፡ ፮ ፡ ኪሰድድ ፡ ይኽእል ፡ ኪሐልፍ ፡ ግን ፡ አይክእልን ።

ምላሽ ። ላእኻትኩም ፡ ምምላስ ፡ ከንቱ ፡ እዩ ። ከም ፡ ናይ ፡ ወንጌል ፡ ሕ ጊ ፡ ከምዘይትኽዱታ ፡ ባዓልታትኩም ፡ እትርእይዎ ፡ እዩ ። እዝ ፡ ሕጊ ፡ እዚው ፡ ብርቱዕ ፡ ምኳኑ ፡ ብታሪኽ ፡ ይፍለጥ ። እዚው ፡ እውን ፡ አንሪኮስ ፡ ፰ይ ፡ ዚበ ሃል ፡ ናይ ፡ እንግሊዝ ፡ ንጉሥ ፡ ልሮማዊ ፡ ሊቀ ፡ ጳጳሳት ፡ በሰይቱ ፡ ፈቲሑ ፡ ካ ልኣ ፡ ከእቱ ፡ ፍቃድ ፡ ሀበኒ ፡ በሎ ። ሮማዊ ፡ ሊ[ቀ] ፡ ጳጳ[ሳት] ፡ እውን ፡ አይ ኮነን ፡ በሎ ፡ ሸሕ ፡ እኳ ፡ እዝ ፡ ርጉም ፡ ንጉሥ ፡ እዚው ፡ ብምኽንያቱ ፡ ልር እሱን ፡ ልእንግሊዝ ፡ መንግሥቱ ፡ ኩሊኤን ፡ ላብ ፡ ጽረ ፡ ማርያም ፡ ከእቱ ፡ እ ተበለ ፡ እውን ፡ ከልኡ ። እንተኮነ ፡ እንከ ፡ ብዝ ፡ ነገር ፡ እዚው ፡ እንካባኻትኩ ም ፡ ዚሕሹታ ፡ ካቶሊካውያን ፡ ትርእዩታ ፡ አሎኻትኩም ፡ እሞ ፡ አይድርቀቡን ። ከማኡቶም ፡ ልምግባር ፡ ጎይሊ ፡ የብላትኩምን ።

ምዕራፍ ፡ ፲፫ ።

ናይ ፡ መለኮታዊትን ፡ ሰብኣዊትን ፡ ባሕርይ ፡ ተዋሕዶ ፡ ምእንቲ ፡ ሰብኣዊት ፡ ባሕርይ ፡ ዜጽድቃ ፡ ቅብዓት ፡ ኮና ።

ብዛ ፡ ነገር ፡ እዚአ ፡ ኮፍቲ ፡ ኢትዮጵያውያን ፡ አብ ፡ ፫ ፡ ይኸፈሉ ። ቅብዓት ፤ ወልድ ፡ ቅብዕ ፤ የጻጋ ፡ ልጅ ። ብሐባር ፡ እንተ ፡ ዘይኮነ ፡ እዘን ፡ ፫ ፡ ክፍሊ ፡ እዚኤን ፡ ብብፍላይ ፡ ዜስተምህራኦ ፡ አይንፈልጥን ፡ እሞ ፡ ልዘን ፡ ፫ ፡ ባህሊ ፡ እዚኤን ፡ ልምቅዋም ፡ አይንተግህን ። ከመይ ፡ ንገሊኤን ፡ ዘይበላኦ ፡ ከይ ነጥብቅ ፡ ንፈርህ ። ምሳአቶም ፡ ዘይምተህዋክ ፡ ይሔሸና ። ትምህርተ ፡ ካቶሊካውያን ፡ ምንጋር ፡ የኣኽለና ።

ክርስ[ቶስ] ፡ ማለ[ት] ፡ ቅቡዕ ፡ ቅዱስ ፡ ብቅድስት ፡ ቅብዓት ፡ እተቀብዔ ፡ ማለ[ት] ፡ እዩ ። አብ ፡ ምሥራቃውያን ፡ ናይ ፡ ሽቱ ፡ ልማድ ፡ ወትሩ ፡ ተገብረ ። ብሽታ ፡ ተቀብዔ ፡ ዘይቲ ፡ ምቅባዕ ፡ ናይ ፡ ምቅዳስ ፡ ምሳሌ ፡ ነበረ ። ከማኡ ፡ እግዚኣብሔር ፡ ልሙሴ ፡ ልኣሮን ፡ ልካህን ፡ ቅብኣዮ ፡ ቢሉ ፡ አዘዞ ። ከማኡ ፡ እውን ፡ ሳኦልን ፡ ዳዊትን ፡ ቅድስት ፡ ቅብዓት ፡ ተቀበሉ ። አብ ፡ ሐዲስ ፡ ኪዳን ፡ ጳጳሳት ፡ ካህናት ፡ ነገሥታት ፡ ብቅብዓ ፡ ቅዱስ ፡ ይቅብዑ ። ክርስቲያን ፡ እውን ፡ ብጊዜ ፡ ጥምቀትን ፡ ሜሮንን ፡ ይቅብኡ ። ናይ ፡ ክርስቶስ ፡ ወይ ፡ እተቀብዔ ፡ ስም ፡ ብፍጹም ፡ ንጐይታና ፡ የ[ሱስ] ፡ ክ[ርስቶስ] ፡ ይሰማማዕ ። ማለ[ት] ፡ ቅብዓት ፡ ንካህን ፡ ንነቢይ ፡ ንንጉሥ ፡ እንተተውህበ ፡ እዘን ፡ ፫ ፡ ዓይነት ፡ እዚኤን ፡ የ[ሱስ] ፡ ክ[ርስቶስ] ፡ ላብ ፡ ባዕሉ ፡ ይእክበን ። የሱ[ስ] ፡ ክርስ[ቶስ] ፡ ቅብዓት ፡ እንካብ ፡ መዋቲት ፡ ኢድ ፡ አይተቀበለን ። እዛ ፡ ቅብዓት ፡ እዚአ ፡ ብበዓል ፡ ጣጣ ፡ ዘይቲ ፡ አይተገብረትን ፡ ነበረት ። እንተኮነ ፡ ግን ፡ ብዘን ፡ ፫ ፡ ሥልጣን ፡ ተሾመ ። ካህን ፡ ነቢይ ፡ ንጉሥ ፡ ናይ ፡ ዘይቲ ፡ ቅብዓት ፡ ምሳሌኡ ፡ ብዚኮኖ ፡ ጸጋ ፡ አብ ፡ ሰብነቱ ፡ እላቀደሰ ።

መዝሙር ፡ ፴፬ ፡ ጕ ፡ ፮ ፡ « አምላክ ፡ አምላካ ፡ እንካብ ፡ ኩሎም ፡ ካልኦት ፡ አብሊጹ ፡ ብናይ ፡ ፍሥሕ ፡ ዘይቲ ፡ ቀብዔካ » ። ጸጋን ፡ ቅድስናን ፡ ዘሎዋ ፡ ብእግዚኣብሔርን ፡ አጸቢቃ ፡ እተገብረት ፡ ቅብዓት ፡ እኂአ ።

ቅ ፡ ሉ[ቃስ] ፡ ም ፡ ፩ ፡ ጕ ፡ ፴፭ ፡ « እንካባኪ ፡ ዝውለድ ፡ ቅዱስ ፡ ወዲ ፡ እግዚኣብሔር ፡ ኪበሀል ፡ እዩ » ። ክርስቶስ ፡ ከስ ፡ ብርእሱ ፡ ናይ ፡ ቅዱሳን ፡ ቅድስ ፡ ብዚገብር ፡ ፍሉይ ፡ ቅብዓት ፡ ተቀብዔ ። ሄዚ ፡ እታ ፡ ጸጋ ፡ እቲአ ፡ እተኃልፍ ፡ ጸጋ ፡ አይከነትን ፡ እንተኮነ ፡ ግን ፡ ብርእሳ ፡ ብናይ ፡ ሰብነት ፡ ተዋህዶ ፡ ምስ ፡ ናይ ፡ ቃል ፡ እያ ። ቅዱ[ስ] ፡ ጎርጎርዮስ ፡ ናዝያንዝ ፡ ዝብሎ ፡ ሰምዑ ፤ « ሰብነት ፡ ቅብዕቲ ፡ ነበረት ፡ ብተዋህዶኣ ፡ ምስቃል ፤ ምስ ፡ እግዚኣብሔር ፡ ተደላደለት » ። ቅዱ[ስ] ፡ ዮሐንስ ፡ ዘዳማስ[ቆ] ፡ እውን ፡ « ከማኡ ፡ ከዓ ፡ አብ ፡ ሐዊ ፡ ዝድርበ ፡ ብባሕርዩ ፡ ሐዊ ፡ አይኮነን ፤ ግን ፡ ምስ ፡ ሐዊ ፡ ብምውሀዱ ፡ [ልእኡ] ፡ መሰለ ፤ ከማኡ ፡ እውን ፡ ብናይ ፡ ወልደ ፡ እግዚኣብሔር ፡ ሥጋ ፡ ኮነ ፡ ማለት ፡ ሰብነት ፡ ነቢያት ፡ ተቀቢያምዎ ፡ ከምዝነበሩ ፡ ብናይ ፡ እግዚኣብኣብሔር ፡

ቅብኢ ፡ ተቀቢአ ፡ አይነበረትን ፤ ግን ብኪለው ፡ ቅቡዕ ፡ ብናይ ፡ ዝኮነ ፡ ቃል ፡ ምውሀድ ፡ ተቀብኤት ። እዚው ፡ ብናይ ፡ ፪ ፡ ባሕርይ ፡ ተዋሕዶ ፡ ምስ ፡ አካል ፡ ቃል ፡ ተገብረ» ። እዛ ፡ ተዋሕዶ ፡ እዚአ ፡ ፩ ፡ ንክርስቶስ ፡ ኃጢአት ፡ ዘይገብር ፡ ገበረቶ ፡ እሞ ፡ ፪ ፡ ከም ፡ ሰብ ፡ ብወጻኢ ፡ ዘይኮነስ ፡ ፪ ፡ ባሕርይ ፡ ፍላየን ፡ እላሐለወት ፡ ብሀላዌኡ ፡ ምስ ፡ መለኮታዊት ፡ ባሕርይ ፡ ተሳታፌ ፡ ገበረቶ ። ፫ ፡ ንሕና ፡ ከምዝኮናዮ ፡ ብጸጋ ፡ ወዲ ፡ እግዚአብሔር ፡ ዘይኮነስ ፡ ንናይ ፡ መለኮታዊ ፡ ርስት ፡ ድልወት ፡ እናሀበት ፡ ወዲ ፡ ባሕርዩ ፡ ንእግዚአብሔር ፡ ትገብሮ ።

ክርክር ።

፩ ፤ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ የጸጋ ፡ ልጅ ። ማለት ፡ ወዲ ፡ ባሕር ፡ ዘይኮነስ ፡ ጸጋ ፡ በይኑ ። ምላሽ ፤ ወዲ ፡ ጸጋን ፡ ወዲ ፡ ባሕርን ፡ ቢሉ ፡ ይናገር ፡ ከምዝነበረ ፡ ንስጥሮስ ፡ ትብሉታ ። መዝሙ[ር] ፡ ፹፮ ፡ ጐ ፡ ፭፯ ፡ ፭፰ ፡ «አቦይ ፤ አምላኸይ ፤ ረዳእየይ ፤ መድኃኒየይ ፡ ክገብሮ ፡ እየ» ። ምንታይ ፡ ማለት ፡ እዩ ። መገሥመርያ ፡ በኩሪ ፡ ልዚአዕበዮ ፡ ወዲ ፡ መገሥመርያ ፡ በኩረይ ፡ እዩ ፡ ዚብል ፡ ሰብ ፡ አይርከብን ። መዝ ፤ ፹ ፡ ጐ ፡ ፯ ፡ «እግዚአብሔር ፡ ወደይ ፡ ኢኻ ፡ ሎሚ ፡ ወለድኩኻ» ። በለ ። እስኪ ፡ ዘዕበይዎ ፡ ድዩ ፡ ዚዎልድዎስ ፡ ። ዝወለድካዮ ፡ ወድካስ ፡ አቦ ፡ ጡቡ ፡ እየ ፡ ክትብል ፡ ይከአልዶ ።

ክርክር ።

እንተኮነ ፡ ናይ ፡ ብሉይ ፡ ኪዳን ፡ ፈረዲ ፡ ሥልጣናቶም ፡ እንካብ ፡ እግዚአብሔር ፡ ይቅበሉ ፡ ነበሩ ፡ እሞ ፡ አማልክት ፡ ይበሃሉ ፡ ነበሩ ። (መ[ዝሙር] ፡ ፹፩ ፡ ጐ ፡ ፩-፮) ።

ምላሽ ፤ ፩ ። እምበአይከስ ፡ ናይ ፡ ብሉይ ፡ ኪዳን ፡ ፈረዲ ፡ ኩሎም ፡ አማልኽቲ ፡ ከምዝነበሩዶ ፡ ትብሉታ ። ናይ ፡ አምላኽ ፡ ምቅማጥ ፡ ልምምሕላፍ ፡ እተአዘዙ ፡ ነበሩ ። ደቂ ፡ ጡቡ ፡ ልእግዚአብሔር ፡ ከምኳኖም ፡ ምስ ፡ አምላኽ ፡ እተጋጠሙ ፡ ነበሩ ። ፪ ፡ ቅዱ[ስ] ፡ ዮሐንስ ፡ «ተጸዋዕና ፡ ብሐቂ ፡ እውን ፡ ደቂ ፡ እግዚአብሔር ፡ ኢና» ። ሰብ ፡ ኪለዉ ፡ አምላክ ፡ ከስ ፡ እዩ ። ቅዱ[ስ] ፡ ዮሐ[ንስ] ፡ አፈ ፡ ወርቅ ፡ ከምዝበለ ፤ «አብ ፡ ማዕኸልናን ፡ አብ ፡ ማዕከል ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስን ፡ ዘሎና ፡ አፉላላይ ፡ አሰተውዓላትኩምዶ ። ንሱ ፡ ኡነተይና ፡ ወዲ ፡ እዩ ፤ ንሕና ፡ እንከ ፡ ደቂ ፡ ጸጋኡ ፡ ብሕቱ ፡ ኢና ፡ » ። ብሐድፋኡ ፡ የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ብኡንት ፡ ወዲ ፡ እግዚአብሔር ፡ ተብሀለ ። (ሮማ[ውያን] ፡ ፰ ፡ ጐ ፡ ፴፪) ። የሱስ ፡ ኡነተይና ፡ ወድ ፡ እግዚአብሔር ፡ ተብሃለ ። ዮሐን]ስ] ፡ ፩ ፡ መልእክቲ ፡ ምዕ ፡ ፭ ፡ ጐ ፡ ፳ ። ንሐደ ፡ ወዲ ፡ ጸጋ ፡ «በኩሪ ፡ ወዲ ፡ እዩ» ፡ ምባል ፡ ይከአልኩምዶ ። «ኡነተይና ፡ ወዲ ፤ ጽሩይ ፡ ወዲ» ፡ ናይ ፡ ጥቡ ፡ ምባል ፡ ይከአለኩምዶ ። ሽሕኻ ፡ ብናይ ፡ ሰብአዊት ፡ ባሕርዩ ፡ ምኽንያት ፡ ወዲ ፡ ጥቡ ፡ እንተበላትኩም ፡ ትሰሓሓቱታ ፡ አሎኻትኩም ። ፩ ፡ «ጽሩይን ፡ ኡነተይና ፡ ወዲ ፤ በኩሪ ፡ ወዲ» ፡ እምበይ ፡ ወዲ ፡ ጸጋ ፡ ዚብል ፡ ቦታ ፡ አብ ፡ ቅዱ[ሳት] ፡ መጻሕፍቲ ፡ እኳ ፡ አይትረኽቡን ። ፪ ፡ ወድ ፡ ጸጋ ፡ ማለት ፡ ሐደ ፡ ወ

ድ ፡ ካልእ ፡ ምስ ፡ ዕያልካ ፡ ምሐስ ፡ እዩ ። እንተኮነ ፡ ግን ፡ ወልድ ፡ ከም ፡ አ
ብን ፡ መንፈስ ። ቅዱስን ፡ መለኮታዊት ፡ ባሕርይ ፡ አለዎ ፡ እሞ ፡ ክርስቶስ ፡ ጋ
ሻ ፡ እዩ ፡ ኪበሃል ፡ አይከአልን ። እምብአይከስ ፡ ባሕርያዊ ፡ ወዱ ፡ እዩ ።

፪ ፡ ክርክር ።

የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ፫ ፡ ልደ ፡ አለዎ ፤ ፩ያ ፡ ናይ ፡ አብ ፡ ፪ይ ፡ እንካብ ፡
ማርያም ፤ ፫ይ ፡ አብ ፡ ዮርዳኖስ ፡ ብጥምቀቱ ።

ምላሽ ፤ ናይ ፡ ፪ተ ፡ ፩ያ ፡ ልደኡ ፡ እማን ፡ ፫ይቲ ፡ ግን ፡ ሐሰት ፡ እያ ።
የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ሣልሳይ ፡ ጊዜ ፡ አብ ፡ ዮርዳኖስ ፡ ተወሊዱ ፡ እንተዚኸውን ፡
ወዲ ፡ ባሕርዩ ፡ ልአግዚአብሔር ፡ ከምኣኑ ፡ መይኮነን ። ከመይ ፡ ብዓንተቦኡ ፡ እዩ
ሞ ። ልደቱከስ ፡ ወዲ ፡ ጡብ ፡ ከምኣኑ ፡ ምኮነ ። እምብአይከስ ፡ ብዓንተቦኡ ፡ ወ
ዲ ፡ ባሕር ፡ መይኮነን ። አብ ፡ ዮርዳኖስ ፡ ብሕቱ ፡ ወዲ ፡ እግዚአብሔር ፡ ከምኮ
ነ ፡ ማርያም ፡ እኖ ፡ ሰብ ፡ በይኑ ፡ ምኮነት ። ወላዲተ ፡ አምላኽ ፡ መይኮነትን ።

፲፬ ፡ ምዕራፍ ።

መጨረሻ ፡ ቃል ።

መናፍቃን ፡ ከዓ ፡ አብ ፡ ልዕሊ ፡ ካቶሊኽ ብዙኅ ፡ ካልዕ ፡ ተግሣጽ ፡ ይገ
ብሩታ ፤ ብዘይ ፡ ውግዕ ፡ ክነመልክቶ ፡ ንኽእል ።

ቅዱስ ፡ ቍርባን ፡ ብሥጋ ፡ ማንቲለን ፡ ብደም ፡ ምጩን ፡ ከም ፡ እንቅድስ ፡
ይብሉ ። ኅብስተ ፡ እንጌራ ፡ እውን ፡ እንካብ ፡ ወረቀት ፡ ከም ፡ እንገብር ። ቅድ
ርባንውን ፡ ከምንመስሕ ። እዙ ፡ ከምዚው ፡ ዝበለ ፡ ጽላሌ ፡ ምእማንን ፡ ምባልሚ ፡
ቍን ፡ ናይ ፡ ዕብድነት ፡ እምበይ ፡ ናይ ፡ አእምሮ ፡ ባህሊ ፡ ዘይመስል ፡ እዩ ። ል
ዚው ፡ ሐደ ፡ ቃል ፡ ብሕቱ ፡ የአኽለና ። እዙ ፡ ሐሳዊ ፡ ባህሊ ፡ እዚው ፡ ምእ
ማን ፡ ጽልልነት ፡ እንተዘይኮነ ፡ [ካልእ ፡ አይኮነን] ። ሐደ ፡ ባዕልትኩም ፡ ሐደ ፡
እንገብሮ ፡ ሥርዓትና ፡ ልዝረአዩ ፡ ደቂ ፡ ሃይማኖትኩም ፡ ጠይቁ ። ከዓውን ፡ ካ
ቶሊካውያን ፡ ብእንኮ ፡ ርእሱ ፡ ካህኖም ፡ ይቅድስ ፡ ይብሉ ።

ምላሽ ። ክጥይቀካትኩም ፡ እስክሉ ፤ ቅዳሴ ፡ ናይ ፡ ቀራንዮ ፡ መሥዋዕቲ ፡
ምሳሌ ፡ ደይኮነን ።አብ ፡ ቀራንዮ ፡ ክንደይ ፡ ካህናት ፤ ወይ ፡ ክንደይ ፡ ቀዳሶ ፡
ነበሩ ። ሐደ ፡ በይኑ ፡ ጐ[ይታና] ፡ የሱ[ስ] ፡ ክር[ስቶስ] ፡ ደይኮነን ። [አብ] ፡ ቅ
ዳሴ ፡ ናይ ፡ ጸሎት ፡ ሐሙስ ፡ ሐደ ፡ ካህን ፡ ብሕቱ ፡ ነበረ ። የሱስ ፡ ክርስቶስ ።
ሐዋርያት ፡ ዳን ፡ ቍርባኖም ፡ ጥራይ ፡ ገበሩ ። ድኅሪ ፡ ቍርባኖም ፡ በይኑውን ፡
ክህነት ፡ ተቀበሉ ። መዚሐም ፡ ይቄርቡ ፡ ማለትውን ፡ መዝመርያ ፡ ጐይታና ፡
የሱስ ፡ ክርስቶስ ፡ ድኅሪ ፡ ድራር ፡ ቍርባን ፡ ሠርዔ ፡ እሞ ፡ ጽያፍ ፡ አይነበሮን ፡
ግን ፡ ሐሰት ፡ እዩ ፡ አምበይ ፡ መሲሕና ፡ አይንቄርብን ። ካልአይ ፤ ድኅሪ ፡ ፈ
ሪቃ ፡ መዓልቲ ፡ ቡራኬ ፡ እንቲግበር ፡ ዚረአዩ ፡ ዜውርይዎ ፡ እዩ ፡ እምበይ ፡ ሐ
ሰት ፡ ነገር ፡ እዩ ። ብናይ ፡ ርኩሳን ፡ እንስሳታት ፡ ዝመጸንከ ፡ ከመልክታቶም ፡
እየ ። ፩ያ ፡ ከምዘይንበልዖም ። ፪ይ ፡ እንተንበልዖም ፡ ኃጢአት ፡ መይኮነናን ፤ ከ

መይ ፡ ማለ[ት] ፡ ንአይሁድ ፡ ንብሕታቶም ፡ ተውሂባ ፡ ልዝነበረት ፡ ሕጊ ፡ አይ ተገዛእናን ፤ እምብር ፡ እምብር ፡ እንከ ፡ ከምናይ ፡ ቅዱስ ፡ ጴጥሮስን ፡ ቅዱስ ፡ ጳውሎስን ፡ መባሕት ፡ ወይ ፡ ሥልጣን ፡ ናይ ፡ አይሁድ ፡ ሕጊ ፡ ከምእተደፍነት ፡ ተረዳእኩ ። ብመጨረሻ ፡ ካቶሊካውያን ፡ ትንባኽ ፡ ይሰትዩ ፡ [ይብሉ] ። ከምተከ ልከለ ፡ ልምርዳእ ፡ ከስ ፡ አብ ፡ ቅዱሳት ፡ መጻሕፍቲ ፡ ወይ ፡ አብ ፡ ናይ ፡ አበ ው ፡ መጻሕፍቲ ፡ ሐደ ፡ በታ ፡ ዘርእየኒ ፤ ቆምኩ ፤ እዝ ፡ ቀጥ ፡ ነገር ፡ ዜብሉ ፡ ንእሽቶይ ፡ ውሽት ፡ ሐደ ፡ በዓል ፡ ቅኑዕ ፡ ልቢ ፤ ቅኑዕ ፡ ሐሳብ ፡ ከረድኤኒ ፡ አ መልኪተ ፡ እገድፍ ፡ አዚው ፡ ይአኽለኒ ። እንካብ ፡ እዘን ፡ ቃላት ፡ [እዚኤን] ፡ ሐድሐደ ፡ አብ ፡ ኢድ ፡ እተፈልዩ ፡ አሕዋትና ፡ እንተወደቀ ፤ ገሊኦም ፡ ሃይማ ኖቶም ፡ ኡነተይና ፡ ከምዘይኮነት ፡ ኪርእዩ ፤ ኡነተይና ፡ ሃይማኖትንከ ፡ ካቶሊክ ፡ በይና ፡ ከምዝኮነት ፡ ኪፈልጡታ ፡ ምኳኖም ፡ አአምን ፡ አሎኩ ። ርግጽ ፡ ስደት ፡ እንካባአ ፡ አይኃልፍን ፡ ግን ፡ ናይ ፡ ክርስቶስ ፡ ቤተ ፡ ክርስትያን ፡ ነበረትሉ ፡ አ ላትሉ ፡ እውን ፡ ዳኢ ። ካልአት ፡ አብ ፡ ትሕቲ ፡ እዝ ፡ መስመር ፡ እዚው ፡ እ ትርከብ ፡ ኡነት ፡ ኪርእዩ ፡ አይኪደልዩን ፤ ምእንቲ ፡ ኪገልጸላቶም ፡ ልእግዚአብ ሔር ፡ ክንልምን ፡ ኢና ።

Testo italiano

Capitolo I

SULL'ESISTENZA DI DUE NATURE IN GESÙ CRISTO

Natura significa, in una parola, un essere esistente sia creato sia increato. In altri termini, [natura] vuol dire la pienezza delle specie che indicano un esistente sia creato sia increato. Orbene, nell'universo si trovano tante specie di natura. Ed ecco che una pietra ha natura dura, le piante la natura salubre, gli animali la natura animalesca, l'angelo la natura angelica, Dio la natura divina, l'essere umano la natura umana. Tutti questi esseri si differenziano tra loro mediante la loro natura. Allora, la natura umana, come è stato detto prima, è ciò che indica separatamente l'essere umano che senza di essa non può esistere da sè, in breve [la natura] è ciò per cui un essere si distingue da un altro essere.

Ma la natura della quale stiamo parlando ora, non può esistere da sola, ha bisogno di una persona che la renda completa: ecco che cosa è la persona. Stando così le cose si comprende che il mistero dell'Incarnazione è l'unione divina di due nature: la natura umana e la natura divina, nella persona del Verbo.

Ma ora esaminiamo in modo particolare la nostra interpretazione. [Incominciamo con] ciò che abbiamo detto unione. Si chiama unione ciò che fa combaciare due nature: la umana e la divina in una persona. [Unione che può essere di] molte cose oppure di due. E dicendo « personale » intendiamo dire che le due nature, dato che Gesù Cristo è Dio perfetto e Uomo perfetto, coesistono in una persona mantenendo ognuna di esse la propria perfezione e completezza.

Dicendo « La natura umana è divina » intendiamo dire che, come disse sant'Atanasio, come l'anima ed il corpo formano un solo uomo, così queste nature, la umana e la divina, per noi formano un unico Gesù Cristo e se si sottrae una di queste due nature, non si ha Gesù Cristo; e se si toglie a queste due nature la persona, sarebbe come il cadavere senza anima, è [ancora] impossibile [avere Gesù Cristo].

[Inoltre] dicendo: « Nella persona del Verbo » intendiamo dire che, siccome la natura umana non riguarda il Padre e lo Spirito Santo, bensì il Figlio di Dio ossia il Verbo del Padre, si è unita alla natura divina. Così l'unione di queste due nature in una persona si chiama mistero dell'Incarnazione. Dunque stiamo dandoci da fare per demolire l'eresia di Eutiche che disse: « Prima dell'Incarnazione, due nature; dopo l'Incarnazione, una natura ». Ora riportiamo le testimonianze della Sacra Scrittura per spiegare la nostra fede.

1) Isaia 7,14 dice: « Ecce virgo concipiet et pariet filium [et vocabitur nomen eius Emmanuel] »; « Ecco la Vergine concepirà e partorità un figlio chiamato Emmanuele »; più avanti, al capitolo 9,6 dice: « Parvulus enim natus est nobis et filius datus est nobis; et factus est principatus [Deus fortis pater futuri saeculi »]; « C'è nato un fanciullo, consigliere ammirabile, Dio potente, è chiamato anche Padre dei tempi futuri ».

Chi può essere il fanciullo di cui Isaia aveva profetizzato se non Gesù Cristo? Allora, in questo passo [biblico] si vede che Gesù Cristo è uomo e Dio insieme. Deve prima nascere un essere umano, il fanciullo viene chiamato bimbo, poi viene chiamato « Emmanuele » che vuol dire « Dio con noi »; Dio che è padre dei tempi futuri, oppure secondo il significato del termine ebraico, si chiama « padre perpetuo ».

Così [la Sacra Scrittura] mediante questo passo testimonia che nella unica persona di Gesù Cristo ci sono due nature.

2) Il Vangelo di Giovanni 1,14 dice: « Et verbum caro factum est et habitavit in nobis »; E la Parola è divenuta carne ed ha abitato fra noi ».

In questo passo si dimostra che l'unione di due nature:

1) non è avvenuta con il mutare la natura umana in natura divina, perché san Giovanni non dice: « L'uomo è stato fatto Parola », bensì « La Parola è stata fatta carne »;

2) così pure non è avvenuta con il cambiare la natura divina in uma-

na, perché Dio è immutabile, perché se Egli fosse mutabile, non sarebbe Dio, dunque la natura divina è immutabile;

3) inoltre non può avvenire [ciò] con la mescolanza di queste due nature. Due cose che con il fondersi di qualsiasi genere possono cambiarsi, dovrebbero supporre la somiglianza, senonché la natura divina è immutabile. Inoltre se questa impossibile mescolanza fosse avvenuta, il suo risultato sarebbe una terza natura che non è né umana né divina.

Ecco che Gesù Cristo stesso, nel Vangelo di Giovanni 13,9 dice: « Ego et pater unum sumus »; « Io ed il Padre siamo uno » [1]. Ecco la natura divina. E più avanti dice: « Il Padre è più grande di me ». L'affermazione di ciò, che cosa può significare se non provare la sua inferiorità rispetto al Padre, a motivo della sua natura umana?

Continuiamo a leggere il Vangelo. Gesù Cristo venne concepito nella sua umanità, fu adorato dai Magi, fu battezzato nel Giordano, così pure lo Spirito Santo discese su di Lui; si ascoltò dal Cielo la parola del Padre che dice: « Questo è mio Figlio che amo moltissimo ». Per la sua natura umana soffrì la fame nel deserto, tuttavia, poiché è Dio, lo servirono gli angeli (Mt. 4,2). A causa della sua natura umana si umiliò, si stancò, ebbe fame e sete. Ma, con il suo essere Dio, curò i malati e risuscitò i morti (Gv. 4,6; Lc. 6,19; 1,14). Essendo uomo, si rattristò e sudò sangue, ma per il fatto che è Dio, ebbe un angelo consolatore, e con unica parola fece cadere indietro coloro che erano venuti per catturarlo (Mt. 26,37; Gv. 18,16).

Con il suo essere umano, morì sulla croce, e per il fatto che è Dio la la terra tremò, il sole si fece scuro, i morti risuscitarono, si spezzò la tenda del tempio e resuscitò dalla morte con la propria forza. Per il fatto che è Dio, dice: « Io ci sono da prima che nascesse Abramo ». Con il suo essere umano nacque da Maria Vergine. Egli dice: « Sto lasciando il mondo » (Gv. 16,28) ed inoltre dice: « Io sono con voi fino alla fine del mondo ». L'andarsene ed il rimanere non indicano forse due nature? Pure san Paolo, che è stato eletto da Dio per predicare il Vangelo, dice: « Suo figlio che è nato dal seme di Davide mediante la carne umana ». (Rm. 1,3) Gesù Cristo, a causa della sua natura divina, fu chiamato « Figlio di Dio », ed a causa della sua natura umana, invece, fu chiamato « Colui che è nato dal seme di Davide mediante la carne umana ».

